# ምኽሪ ንፈታዊ



ኣዳላዊ ዲያቆን ኣሸናፊ መኩነን
ትርጉም ቤት ፍቕሪ እግዚኣብሄር

# ምኽሪ ንፈታዊ

ኣድላዊ ዲያቆን ኣሸናፊ መኰንን
ትርጉም ቤት ፍቕሪ እግዚኣብሄር

© መሰል ደራሲ ዝተሓለወ እዩ

© መሰል ተርጓሚ ዝተሓለወ እዩ

እዛ መጽሓፍ ብቋንቋ ኣምሓረኛ ዓሰርተ ሓደ ግዜ ተሓቲማ ኣላ መጀመርያ ብግእዝ ለካቲት 2002 መበል ዓሰርተ ሓደ ግዜ ድማ መጋቢት 2008 እዩ። ኣብ ውሽጢ እዘን ዓመታት 11 ዓሰርተ ሓደ ግዜ ንሕትመት በቒዓ።

ዝተተርጎመትሉ ግዜ ብፈረንጂ ግንቦት 2019

ኣድርሻ ተርጓሚ፦ d.kbrom@gmail

Facebook፦ ኤንስሞስ ክብሮም

Gmail፦ Wbere84@gmail.com

Facebook፦ ወዲ በሬ

ቤት ክርስትያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅዱስ ሚካኤል ግብጺ ካይሮ ዘይትቡን ቤት ፍቅሪ እግዚኣብሄር

# መግለጺ ናይዛ ኣብ ገበር (ካቨር) ዘላ ስእሊ

ናይ በረኻ ተጎዓዚ ብላዕሊ ናይ ጸሓይ ሃሩር (ምቕት) ፡ ብታሕቲ ድማ ናይ ሑጻ ካምሲን ምስ ዘቃጽሎ ብዓይኑ ዝደልዮ፡ ብልቡ ከኣ ዝናፍቖ ዝዕርፈሉ ጽላል ኢዩ። ኣብ ርሑቕ ኮይኑ ጽላል ምስ ረኣየ ንእሸተይ ዕረፍቲ እንተ ረኺብኩ ኢሉ ኣንፈቱ ናብቲ ገረብ የቕንዕ። በጺሑ ከኣ ኣብ ጽላል እግሪ እቲ ገረብ ምስ ዝቕመጥ ነዛ ገረብ ኣብ ውሽጢ በረኻ ንዘቐመጠ ኣምላኹ የመስግን። ቀጺሉ ከኣ ናይ ዝመጽእ መንገዲ ይሓስብ። ዝተረፎ ጉዕዞ ከኣ ይመዝን። ዝብላዕ ሒዙ እንተልዩ ከኣ ይበልዕ። ግምብው መበሊ እንተሪኡ  ከኣ  ግምብው ይብል። ናይታ ገረብ ጽላል ንዕኡ ኩሉ ነገር ዝገብረላ ኢያ።

ከም በረኻ ተቃጽል፡ ካብ ሓጢኣት ወጻኢ ካልእ ምርጫ ዘይትቅርብ፡ ካብ ተስፋ ምቑራጽ ወጻኢ ካልእ መንገዲ ንዘይተርኢ ዓለም ከኣ ምኽሪ ኣንፈትካ ዝሕብር፡ መገምገምን ንህይወት ዝሓሸ ዝገብር ቀመም ኢዩ። ናይ በረኻ ተጎዓዚ ናይ ገረብ ጽላል ኣብ ዝረኸበሉ ግዜ ዕረፍትን ሓጎስን ከም ዝተሰምዖ ናይዛ ዓለም ክፍኣት ንዘቛሰሎ ወገን ከኣ ምኽርን መኻርን ምርካብ ንመንገዲ መስተኻኸሊ ስለ ዝጠቅም ምኽሪ ኣብ ውሽጢ በረኻ ንዘሎ ናይ ገረብ ጽላል ተመሲሉ ኣሎ። ናይዛ መጽሓፍ ገበር (ካቨር) ስእሊ ኣብ ውሽጢ በረኻ ንዝርከብ ገረብ ዝተጠቀምናሉ ምኽንያት እዚ ኢዩ።

# <u>ናይ ኣሕታሚ መዘኻኸሪ</u>

ቅድሚ 12 ዓመት'ዩ ይመስለኒ ሓደ ደራሲ መጽሓፍ ኣሕቲሞም ኣብ ጎደና ሓበሬታ ክልጥፉ ረኣኹ። ዕድመ ዝደፍኡ ምርኩስ ዝድገፉ ነበሩ። እንዳንቀጥቀጡ ከኣ እቲ ሓበሬታ ኣብ ዕንጨይቲ ለጠፍዎ። ናይቲ ሓሳብ ዝርዝር ሕጂ ክዝክሮ ኣይክእልን ። ኣርእስቱ ግን ምስ ድምቀቱ ኣብ ውሽጠይ ተሓትመ፡ << **ኣንብቡ ኣንብቡ ኣንብቡ !** *ኣረ በጃኹም ኣንብቡ !!!* >> እዚ ጽሑፍ ኣብ ዘንበብኩሉ ግዜ ልቢ ብዙሓት ጸሓፍቲ ከም ዝሰበርና፡ ናይ ፍልጠቶም ሓዊ ብዘይምንባብን ብናይ ነቐፌታ ሓመድ ከምዘጥፋእናዮ ሓሰብኩ'ሞ ተከዝኩ። ንድሕሪት ምልስ ኢለ በሪሆም ዝጠፍኡ ከዋኽብቲ ንግዚኡ ሓሰብክዎም። ቀጺሉ ከኣ እንኳን ከቢድ ህይወት ከቢድ ቃላት እኳ ዘይምርምሩ ላዕሊ ላዕሊ ጥራይ ንዝኾኑ ዘመናዊ ሰብ ተዓዘብኩ። ኣነ'ውን ተመልካቲ ዘይኮንኩ ተዋስኣይ እየ እሞ ርእሰይ ወቐስኩ።
**<< ኣንብቡ ኣንብቡ ኣንብቡ ኣረ በጃኹም ኣንብቡ !!!** >>

ናይ ሃገርና ድኽነት ናይ ሃብቲ ዘይኮነስ ናይ ኣመለኻኽታ (ኣረኣእያ) ምኳኑ ተፈሊጡ እዩ። መሰረታዊ ናይዚ ሽግር ዘይምንባብ ኢዩ። ምንባብ ጥራይ'ውን እኹል ኣይኮነን ነንብቦ ክንመርጽ'ውን ብግዲ ኢዩ። ናብ ውሽጢ ኣፍ ዝኣቱ ኩሉ ሓቀኛ ብልዒ ኣይኮነን። ብዙሕ ኣደንዛዚ ዕጸ ፋርስ ናብ ኣፍ ይኣትው እዮም እሞ። ከምኡ ከኣ ሃናጺ ዝኾነ ዘይምንባብ ናይ ኣእምሮ ድኽነት የስዕበልካ።

ናይ ሾብዓተ ቅርሺ ፒሳ ብጽቕጥቕጥ ኣብ ዝብልዓላ ከተማ ናይ ኣርባዕተ ቅርሺ መጽሓፍ ንዝገዝእ ግን ተዓዛቢ ብዘይ ምርካቡ ክትሓስብ ከለኻ ብጣዕሚ የሐዝን። ንዝጠፍእ ብልዒ እናተጋደልና ንዘይጠፍእ ብልዒ ሰነፋት ምኳና የሐዝን እዩ። ሓቀኛታት ጸሓፍቲ ሃገርና ብዘይ ተዓዛቢ ዝጎዩ ጎየይቲ ይመስሉ። ተዓዛቢ ኣብ ዘይብሉ ዝለማመድ እምበር ዝጎዪ እኳ እንተዘይ ሃለወ ጸሓፍቲ ግን ናይ በሓቂ ኣለዉ። ስለ ትኽክለኛ ( ቅኑዕ ) ነገር እንተ ጸሓፉ ዝሰምዖም ስለ ዝሰኣኑ ስለ ናይ ብዕልግና ምጽሓፍ ዝጀመሩ፣ ንርእስኻ ዘርኢ መጽሓፍ እንተ ጸሓፉ ስቕታ ስለ ዝበዝሖም ናይ ሰብ ነውሪ ዝጽሕፉ ጸሓፍቲ ምስ ንርኢ ንሕና ዘስሓትናዮም ምኳኖም ንርዳእ።

ምንባብ ምሉእ ሰብ ይገብር። ኣካላዊ ዕብየትና ምስ መንፈሳዊ ዕብየትና ብማዕረ ክጎዓዝ ዘኽእሎ ነገር ሓደ ምንባብ ኢዩ። ሓንቲ መጽሓፍ ሒዝና ናብ ገዛና ክንኣቱ ከለና ሓደ ዓርኪ ሒዝና ኣቲና ማለት ኢዩ። ናይ መጽሓፍ ዓርኪ ገጽ ሪኡ ዘየዳሉ፣ ከይፈላለየ ዝግስጽ ኢዩ። ናይ ዓሚ ቃሉ ሎሚ'ውን ዘይልወጥ ዓርኪ መጽሓፍ ጥራይ ኢዩ። ተመራመርቲ ሓደ ናይ ፍልጠት መለክዒ ኣቐሚጦም፡- <<ሰብ ክፈልጦ ዝግብኦ 10% ብምስማዕ፣ 30% ብምንባብ 60% ብመጽናዕቲ ኢዩ።>> ስለዚ ደልዩ ኮነ ገዚኡ መጽሓፍ ምንባብን ምጽናዕን የድሊ።

ህይወት ቀጻልነት ጥራይ ዘይኮነትስ ውህበት'ውን ኢዩ። መንፈስ ቅዱስ ህይወት ብምኳኑ ንዝተፈጥረ ዓለም ቀጻልነት ጥራይ ዘይኮነስ ህይወት'ውን ሃቦ። ቃሉ፡- << ብመንፈሱ

ሰማያት ውህበት ረኸቡ>> ( ኢዮ 26፥13) ይብል። እግዚኣብሄር ዝምነየልና ክንነብር ጥራይ ዘይኮነስ ብውህበት’ውን ንኽንነብር ኢዩ። እዚ ቅድስና (ንክርስቶስ ምምሳል) ኢዩ። ክነብሮ ዝግብኣና ትኽክለኛ ናብራ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብዚ ምድሪ ነቢሩ ኣርእዩና ኢዩ። ከመይ ክነብር ከም ዝግብኣና ኣይንደናገርን ኢና። ምኽንያቱ ኢየሱስ ክርስቶስ ብቓልን ብምንባርን ኣርእዩና ኢዩ።

<< ምኽሪ ንፈታዊ >> እትብል እዛ  መጽሓፍ ብውህበት ስለ ምንባር እትዛረብ ኢያ። ውህበት ረቂቕ ኢዩ። ንሱ ከኣ ስነ ምግባር (ሞራል) ኢዩ። ናይ ስነ ምግባር ዋጋ ረኺስሉ ዘሎ ዘመን በንጻሩ ድማ ንእግዚኣብሄር ንምድላይ ናብ ቤተ ክርስትያን ዝግስግሱ በዚሖሙሉ ዘለዉ ትውልዲ እዛ መጽሓፍ ሓጋዚት ኢያ ኢልና ንኣምን። ዲያቆን ኣሸናፊ መኮነን ነዛ መጽሓፍ ወዲኡ ምስ ሃበና ንነፍሲ ወከፍና ዝሓትት ብምዃኑ ሓሳብ ካብ ምሃብ ኣብ ዝተዋህበና ዕድመ ምኽሩ ክንነብሮ ተመንይልና።

እዚ መጽሓፍ ንኣንበብቲ ዝተቐደሰ መኣዲ፡ ንውሽጦም መሳርያ (ሓይሊ) ከም ዝኸውን ንኣምን ኢና። ምኽሪ ካብ መንፈስ ቅዱስ እምበር ካብ ዕድመ ኣይኮነን። ቃሉ፡- << ዓበይቲ ኣይኮኑን ጠቢባን ዝኾኑ፡ ሽማግሌታት ውን ኣይኮኑን ንቕኑዕ ዘስተውዕሉ>> (ኢዮ 32፥9) ዝብል ቃሉ ሎሚ’ውን ሓቂ ኢዩ። ኣብ ናይ ጸሓፊ ህይወት ዝሓለፉ ሕማምን ምንክርታትን ነዚ ካብ ወለዱ እንቋዕ ከምዚ ኮነ ክንብል ጌርና። ዝተፈተኹም ኣንበብቲ ! እዚ መጽሓፍ ኣብ ቅድሜኹም ኮፍ ኢሉ ከም ዝመኽረኩም ፈታዊ ምስ

ተንብብዎ ክትጥቀሙ ኢኹም። ንዝገጠመኩም ነገር መጸናንዒ፡ ንዝበጽሐኩም ነገር ሓበሬታ ክትኮነኩም እያ። ፍቕሪ ንዝገዝኣም ሰባት እዚ መጽሓፍ ናይ ግሊ (ውልቂ) መልእኽቶም ከም ዝኾነ ንኣምን ኢና። ሰብ ብናቱ ሓይሊ ወለሓንቲ ክገብር ኣይክእልን ኢዩ እሞ ናይ ምኽሪ በዓል ቤት ዝኾነ ንእግዚኣብሄር ነመስግን !!!

ኣሕታሚ ።

## በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ

## ኣሜን!

## <u>መቕድም</u>

ሓደ ሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቆይሙ፡- <<ጐይታየ ! ተመልከት የእዳወይ ንጹሃት እየን። ደም ኣየፍሰሳን፡ ናይ ሰብ ገንዘብ ከኣ ኣይወሰዳን>> በለ። እግዚኣብሄር ከኣ ከምዚ ክብል መለሰሉ፡- << ዝወደይ ! እወ የእዳውካ ንጹሃኣት እየን፡ ግን ባዶ እየን>> በሎ ይበሃል። ንጹህ ኢድ ግን ከኣ ባዶ ኢድ፡ ዘይቀተለ ኢድ ግን ዘይድሓነ ኢድ፡ ዘይሰረቐ ኢድ ግን ዘይመጽወተ ኢድ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሞጎስ የብሉን። ፖሊስ ንጹህ ኢድ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ምሉእ ኢድ ይፈቱ። ሓቀኛ ጽቡቕ ክፉእ ዘይምግባር ጥራይ ዘይኮነስ  ጽቡቕ ምግባር'ውን ኢዩ። ንዝጎድኣና ምግዳፍ ጥራይ ዘይኮነስ ስለ ናይ ካልኦት ጥቕሚ ምድካም'ውን ኢዩ። ንኻልእ ዘይምትንካፍ ስነ ምግባር ዝተመልኦ ናይ ሞራል ናብራ ኣይኮነን። ንኻልእ ምድህሳስ ይግባእ።

ኣብ ዝሓለፉ ዘመናት ሰባት ስለ መንፈሳዊ ክንነግሮም ከለና ስነ ምግባራዊ (moralist) ከም ዝኾኑን መንፈሳዊ ነገር ከምዘየድልዮም ይነግሩና ኔሮም። <<ኣነ ናይ ካልእ መሰል ኣይገፍዕን ናይ ሰብ ገንዘብ'ውን ኣይደልን፡ መስተ ኣይሰትን፡ ዝኾነ ዓይነት ወልፊ'ውን የብለይን ስለዚ መንፈሳዊ ነገር ኣየድልየንን . . . . . >> ይብሉ። ዝዝርዝርዎ ናይ ጭውነት

መምዘኒ ግን ናይ ክርስትና መምዘኒ ዘማልአ ኣይኮነን ። ክርስትና ካብዚ ይሰፍሕ። እንተኾነ'ውን ሎሚ ከምዚ ዝብል እናጠፍአ ኢዩ። ሰብ ንርእሱ ምግዛእ ሓሳብ የብሉን። እግዚኣብሄር ክገዝኦ'ውን ኣይደልን። ካብ ስነ-ምግባር እንዳረሓቕና ብዕልግና ምዕባለ ካብ ንገብሮ ነዊሕ ኮይኑ እዩ። ሎሚ ብዛዕባ ንርእስኻ ምግታእ ብድፍረት ዝዛረብ መን ኢዩ ? ብዙሓት ዓበይቲ ተባሂሎም ዝሕሰቡ ሰባት ብስነ ምግባር ወዲቖም እዮም። ብዙሓት ሰብ ጻጋ ናይ ዘደንዝዝ ዕጸ ፋርሳት ተጠቃዕቲ ኢዮም። ብዙሓት ደረስቲ ናይ ባዕዲ ነገር ጽግዕተኛታት ኢዮም። ብዙሓት ሰበ ስልጣን ኣርኣያ ዝኸውን ሓዳር የብሎምን። ስነ-ምግባር ዘይብሉ ዝኾነ ክብሪ ብዜሮ ዝረብሕ ኢዩ። ዓሰርተ ሽሕ ኮነ ሚልዮን ብዜሮ ምስ እነርብሖ ውጽኢቱ ባዶ ከም ዝኸውን ብዘይ ስነ-ምግባር ዝኾነ ልዕልና ባዶ (ዜሮ) ኢዩ።

ሓደ ፈታውየይ ዝኾኑ ኣቦ ሓደ ግዜ ከምዚ በሉኒ፡- << ኣብ ዝሓለፈ ዘመን ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ዝበዝሐ ክፋእ ስለ ዝኾነ ሰባት ዝድነቑ ጽቡቕ ክሪኡ ከለዉ ነበረ። ኣብ ሃገርና ድማ በንጻሩ ክፋእ ምስ ዝርአ ነዋርሕ ይውረ፡ ኩሉ'ውን ይድነቕ ነበረ። ንምንታይ? ምስ ንብል ዝበዝሐ ጽቡቕ ስለ ዝነበረ ኢዩ። ሕጂ ግን ክፋእ ስለ ዝበዝሐ ከም ምዕራባውያን ብጽቡቕ ምድናቕ ጀሚርና>> ብምባል ብናይ ሓዘን ስምዒት ኣጻወቱኒ። ምዕባለ ናብ ኢትዮጵያ ምእታው ኣብ ዝጀመረሉ ግዜ ዝነበሩ ኣቦታት ነቲ ምዕባለ ኣድኒቖም ግን ምስልጣን ምስይጣን ከይከውን ኢሎም ኣጠንቀቑ። ምስ ምዕባለ ነውሪ ከም ክብሪ ዝቈጻረሉ ኣተሓሳስባ ስለ ዘሎ።

በዚ ሎሚ ዘመን ሃገራት ዝለዋወጥሉ ልምዓት ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ሓጢኣት ልምዶም’ውን ከም ተወሳኺ ኢዩ። ሕጂ ዘሎ ወለዶና ከኣ መንፈሱ ብናይ ጸዓዱ ቅንኢ ስለ ዝተታሕዘ ከም ጸዓዱ ንምሕሳብን ምዝራብን ክጽዕር ይርእ። ናይ ጸዓዱ ሃገር ናይ እግዚኣብሄር ገነት ዝመስሎም መንእሰያት ናብ ወጻኢ ሃገር ምስ ከዱ ከምቲ ዝተጸበይዎ ስእሊ ስለ ዝስእኑ ናይ ኣእምሮ ጭንቀትን ኣደዳ ዘደንዝዝ ዕጸ ፋርስን እናኾኑ ኢዮም። ሓድሽ ወለዶና ጻዕዳ ንዝገብሮ ኩሉ ከም ቅዱስ ስለ ዝሪኦ ንሰናይ ምዕባለ ዘይኮነስ ንርኽሰቱ እናወረሰ ናይ ካልኦት መፍሰሲ ሓተላ ኮነ። ናይ ርእሱ (ናቱ) ጽቡቕ ምስ ናይ ካልኦት ክፉእ ምውድዳር እኳ ዝተሳእኖ ንጽቡቑ እናጸልአ ብኽፉእ ተታሕዘ። ናትካ ጽቡቕ ክፉእ ጌሩ ዘርኢ፡ ናይ ካልእ ክፉእ ከኣ ጽቡቕ ጌሩ ዘርኢ። እዚ ብናይ ባዕዳውያን መንፈስ ግዙእ ምኳን ኢዩ። ናይ ኣካል መግዛእቲ ብግዲ ምስ ዝኸውን ሓደ መዓልቲ ብቓልሲ ነጻ ክወጽእ ኢዩ። ናይ ኣእምሮ እሱር ግን ተተቓለስሉ’ውን ነጻ ንምውጻእ ኣይደልን እዩ እሞ ስለዚ ጉድኣቱ ካብ ዝተጎድኡ ንላዕሊ ኢዩ። ብርግጽ ናይ ካልኦት ኩሉ ክፉእ ፣ ናትና ኩሉ ከኣ ጽቡቕ ኣይኮነን። ነዚ ኩሉ እንመዝነሉ ግን ናይ ሞራል (ናይ ስነ ምግባር) መለክዒታት ምስባኽ ምስ ዝኽእሉ ኢዩ ።

ካብቶም ቀዳሞት ምስ ናይ ሃገርና ሰባት ዘለና ፍልዩነት ምስ ንሪኦ ብጣዕሚ ሰፊሕ ኮይኑ ንረኽቦ። ዝሓለፉ ካብ ካልኦት ንዝመጾም ኩሉ ብጥንቃቐ ይከታተሉ። ናይ ሕጂ

ወለዶ ድማ ካብ ካልኦት ንዝመጾም ኩሉ ከም ጽቡቕ ይቕበል። ቅድሚ ኣርባዓ ሓምሳ ዓመት ዝነበሩ ናይ ሃገርና ሰባት ናብ ወጻኢ ሃገር ዝኸዱ ብግዲ ኢዩ። ከይዶም'ውን ክሳብ ዝምለሱ ይጭነቑ። ሕጂ ዘሎ ወለዶ ድማ ከይከደ ብሕልንኡ ከይዱ ሬሳኡ (ስጋኡ) ኣብዚ ዝተረፈ፡ ኣይምለሰኒ ኢሉ ንርእሱ ረጊሙ ዝኸይድ ኢዩ። ስለዚ ናይ ሕጂ ዘለዉ ወለዶ ምስ ናይ ዝቐደሙ ምስ ዝነጻጸር ፍሉይነቱ ሰፊሕ ኢዩ። ልዕሊ ኣርባዓ ዓመት ኣብ ዓዲ ጸዓዱ ዘነበሩ ሓደ ሽማግለ ክነግሩኒ ከለዉ፡- <<ኣብ ዘመና ዝነበረ ወለዶ ክንድቲ ሕጂ ዘሎ ወለዶ ዶ ጌገኛ ኔሩ። ፍሉይነቱ ግን እቲ ወለዶ እቲ ንኽምለስ እንተሓሰበ እኳ ፍልጠት ኔርዎ ኢዩ። ናይ ሕጂ ወለዶ ግን ንምምላስ እኳ ፍልጠት ዘይብሉ ኢዩ>> በሉ። እሞ እንታይ ተገብረ ይሓይሽ ?

ኣብ ቤተ ሰብ ብጽሒት ነገራዊ ድሌት ምምላእ ናይ ኣቦ ስራሕ ክኸውን ከሎ ናይ ኣደ ተራ ግን ንቆልዑ ብስነ ምግባር ምህናጽ ኢዩ። ኣብ ሃገር'ውን ንሃገር ተጊህካ ምልማዕ ከም ኣቦ ዝኾነ ናይ መንግስቲ ተራ ክኸውን ከሎ ወለዶ ብስነ ምግባር ምቕራጽ ድማ ናይታ ኣደ ዝኾነት ቤተ ክርስትያን ተራ ኢዩ። ወለዶና ብናይ ፍልጠት ስነ ምግባር ክዓቢ ኣለዎ፡ እንተ ዘይኮይኑ ነባቢ እንስሳ (ተዛራቢ እንስሳ) ከነፍሪ ኢና ማለት ኢዩ።

ወለዶና ንናይ ሃይማኖት ውድድር እንተኾነ'ውን ናይ ቤተ ክርስትያን ኣፍደገ እናረገጸ ኢዩ። ኣብ ማእከል ድማ ብብዙሕ ጭንቀት ዝተዋሕጡ መናእሰይ ዘጸናንዕን መኻርን ይደልዩ። <<ጭራ ነብሪ ዘይምሓዝ እዩ እንተ ሒዝካ ከኣ

ዘይምግዳፍ>> ከም ዝበሃል እዚ ወለዶ ባዕሉ ካብ መጻ ክንሕዞ ይግባእ። ተዘይኮይኑ እንተ ኣምሊጥና ኣንጻርና ከም ዝኸውን ርጉጽ ኢዩ። ዘይተማህረ ወለዶ ጸላኢ ስለ ዝኸውን። ነዚ ወለዶ ንምስትምሃር ግዚኡ ሕጂ ኢዩ። ተዘይኮይኑ ካባና ተስፋ ተስኢኑ ኣሚኑ ከምዘይ ኣመነ ሰብ ብዘይ ተስፋ እዩ ዝነብር። ንባዕሉን ንሃገሩን ኣብ ዘሕፍር ተግባር ክዋፈር እዩ። ኣብ ናይ ክሕደት ዘመን ንዝወለዶም ደቁ ከኣ ከሓድያን (ከሓድቲ) ይኾኑ። ስለዚ ቤተ ክርስትያን ስነ-ምግባርን ናይ ምንባር ጥበብ፡ ንህይወት ዝልውጥ ናይ ክርስቶስ ሓይሊ ምድሓን ክትዛረብ ይግባኣ። ቤተ ክርስትያን ግን ሓደራኣ ዘንጊዓ ኣላ። ከም ዘመኑ (ኩነታቱ) ንምዝራብ ትጭነቕ ኣላ። ድንግርግር ንዝበላ ዓለም መፍትሒ ኣሎ ኢላ ምቕራብ ኣይከኣለትን። መድሃኒት እናሃለዎ ከመውት ከኣ ነዚ ወለዶ ኣይሓዘነትሉን። ንዝተበተኑ ኣካቢት ኣይኮነትን። ካብ ዓለም ተስፋ ስኢኑ ንዝመጸ ህዝቢ ካብ ቤተ ክርስትያን ተስፋ ስኢኑ ከኸይድ'ውን ኣይሓሰበትሉን። ቤተ ክርስትያን ናይ ድኻታት መጸግዒ ምባል'ውን ናይ ቃላት ምጽብባቕ እምበር ጭቡጥ ዝኾነ ሓቂ ኣይኮነን ኢዩ እሞ እግዚኣብሄር ይብጽሓና።

ኣብ 17 ክፍለ ዘመን ኣብ ፈረንሳ ኣብ ግዜ ሰውራ ከቢድ ጥሜት ተላዒሉ ኔሩ። ናይ ካቶሊክ ቤተ ክርስትያን ከኣ ጋዜጣ ተዳሉ ኔራ። ኣርእስቲ ናይቲ ጋዜጣ ከኣ ፡- << ቤተ ክርስትያን ኣደ ኢያ፡ ቤተ ክርስትያን መምህር ኢያ>> ዝብል ነበረ። ኣብዚ ከቢድ ናይ ጥሜት ዘመን ናይ ካቶሊክ ቤተ ክርስትያን ሾብዓት ገጿፍ መንበረ ጵጵስና ትሃንጽ ነበረት። ኮይኑ ግን ናፖልዮን <<ቤተ ክርስትያን ኣደ ኢያ ፣ ቤተ

ክርስትያን መምህር ኢያ>> እትብል ጋዜጣ ምስ በጽሓቶ ብኽቱር ሕርቃን፡- <<ቤተ ክርስትያን ኣደ ኢያ ዝብል ሕኸኽዎ ሰርዝዎ። ቤተ ክርስትያን መምህር ኢያ ዝብል ግን ይኹን >> በለ ። ንምንታይ ? ምስ በልዎ፡- <<ውሉዳ እናጠመየ ቤት እትሃንጽ ኣደ የላን>> በለ ይበሃል። ንሕና ውን ከምዚ ዝብለና እንተ ሰኣና እኳ እዚ ታሪኽ ተደጊሙ ኢዩ እሞ ይምልከተና ኢዩ።

ቤተ ክርስትያን ወለዶ ንምድሓን እትብገሰሉ ግዜ ሕጂ ኢዩ !

# መእተዊ

ስጋ ናብ ሓመድ፡ ነፍሲ ከኣ ናብ እግዚኣብሄር ክትምለስ ኢያ (መክ 12፡7)። ኩሉ ናብቲ መበገሲኡ ምምላሱ ኣይተርፍን። ናይ ስጋ መበገሲኡ ሓመድ፡ ናይ ነፍሲ ከኣ እግዚኣብሄር ስለ ዝኾነ። ነፍስን ስጋን ሓንቲ መዓልቲ ብትንሳኤ ተዋሂዶም ክሳብ ዝትንስኡ ንግዚኡ ክፈላለዩ ኢዮም። ሓደ ሰብ፡- <<ኣብ ዓለም ዓቢ ሓይሊ ዘለዎ ኣበይ ኢዩ ?>> ኢሉ ሓተተ። ዝተፈላለዩ ሰባት ዝተፈላለየ መልሲ ሃቡ። እቲ መልሲ ስለ ዘየዕገቦ ግን ባዕሉ ክምልስ ተንስአ ። እቲ ዝዓበየ ሓይሊ ናይ ዓለም ዘለዎ ሃብቲ፡ ስልጣን፡ ፍልጠት፡ ዝና . . . ኣይኮነን በለ። ከምዚ ክብል ድማ መለሰ ፡- << ኣብ ዓለም ዓቢ ሓይሊ ዘለዎ ኣብ ውሽጢ መቓብር ዘሎ ኢዩ>> ብምባል መለሰ ። ናይ ብሓቂ ከኣ ብህይወት ካብ ዘለዉ ጀጋኑ ኣብ ውሽጢ መቓብር ዘለዉ ጀጋኑ ይበልጹ። ሎሚ ብህይወት ካብ ዘለዉ ጠቢባን ኣብ ውሽጢ መቓብር ዘለዉ ጠቢባን ይበልጹ። ነዚ ዘልዓልኩ ብዙሓት ትሑታት ኣፍቀርቲ ዝኾኑ ግን ዝሓለፉ ኣቦታተይን ፈተውተይን ስለ ዝተዘከሩኒ እየ።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብ ዝተማህሩ ህይወት ዝመሃሮም ናይ ቃሎም ፍረ፡ ናይ ምኽሮም ዘለላ ተበሊዑ ዝውዳእ ኣይኮነን። <<ምኽሪ ንዝሰምዕ፡ ማይ ንዝጸምአ>> ከም ዝብሉ፡ ነዞም ሰባት እዚኦም ዝሰምዮም ኣብ ደረቕ መሬት ጠሊ (ልምላሜ) ዝፈጥሩ ኢዮም። ካብዞም ኣቦታትን ፈተውትን ሓደ ሕጂ ይዝከረኒ። ቤት ትምህርትታት ናይ እንጌራ ፍልጠት እዮም ዘስተምህሩ። ናይ ህይወት መምህር

እግዚኣብሄር ግን ናይ ህይወት ፍልጠት የስተምህረና። እዞም ኣቦ ብህይወት ካብ እግዚኣብሄር ዝተማህሩ ነበሩ።

እንተኾነ እዞም ኣቦ ካብ ሾመንተ ዓመት ንላዕሊ ሓቲተዮም ኣለኹ። ሕማሞም ንዝረኣየ ንሕና ዝተዓደልና ንሶም ግን ዝተጎድኡ እዮም ዝመስሉ። እንተኾነ ግን ካባና ንላዕሊ ተጠቂሞም ኢዮም። ንዘይነጽፍ ምኽሮም ዝረኣየ ጨድር (ወጭጭ) ዝተባህሉ እዮም ዝመስሉ። ምኽሮም ካብ ሊቅነት ዘይኮነስ ካብ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝኾነ ካብ ጠሊ ንላዕሊ የረስርስ፡ ካብ ጽላል ንላዕሊ የዐርፍ። ካብ ምስትምሃርን፡ ምዝማር ኩሉ <<ምኽሪ>> ናይ ጸጋ ህያብን ኣገልግሎትን ኢዩ። ካብዞም ኣቦ እዚኦም ወጻኢ ግን ነዚ ኣገልግሎት ብትግሃት ዝጥቀመሉ ሰብ ብብዝሒ ኣይራኣኩን። ንእግረ መንገዶም ዝመኽሩ ይህልዉ ይኾኑ፡ ኣገልግሎተይ ኢሎም ዝመኽሩ ግን ብዙሕ ኣይገጠሙንን። ምኽሪ ዓቢ ኣገልግሎት ምዃኑ ካብ እዞም ኣቦ ተረዲአ ኣለኹ።

እዞም ኣቦ ናብ ገዝኦም ዝኸደ ሰብ ገና ኮፍ መበሊኡ ምስ ሓዘ ምኽሪ የፍስስሉ። ብናይ ስስልጣን ቃል ይመኽሩ። እንተኾነ ሓደ መዓልቲ ናብ ገዝኦም ኣትየ ኮፍ ምስ በልኩ ምኽሪ ንምጅማር ውሽጦም ደፋፍኦም። ምኽሮም ብምልኡ ሕጂ ክገልጾ ይስወረኒ። ክጅምሩ ከለው ዝተዛረብዎ ኣይረሳዕክዎን። <<ብዙሕ ሃብቲ ዘለዎ በዓል ጸጋ ኣብ መንገዲ  ሓንቲ ቅርሺ ወዲቓ ተዝረክብ ብዙሕ ኣለኒ ኢሉ ረጊጽዋ ኣይሓልፍን። ንዕኡ እኳ እንተ ዘይጠቐመቶ ንድኻ ኸህቦ ኢሉ የልዕላ። ናተይ ምኽሪ ከኣ ንዓኹም እኳ እንተ

ዘይጠቕመኩም ገለ ንዘይብሉ ይጠቅም ኢዩ እሞ ስምዑኒ>> በሉ። በኣይ ወገን ብፍልጠት በዓል ጺጋ ከምዘይኮንኩ ንነብሰይ ብዘይ ነጋሪ ይፈልጣ ኢየ። ምኽሮም ንዝደልዮ ንሰብ ክህቦ ዘይኮነስ ንዓይ ውን የድልየኒ ስለ ዝነበረ ኢዩ። ንህያብ ዘኽብሮ <<ንእሽተይ ወላ እንተኾነ ተቐበሉኒ>> ምስ ዝበሃል ኢዩ። ንህያብ ወሃቢ ዘይኮነስ ተቐባሊ ምስ ዘኽብሮ ዋጋ ይህልዎ። ምኽሪ ከኣ ናይ ሻንጣ ህያብ ዘይኮነስ ናይ ነፍሲ ህያብ ኢዩ። ንዕላል ህያብ ምኽሮም ኣነኣኢሶም እንተ ተዛረቡ እኳ ኣነ ግን የኽብሮም ኢየ።

ብዙሕ ፍልጠትን ናይ ምንባር ልምዲ ዘለኩም ወገናተይ እዛ ናይ ምኽሪ መጽሓፍ ከምቲ ልምዳዊ ህያብ ኣኽቢርኩም ተቐበልዋ። እዞም ኣቦ ብትሕትና ንዝተዛረብዎ ኣነ ብሓቂ ይደግሞ ኣለኹ። ንባዕልኹም ትፈልጡ እንተኾንኩም ግን ንኻልእ ኣድላዪ ኢዩ። ንንእሽተይ ህያብ ኣብዚሑ ዝቐበል ፍቕሪ ኢዩ እሞ ብፍቕሪ ኣብዚሕኩም ተቐበሉ። እወ መቓብር ብዙሕ ሓይሊ ሒዙ ኣሎ። ሎሚ እንሪኦ ናይ ሰብ ምድንጋር ህይወት፡ እዞም ከምዚኦም ዝበሉ መኸርቲ ብምውድኦም፡ ኩሉ ውን ንዓይ ክሳብ ዘይተንከፈኒ እንታይ ኣእተወኒ ብምባል ኢዩ። እንተ ኾነ ግን <<ወሰን ምስ ዝትንከፍ ማእከል ወሰን ይኸውን>> ከም ዝተባህለ ኣብ ካልኦት ዝወርድ ጉድኣት ምስ ዘይንከላኸል ናባና ምምጽኡ ኣይተርፍን። ብሓቂ መኻሪ እንተ ተረኺቡ ህይወት ቀላል ኢያ።

ምኽሪ ትምህርቲ ኣይኮነን። ስለዚ ብናይ ስነ መለኮት ትካላት ወይ ከኣ ብገንዘብ እንመሃሮ ኣይኮነን። ምኽሪ

ብዕድመ ዝርከብ በረኸት’ውን ኣይኮነን። ምኽሪ ካብ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ። መንፈስ ቅዱስ ናይ ምኽሪ ሃብቲ ይህብ (ኢሳ 11፡2)። ምኽሪ ካብ ፈላጥ ኣእምሮ ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ውሽጢ ሓቅን ፍቕርን ዝተመልአት ልቢ ዝፈልቕ። ሓቀኛ መኻሪ ሓቀኛ ኣፍቃሪ ክኸውን ኣለዎ። ምኽሪ ካብ ጉባኤ ንላዕሊ ናብ እዝንን ናብ ልብን ተጻጊው ንሓደ ሰብ ምንጋር ( ምዝራብ) ይመስል። ኣብ ጉባኤ እንተ ተነግረ ውን ሰማዒኡ ንዓይ ኢዩ ኢሉ ክንዲ ኣብ ውሻጠ ዝተመኽሮ ዝኣክል ዝቕበል ኢዩ።

ኣብ ሃገርና፡- <<ምኽሮ ምኽሮ እምቢ እንተ በለ መከራ ይምከሮ >> ይበሃል። ኣበሃህልኡ ሓቂ ኢዩ። ሰብ ብነጻ ይመሃር፣ እምቢ እንተበለ ግን ብዋጋ ይመሃር ማለት ኢዩ። ናይ ክፉእ ክፉእ ምኽሪ ካብ ምስማዕ ኣብ ህይወተይ ፈቲነ ከይረኣኹ ኣይኣምንን እንተ ኢልና ብብርቱዕ ዋጋ ክንመሃር ኢና ማለት ኢዩ። መኻሪ ንዓይ ዝበጽሓኒ ኣባኹም ኣይብጻሕ እናበለ ይጭድር፡ ቅድሚ ገደል ናይ ሓደጋ ድምጺ ዘስምዕ፡ ከምኡ’ውን ዝተጠቀምኩሉ እዚ ኢዩ ተጠቀሙ ዝብል ቅኑዕ ሰብ ኢዩ።

ግለ ሰባት፡ ነገስታት፡ ጉጅለታት ሰባት ካብ ምኽሪ ነጻ ኣይኮኑን። ሎሚ ብርክት ዝበለ ሃብቲ ዝባኽኖም ንኣማኸርቲ ኢዩ። ናይ ህይወት ምኽሪ ዝመኽሩ ግን ምኽሪ ዝሸጡ ዘይኮኑስ ምኽሪ ዝህቡ ኢዮም። <<መኻሪ ዘይብሉ ንጉስ፡ ንግስነቱ ካብ ሓደ ዓመት ነይሓልፍ>> ይበሃል ። ንጉስ ካብ መኻሪ ነጻ ኣይኮነን ። ንጽባሕ ዝርኣየሉ ጽቡቕ፣ ዝመኽሮ መኻሪ እንተ ዘይብሉ ዕድሚኡ ሓጺር ኢዩ።

ብርግጽ'ውን መኻሪ ዘይብሉ ንጉስ ጥራይ ዘይኮነስ መኻሪ ዘይብሉ ሰብ'ውን ዕድሚኡ ሓጺር ኢዩ ። ከፉኣት ኣማኸርቲ ኣለዉ፡ ጥዑያት ኣማኸርቲ'ውን ኣለዉ። እቲ ዝምከር ንምኽሪ ምፍላይ የድልዮ። ጽቡቕ ዝመኽሩ ተሰነፍ እሞ ኣሰንፍ ይብሉ። ስለዚ ንናይ ሎሚ ስምዒት ዝሰማምዑ ኣይኮኑን። ከፉእ ዝመኽሩ ግን ነብስኻ ኣይተድፍር፡ ከይቀደመካ ከሎ ቀድሞ ስለ ዝብሉ ንናይ ሎሚ ስጋዊ ስምዒት ምቹኣት እዮም። ወዲ ሰሎሞን ሮብዓም ምስኡ ምስ ዝነበሩ መናእሰይ ብምምኽኻሩ፡ ካብኡ ንዝበልጹ ሽማግለታት ምኽሪ ብምንዓቑ መንግስቲ እስራኤል ኣብ ክልተ ንምኽፋል ምኽንያት ኮነ (1ነገ 12) ካብዚ ንደሓር ምርኮን ጥፍኣትን ዘይሚዛናውነትን መጸ። ምኽሪ ካብ ዝበልጹና ኢዩ። መስትያት ከምዝኾንካዮ ዝኸውን ኢዩ እምበር ክትኮኖ ዘለካ ዘርእየካ ኣይኮነን። ክንስሕቕ ይስሕቕ፡ ክንበኪ ይበኪ። መስትያት ዝኾናዮ ኢዩ ዝኸውን። ምኽሪ'ውን ተመሳሳሊ ዝኾነን ዝኸውንን፡ ከም ገደል ርእስና ዝብለና ድምጺ መሊስና ምስ ንሰምዖ ኢዩ። ሓቀኛ ምኽሪ ግን ክጥዕመና ጥራይ ዘይኮነስ ክመረና'ውን ኢዩ። መድሃኒት እናመረረ እናቃጸለ ኢዩ ዝፍውስ። ምኽሪ ከኣ መዓር ዘይኮነስ መድሃኒት ዝኾነሉ ጊዜ ኣሎ እሞ ብናትና ብስምዒት ህዋሳትና ዘይኮነስ ብሓቂ መልክዒ ለኪዕና ክንቅበሎ ይግብኣና።

ንኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዝተዋህቡ ናይ ሙገሳ ኣስማት ሓደ << ስሙ ከኣ ድንቂ መካር >> (ኢሳ 9፡6) ዝብል ኢዩ። ድንቂ መኻሪ እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ። ሎሚ ህንጻ ዝሰርሑን ዘሐድሱን ጋሪዶም ከም ዝሰርሑ ክውዳእ ከሎ

ጥራይ ንተዓዘብቲ ከም ዘርእዩ፡ ጋሪዱ ዝሰርሕ፡ ጋሪዱ ዝመክር ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ ኢዩ። ካብ ናይ እግዚኣብሄር ባህርያት ሓደ <<ምምካር>> ኢዩ። ኣብ ማእከል ንሱ ካብ ባህርዩ ዝሃቦም ሰባት መኸርቲ ይርከቡ። መንፈስ ቅዱስ በዓቢ ፍቕሪ መሊእዎም ዝመኸሩኒ ወገናት ምኽሪ ክሳብ ሎምዓንቲ ኣይርስዓንን። እግዚኣብሄር ነዞም ሰባት እዚኦም ናይ በረኻ ጽላል ጌሩ እንተዘየዳልወልና ኔሩ ናይ ዓለም ሃልሃልታ መቃጸለና ኔሩ። ምኽሪ ንዓይ ኢልና እንሰምዖ ንኻልእ ዘይነካፍሎ፡ ብኣድራሻና ከም ዝተላእከ ደብዳቤ ደጊምና እነንብቦ ደጊምና እነሰላስሎ ኢዩ። ትእዛዝ ካብ ሰበ ስልጣን፡ ትምህርቲ ካብ ሊቃውንቲ፡ ምኽሪ ካብ ፈተውቲ ይስማዕ።

እዚ ናይ ምኽሪ መጽሓፍ ንምጽሓፍ ናይ ቅድም ሓሳብ እኳ እንተ ነበረኒ ሓሳበይ ንኽድንፍዕ (ክዓቢ) ዘነቓቕሑኒ ሰለስተ ኣሕዋተይ ኢዮም። እግዚኣብሄር ነዚኦም ተጠቒሙ ናብዚ ዕላማ እዚ ኣብጺሑኒ። ምኽንያቱ ከኣ ምኽሪ ንምጽሓፍ ሓደ ትፈትዎ ሰብ ኣብ ቅድሜኻ ኣቐሚጥካ ምጽሓፍ ይሓትት። ምኽሪ ዝኣክል ናይ ኑዛዜ ብምዃኑ ሓቀኛ ስምዒት የለማምድ ግሉጽነት የድሊ። እዞም ሰለስተ ኣሕዋተይ ንብዙሓት ወኪሎም ኣብ ቅድሚ ገጸይ ምስ ተቐመጡ ምኽሪ ንምፍሳስ ምኽንያት ረኺበ። እዞም ሰለስተ ኣሕዋተይ ኣብ ዝተፈላለየ ዘመን ዝረኸብክዎም ክኾኑ ከለዉ ባህርያቶም፡-

እቲ ቀዳማይ ሓወይ፡- ከም ደረቕ እስፖንጅ (ሰፍነግ) ምኽርን ናይ ጥበብ ቃል ዝምጡን ነበረ። ደረቕ እስፖንጅ

(ሰፍነግ) ንማይ መጽዩ ወዝ ከም ዝመልስ ብዕግበት ሓቢጡ ዝጅላዕ እዚ ሓወይ ከምኡ ክኸውን ርኤዮ ኔረ። ዘርኢ እትቕበል ሰበይቲ እንተዘይትህሉ ኔራ ቆልዓ ቆልዓ ኣይምኾነን ኔሩ። ከምዚ ዝቕበሉ ሰባት እንተዘይ ነብሩ ኔሮም ከኣ ንምዝራብ ኣይምተደፋፋእናን ኔርና። እዚ ሓወይ ኣኣብ ዕለቱ ሓደ ነገር ንምፍላጥ ዕላማ ስለ ዝነበሮ ይሓተኒ ኔሩ። ክደልየኒ ከሎ ዝግንዘቦ ከኣ ቀንዴሉ ከምዝጎደለ ኢዩ፡ ስለዚ ቀንዴሉ ዘይቲ ምስ መልአ ብሓጎስ ንፈላለ <<ፍትወይ>> ዝብል ቃል ከይተጠቀምኩ ከኣ ኣቤት ንምባል ፍቓደኛ ኣይነበረን ። ሎሚ ኣብ ጎነይ እኳ እንተ ዘይሃለወ እግዚኣብሄር ዝሃበኒ ጊዜ ተጠቂመሎም እየ እሞ ኣይጠዓስን።

እቲ ካልኣይ ሓወይ ፡- ናይ ዓለም ገዲፉ ተማሪኹ ዝመጸ ኣብቲ ዓቢ ጽላል ገረብ ብክርስቶስ ዕረፍቲ ረኺቡ ዝራእኽዎ ነበረ። ተፈጥሮን ናይ ጥበብ ቃላትን ከምኡ ድማ ጽቡቕ ፍልስፍና ዝፈቱ ምዃኑ ሪአ ኣለኹ። በቲ ሓደ ክንሓዝን በቲ ሓደ መጸናንዒ ጌሩ ዝህብ እግዚኣብሄር ነዚ ሓወይ ምስ ኣርኣየኒ ኣብ ግዚኡ ተጸናኒዐ እየ። እዚ ሓወይ ናይ ህይወት ስፍሓት ምርኣይ ዝናፍቕ፡ ንዝተነግሮ ናይ ህይወት ምስጢር ብናይ ይቕሬታ ተመስጦ ምስ መንነቱ ዘወሃሀድ ስለ ዝነበረ ነዚ ሓወይ ዝህቦ ምኽሪ ዝዘርአ እምበር ዝብትኖ ኮይኑ ኣይስምዓንን ነበረ። እዚ ጽምኣቱ ንብዙሓት ይውክል ኢዩ ብዝብል ንምጽሓፍ ኣነቓቓሓኒ።

ሳልሳይ ሓወይ ፡- ምንም እኳ ንእሽተይ እንተኾነ ምኽሪ ምስትምቃር ዝኽእል ብናይ ፍቕሪ ስልጣን ዝማረኸኒ

ኢዩ። እዚ ኣገልጋሊ፡ ጽሒፈ ምስጋና ዘይኮነስ ነቐፌታን ጸርፍን ኣብ ዝጽበየሉ ሃገር ዘይፈላሊ ብርቱዕ ዘይኮነ ዘበርትዓኒ ሓወይ ኢዩ። ሃገርና ኢትዮጵያ ካብ ጭዋ ውሉዳ ዘይተማህረ ጻዕዳ እተድንቕ፡ ካብ ቁም ነገረኛ ወዳ ኸኣ ናይ ባዕዲ ባዓለገ <<ኩሉ ምስኡ ደስ ዘብል>> እናበለት እትሙጉስ፡ ንዝሞቱ ጻድቃን ክትዝክር ንዘለዉ ጻድቃን እትቐትል ብምኧና ብዙሓት ሓዚኖም ሓለፉ። ሎሚ ግን ንደቃ እተኽብረሉ ዘመን ከም ዝበጽሐ እዚ ሓወይ ምልክት ኮይንልና እዩ። ንብዙሕ ዘመናት ዝተጠንሱ ምኽሪ ድፍኢት ኮይንዎም ኢዩ። እግዚኣብሄር ኣይረአን ግን ብዝርኣዩ ሰባት ዝርአ ነገር ይሰርሕ ኢዩ እሞ ናይዚ ምስጢር በዓል ቤት ኣይርስዖን። ክብርን ምስጋናን ንዕኡ ጥራይ ይኹን።

መኣዲ እግዚኣብሄር ንኹሉ ዘሳትፍ ብምኧኑ ንኹሎም ወገናተይ ይጠቅም ኢዩ ኢለ ነዛ መጽሓፍ ኣዳለኽዋ። ሓይሊ ዝኾነኒ እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ። እዚ ምኽሪ <<ንስኻ>> ብዝብል ብናይ ወዲ ዓንቀጽ ዝተዳለወ ኢዩ። ብናይ ወዲ ዓንቀጽ ስለ ዝተገልጸ ንደቂ ኣንስትዮ ኣይምልከትን ማለት ኣይኮነን። ሄዋን ካብ ጎኒ ኣዳም ወጽያ ኢያ እሞ ሰበይቲ ኣብ ውሽጢ ወዲ ምህላዋ ብምሕሳብ ኢዩ። ንኣብነት፦ ኣይትቕተል ዝብል ትእዛዝ ብናይ ወዲ ዓንቀጽ ስለ ዝተገልጸ ንደቂ ኣንስትዮ ኣይምልከትን ማለት ኣይኮነን። ሰበይቲ ኣብ ውሽጢ ወዲ ስለ ዘላ እዩ። ኣደ ዘምጻቶ ቆልዓ ብስም ወዲ ተባዕታይ ምጽውዑ እዚ ናይ ተፈጥሮ ምትሕሓዝ ዘረድእ ስለ ዝኾነ ኢዩ።

ኣብ ውሽጢ እዚ መጽሓፍ ዝተገልጸ ምኽሪ ምስ ነብስና ምስ እግዚኣብሄር ምስ ጎረቤትና ከመይ ክነብር ከም ዘለና የረድኣና። እዚ ምኽሪ ካብ ዝሓለፉ ኣቦታት ናይ ናብራ ልምዲ፡ ኣብ ነብሶም ዝወረደን ኣብ ካልኦት ክወርድ ዝተራእየ፡ ካብ ዝነበረ ናይ ህይወት ኣርእስቲ ዝተዋጽአ ኢዩ። እዚ መጽሓፍ ብብዙሕ ምዕራፋት ንምብዛሕ ተሓሲቡ ኔሩ። እንተኾነ ግን ምኽሪ እንፍጽሞ እምበር እንግንዘቦ ስለዘይኮነ ናይዚ ጽሑፍ ፍረ ብምርኣይ ንቐጻሊ መጽሓፍ ብሰፊሕ ንምድላው ሓሲብና ኣለና። እዚ ክንብል ከለና ናይ እግዚኣብሄር ሓገዝ ብምትእምማና እምበር ብናይ ጉብዝና ፈኸራ ኣይኮነን።

ኣንባቢ ናይዚ ምኽሪ ሓሳብ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መስመር ከምዝረኽቦ ኮይኑ ቀሪቡ ኣሎ ። ምኽሪ ከም ምዃኑ ዕሙቕ ሓሳብ ኣብ ውሽጡ ስለ ዝነብር ምስልሳልን xxምቅማምንxx ይደሊ። ኣብ ሓደ መስመር ክጥቕለል ዘይክእል ሓሳብ ኣብ ሓደ ዓንቀጽ ተጠቕሊሉ ኢዩ እሞ ኣንባቢ ሓቂ ንምድላይ ምሉእ ጽሑፋት ምንባብ ኣየድልዮን እዩ። ኣብ ውሽጢ ናብራ ዘጋጥሙ ጽቡቕን ክፉእን ኣገጣሚታት ከመይ ዝበለ ግቡእ ምላሽ ክህልወና ከም ዝግብኦ እዚ መጽሓፍ ይሓትት። ኣንባቢ ብሽምደዳ መልክዕ እንተ ኣንቢብዎ ኣይጠቕሞን። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓሳብ ደው ኢሉ ምስልሳልን እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጢ ናብርኡ ዘስተምሃሮ ብምዝካር ሓሳቡ ምድላው የድሊ። ልዕሊ ኩሉ ናይዚ ምኽሪ ጣዕምን ትርጉምን ብናብራ ክትርጎም ሓጎሱ ዝበዝሐ ይኸውን ንምኽሩ ክንፍጽም መንፈስ ቅዱስ ሓይሊ ይሃበና ። ኣሜን! ንዓይ ከኣ ብብዙሕ ጸልዩለይ!

# ምዕራፍ ሓደ

## *ፍትወይ !!*

ካብ ናይ ገንዘብ ህያብ ናይ ምኽሪ ህያብ ይበልጽ ኢዩ እሞ ምኽረይ ተቐበል። ክፉእ ምኽሪ ኣብ ዝበዝሓላ ዓለም ምኽረይ ንምቕባል ትጋህ። ዝመክር ንሱ ኣብ ዝወደቕሉ ጉድጓድ ሰባት ስለምንታይ ይወድቁ ስለ ዝብል ኢዩ ዘእዊ። መኻሪ እንተ ተረኺቡ ህይወት ቀላል ኢያ። ቅኑዕ መኻሪ ሕሱር ዘይኮነስ ፍትው ኢዩ።

## **ፍትወይ !!**

ንዓለም ዝነዓቐ መኻሪ ናይ ክርስቶስ ኣፍ ኢዩ። ምኽሪ ዝጠቅም ምስ ዝሰምዕዎ ዘይኮነስ ምስ ዝነብርዎ ኢዩ እሞ ምኽረይ ንኽትነብሮ ኣምላኽካ ይሓግዝካ። ምኽረይ ሎሚ ትሓልፈሉ ሃንደበት ዘጋጠመካ እንተኾነ እኳ ናይ ግዜ መግቢ ኢዩ። ሎሚ ዘይምልከተካ እኳ ተመሰለካ ጽባሕ ዝገጥመካ ኢዩ እሞ ተዳሊኻ ተጸበዮ። እግዚኣብሄር ንደቁ ናይ ዕለት እንጌራ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ምኽሪ ስንቂ'ውን ይቛጽር ኢዩ። ምኽረይ ሎሚ ትጋገዮ ዘለኻ ጌጋ ተነገረካ፡ ተግሳጽካ ኢዩ እሞ ንስሓ እቶ። ሎሚ ዘይምልከተካ እንተ መሰለካ ጽባሕ ዝገጥመካ ብምኺኑ እግዚኣኣብሄር ኣርሒቑ ስለ ዝሓጸረልካ ኢዩ እሞ ኣስተውዕሎ።

## ፍትወይ !!

ምኽሪ ምስ ትሰምዕ ብነጻ ክትመሃር ኢኻ ። ምኽሪ ኣይሰምዕን እንተበልካ ግን ብዋጋ ከም እትመሃር ፍለጥ ። ብዋጋ ምምሃር ግን ኣድካሚ ከምኡ’ውን መሪር ኢዩ። በሊሕ እንተ ኮይንካ ኣብ ሰብ ብዝወረደ ክትመሃር ኢኻ፡ ዓሻ እንተ ኮይንካ ግን ኣብ ነብስኻ ምስ ወረደካ ክትመሃር ኢኻ።

## ፍትወይ !!

ዝዓበየ ጅግንነት ትዕግስቲ፡ ዝዓበየ ጥበብ ንእግዚኣብሄር ምፍራሕ፡ ዝዓበየ ምስትውዓል ግፍዒ ዘይምስራሕ፡ ዝዓበየ ስልጣን ርእስኻ ምግታእ፡ ዝዓበየ ሃብቲ ፍቕሪ፡ ዝዓበየ ህያብ ክርስቶስ፡ ዝዓበየ ምምጽዋት ፍልጠት ምኧኑ ኣይትረስዕ።

## ፍትወይ !!

ኣብ ዓመት ዝኣከብካዮ ኣብ ሓንቲ መዓልቲ እትብትኖ ብቑጥዓኻ ኢዩ እሞ ኣይትቆጣዕ። ቍጥዓ እንዳ ፈለጥካ ከምዘይፈለጥካ፡ ደኺምካ ከምዘይ ደኸምካ ዝገብር፡ ኣብ

ጽቡቕ መሰረት ብቓንጫ ገዛ ዝሰርሕ ኢዩ። ብገዛእ ኢድካ ንዋጋኻ ከይተነኣእሶ ቊጥዓኻ ተቖጻጸር።

## ፍትወይ !!

ቊጥዓ ንግዚኡ ናይ ትኽክለኛ ስምዒት ዝህብ፡ ቀጺሉ ግን ጥፍኣት ዝእውጀልካ ኢዩ እሞ ኣይትቆጣዕ። ንቑጥዓኻ እንተ ተዓጊስካዮ ገዲፍካ ይኸይድ። ተተኣዚዝካዮ ግን ክዋጋኣካ ይነብር። ብቑጥዓ ዘፍረስካዮ ብትዕግስቲ ክትሃንጾ ከቢድ ኢዩ እሞ ኣይትቆጣዕ።

## ፍትወይ !!

ስራሕ ዝምዕርግ ብትግሃት እምበር ብታህዋኽ ኣይኮነን እሞ ኣይትተሃወኽ። ታህዋኽ ትግሃት እናመሰለ ከም ዘታልል ፍለጥ። ትዕግስቲ ካብ ዝመስል ስንፍና፡ ትግሃት ካብ ዝመስል ምህዋኽ ንኸድሕነካ ንእግዚኣብሄር ለምን።

## ፍትወይ !!

ከም ልብኻ ከይትጎዱ ዓቕምኻ ተሓዚካ ገደብ ዘለካ ፍጡር ምዃንካ ተረዳእ። ከም ዓቕምኻ ከይትጎዱ ስንፍናን ራእይ ኣልቦነትን ከይሕዘካ ግን ተጠንቀቕ። እትሰርሕ ብግዜኻ ኢዩ። ኣብ ዘይ ግዜኻ ተዓዛቢ፡ ኣብ ግዜኻ ሰራሕተኛ ምዃንካ ፍለጥ። ኣብ ግዜኻ ምስ ትሰርሕ ግን ንዓኻ ዘይከውን ግዜ የለን። እትሰርሓሉ ብትኽክል ምርኣይ ተስዓ

ካብ ሚኢቲ (90%100) ዓወት ኢዩ። ንዝራእካዮ ምህራም ግን ዓሰርተ ካብ ሚእቲ ብጽሒት ኢዩ።

# ፍትወይ !!

ብሰንኪ ናብራ ኣብ ሽግር እንተ ወዲቅካ እግዚኣብሄር ኣብ ቅድሜኻ እዩ እሞ ተጸናናዕ። ከምዚ እንተዝገብር ኔረ ከምዚ ኣይምኾንኩን ኔረ ከይትብል ፈትን። ብዘይ ትኽእሎ ነገር ግን ነብስኻ ኣይትውቀስስ !!

# ፍትወይ !!

ዝፈልሐ ነገር ሽረኽረኽ ይብል። ዝስተ ግን ዝግ ምስ በለ ኢዩ። ናይ ንእስነት ስምዒት ከኣ ዝተበጽበጸ ሓተላ ኢዩ። ዝግ ምስ በለ ግን ምቁር ቡን ኢዩ። ናይ ቡን መቐረት ምፍልሑ ኢዩ ይብሉ። ምውዓዩን ምዝሓሉን ተሓባቢሮም ክራኽቡ ከም ዘለዎም፡ ናይ ንእስነት ቅንኣት ምስ ምስትውዓል ክጣመር ከሎ ውጽኢቱ ማራኺ ኢዩ።

# ፍትወይ !!

ኣብ ንእስነት ኩሉ ነገር ቅኑዕ ኢዩ ካብ ዝብል መምርሒ ውጻእ። ንኹሉ ከይራእኩ ኣይኣምንን ኣይትበል። ሰሚዕካ ምእማን፡ ካብ ዝተጎድኡ ምምሃር ምስትውዓል ምዃኑ ኣይትረስዕ። ናይ ሰማንያ ዓመት ፍልጠት ንምርዳእ ግድን

ሰማንያ ዓመት ምንባር ኣየድልን። ሰማንያ ዓመት ካብ ዝነበሩ ብትሕትና ምሕታት ይግባእ።

## ፍትወይ !!

ናይ ጸላኢ ድፍኢትን፡ ፈኸራን ናይ ክፉኣት ጉባኤ ተንኮል ኣየፍርሀካ ንጸላኢ (ንተመን) ልቢ (ሓሳብ) እምበር እግሪ የብሉን። ንጸላኢኻ የሕሊፉ ዝሀበካ ናትካ ዝፈረሰ ቀጽሪ እዩ እሞ ካብ ኩሉ ንነብስኻ ፍራሕ። ከይቀደመኒ ክቅድሞ ማለት ቀታሊ ነብሲ ይገብር እዩ እሞ ተጠንቀቅ። ሓለዋ ንዘይድቅስ ጐይታ ገዲፍካ ንስኻ ስራሕካ ስራሕ። ጸላኢ ከይስሕቀኒ ኢልካ ስራሕካ ብጥንቃቀ ምስ ትሰርሕ ስራሕካ ዝጸረየ ይኸውን። ጸላኢኻ ምስ ትፈልጦ ናይ ደረጃን ናይ ጽሬት በዓል ስልጣን ምኻኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ !!

ብረት ተንበርኪኽካ እዩ ዝትኮስ። ክርስትያን ዝዋጋእ ከኣ ብብርኩ ተንበርኪኹ ብምጽላይ እዩ። ብምብርካኽ ምንብርካኽ ይከኣል እዩ እሞ ንስኻ’ውን በርትዕ !

## ፍትወይ !!

ረስሓት ጥራይ ዘይኮነስ ንሓጥያት’ውን ተጸየፍ። ርስሓት ንልብስኻ ሓጥያት ግን ንመንነትካ እዩ ዘርስሕ። ንናይ

ሓጥያት ግብጃ እምቢ በል። ሓጥያት እንድሕር ግዜ ወሲዱ መጻውዒ ስሙ ልምዲ እዩ ዝበሃል። ንልማድ ምግዳፍ ማለት ከኣ ንሃገር ከም ምኽሓድ ማለት እዩ። ናይ ሓጥያት ግብጃ ልምዲ፡ ልምዲ ከኣ ተፈጥሮይ እዩ ናብ ዘብል እምነት ከየብጽሓካ ንሓጥያት ምስ ግብጃኡ ግደፎ።

## ፍትወይ !!

ኣብ ሓጥያት ዝጸንዐ ሰብ ሓጥያቱ ትዕቢተኛ ይገብሮ፡ ንጻድቅ ከኣ ጽድቁ ናይ ባዕሉ እንዳ መሰሎ ትዕቢት ይጅምር። ንዅሉ ዝተናኸፍ ዝዓበየ ሓጥያት ትዕቢት እዩ። እግዚኣብሄር ንትዕቢተኛ ከይቀጽዖ ኣይተርፍን እዩ እሞ በጃኻ ተጠንቀቅ።

## ፍትወይ !!

ምስ ኣደ ምንባር ፈራሕ፡ ምስ ጓለንስተይቲ ምንባር ቀይዲ በተኽ፡ ምስ ወዲተባዕታይ ምንባር ናይ ጎነጽ፡ ምስ ሃብታም ምንባር ሓላሚ፡ ምስ ድኻ ምንባር ጸላም፡ ምስ መተዓቢትኻ ምንባር ናይ ፍልጠት ድኻ፡ ምስ ወፈፌ ምንባር ሓፋር፡ ምስ ቊጡዕ ምንባር ሕሙም፡ ምስ ኣረማውያን ምንባር ኣመንዝራ፡ ምስ ቀሳውስቲ ምንባር ተጫራቒ (መስሓቕ)፡ ምስ ወረኛ ምንባር ቂመኛ . . . . . . . . ከይገብረካ ተጠንቀቕ። ምስ እዚኦም ምንባር ግድን ምስ ዝኾነካ ግን ጸጽብቑ ሒዝካ ከፉእ ኣይትቀበል።

## ፍትወይ !!

ኣዴኻ እናፈርሐት ደፋር ኢያ እሞ ፍርሓ ፈራሕ ከይገብረካ ኣስተውዕል። ጓል ኣንስተይቲ ወዲ የለን እንበር ኢላ ከተደፋፍረካ ከላ ንሕነ ናታ ምፍዳይ ኢላ እያ ተዳልወካ ዘላ እሞ ተጠንቀቕ። ንሳ ሕነኣ እንተ ተፈጺሙ ትዓግብ ኢያ፡ ንስኻ ግን እናተጠዓስካ ከይትነብር ሕሰበሉ። ሓጋዚ ኣለኒ ኢልካ ናይ ጎነጽ ከይትኸውን ንህይወት ሓውኻ ተጠንቀቕ። ወፈራ ትጽውዕ ንስራሕ እምበር ንውድድር ኣይኮነን። ሃብታም ብዝሒ ገንዘቡ ምስ ዝጽብጽበልካ ናትካ መሲልካ ብትምኒት ከይትሓምም ፍቕርኻ እና ሃብካ ዝኾንካዮ ጥራይ ተቐበል።

## ፍትወይ!!

ድኻ ድኽነቱ ምዝራብ መሰሉ እናመሰሎ ንሰብን ንእግዚኣብሄር ክረግም ይውዕል ኢዩ እሞ ዝከኣለካ እናገበርካ ተስፋኻ ሓሉ። ሓቢሩ ምሳኻ ዝዓበየ ፍልጠትኩም ተመሳሳሊ ኢዩ እሞ ዝተፈልየ ፍልጠት ንምርካብ ካልኦት ፈተውቲ ከተጥሪ ይግብኣካ። እንተኾነ ናይ ቀደም ፈታዊ፡ ጠባይካ ዝፈልጥ ሓውኻ ካልኣይ መንነትካ ኢዩ እሞ ከትንከባኸቦ ይግብኣካ። ወፈፌ ኣብ ገዛን ኣብ ደገን ዘሐፍር ኢዩ እሞ ግዲ ተዘይ ኮይንካ እምበር ምስኡ ኣይትንበር። ዘይትልውጦ ምርጫ እንተኮይንካ ግን ሕሙምካ ኢዩ እሞ ብምጽንናዕ ተሰከሞ።

## ፍትወይ !!

ቀኈጡዕ ሰብ ሎሚ ኸ እንታይ ክብል እዩ ? እንዳበልካ ምስትነብር ንሕማም ከቃልዓካ ኢዩ እሞ ጥዑም ጠባዩ እንዳዘከር ሓዞ። ዝበዝሕ ቀኈጡዕ የዋህ እዩ። ሕጊ ዘይብሎም ኣህዛብ ኣመንዝራታት ስለ ዝኾኑ ንጽህናኻ ከይትኸስር ተጠንቀቕ። ናይ ዝሙት ባርያ ምኳን ውርደተኛ ኢዩ ዝገብረካ። ኣቕሽሽቲ ዕድሚኦም ንእግዚኣብሄር ምሃቦም ጽቡቕ እኳ እንተኾነ ስራሕ ኣልቦነት ስለዘብዝሑ ግን ምስኦም ምንባር ብግዲ ምስዝኾነካ ወረ ኣመላላሲ ከይትኸውን ተጠንቀቕ። ወረኛ ዝዛረቦ ኩሉ ሓቂ ኣይኮነን እሞ ዝነግረካ ኩሉ ኣይትእመን። ኣይኮነን ሓሶት ሓቀኛ እንተኾነ'ውን ወረ ሓጢኣት እዩ። ከምኡ'ውን ንፍቕሪ ኣይጠቕምን እዩ እሞ ወረ ኣይትፍቶ።

## ፍትወይ !!

ደው ኢሉ ዝወዓለ ወዲቑ (ደቂሱ) ከም ዝሓድር ከቢሩ ዝነበረ ከኣ ምውራዱ ኣይተርፍን ኢዩ እሞ ብጣዕሚ ክብሪ ኣይትድለ። ንምስኪን ኩሉ ይፈትዎ፡ ንዝኸበረ ግን ኩሉ ኣበር (ጉድለት) ይደልየሉ። ናይ ማንቲግ መለማመዲ ልዕል ዝበለ ኢዩ። ትሕት (ለጠቕ) ዝበለ ንማንቲግ ኣይጥዕምን። ዘርእኻ ንስቓይ ኣሕሊፍካ ከይትህብ ክብሪ ኣይትድለ። ክብሪ ብሹመት ካብ ምርካብ ብስራሕ ምርካብ ይሓይሽ ። ሹመት ይቕየር ኢዩ፡ ስራሕ ዝሾሞ ግን እንዳ ኸበረ ይነብር።

## ፍትወይ !!

ናይ ፍቕሪ ቃላትካ ዘጥፍእ፡ ትማሊ ዘድነቕካዮ ንኽትንዕቅ ዝገብረካ ቍጥዓ ኢዩ እሞ ካብ ቍጥዓ ርሓቕ። ሰብ ዝሓሰቦ ከም ዝዛረብ ፍሉጥ እዩ። ብቍጥዓ ዝተዛረቦ ግን የሕስቦ። ቍጥዓ ኣብ ዘይሓሰብካዮ ዘብጽሓካ ንዝጀመርካዮ ዘተዓናቕፈካ ቀልጢፉ ተስፋ ዘቝርጸካ ኣንዲዱ መሊሱ ከቃጽለካ ዝነብር ኢዩ እሞ ካብ ቍጥዓ ርሓቕ። ስለ ዝፈረሰ ነገር ካብ ምቕጣዕ ንላዕሊ ንከይትፈርስ ተጠንቀቕ።

## ፍትወይ !!

ምዝራብካ ለውጢ ኣብ ዘየምጽኣሉ ቦታ ስቕታ ለውጢ የምጽእ ኢዩ እሞ ስቕታ ምረጽ። ሰባት ሓሲቦም ከቖጥዑኻ ስለ ዝኽእሉ ብቍጥዓኻ ደስ ክብሎም ይኽእል ኢዩ። ብዘይ ሓሰብካዮ ምስ ትቕጣዕ ግን ክትጠዓስ ትነብር። ስቕታ ካብ ዘረባ ንላዕሊ ቅዱስ ዝኾነሉ ግዜ ብዙሕ ኢዩ። ግን ስቕታ ይኹን ዘረባ ዋጋ ዝረኽቡ ኣብ ቦቦትኦም ምኟኑ ኣይትረስዕ።

## ፍትወይ !!

ንእሽተይ ነገር ደጋጊምካ ምስ ተሓስቦ ዓቢ ኣጨናቒ ይኸውን ኢዩ እሞ ሓሳብካ ከውድቀካ ምስ ዝፍትን ሕደጎ። ንኣእምሮኻ ንስኻ እንተ ዘይሓሊኻዮ ፈተውትኻ ከማን ተረዲኦም ክሕግዙኻ ኣይክእሉን። ብዝሒ ሓሳባት ብልሽው ከይገብረካ ተጠንቀቕ። እዞም ከምዚኦም ዝበሉ ምስኪኖት

ንኣእምርኦም ብምጭናቕ ዓቕሎም ደርበዩ። እዚ ነገር እዚ እንተ ዘይኮይኑ እመውት ኣለኹ ኢሎም ብፍርሒ ነዚ በቕዑ። ግን ተጻሊሎም’ውን ይነብሩ ኢዮም። ምንባር ዘጀመረ ባዕሉ ጐይታ ስለ ዝኾነ ካብ ናቱ ደወል ካልእ ማንም ስለ ዘየቁማ እንሆ ይነብሩ ኣለው። ጭንቀት ግን ኣጒል ነባሪ ይገብረካ ኢዩ እሞ ካብ ጭንቀት ውጻእ።

## ፍትወይ !!

ንነብስኻ ብጣዕሚ ምስ ትሓስብ ዓለም ይጸበካ። ስለ ካልኦት ምስ ትሓስብ ግን ደስታ ይበዝሓካ። ስለ ነብሶም ዝበኽዩ ናይ ብኽያት ንብዓት ደው ዘየብል፡ ስለ ነብሶም ዝሓስብዎ ሓሳብ ሚልዮን ዓመት ኣይኣኽሎምን ኢዩ። ንርእስኻ ብሉጽ ዝኾንካ መሲልካ ብናይ ዓለም ከንቱ ነገር ኣይትጨነቕ። ካብ ብልሒ ንላዕሊ ለዋህነት ብዙሕ ሰላም ኣለዎ። ሰላም ኣብ ዘለዎ ከኣ ብዙሕ ዓወት ኣሎ ።

## ፍትወይ !!

ካብዛ ርኽስቲ ዝኾነት ዓለም፡ ቅዱስ ካብ ዘይኮነ ርክብ፡ እምነት ካብ ዘይብሉ ዘረባ፡ እግዚኣብሄር ካብ ዘይከብረሉ ጒያ፡ ፍቕሪ ካብ ዘይብሉ ህያብ፡ ተመስጦ ካብ ዘይብሉ ዝማሬ . . . . . . . ርሓቕ።

# ምዕራፍ ክልተ

## *ፍትወይ!!*

ሓፍትኻን ሰበይትኻን ፈተውቲ መመላኽዒ (ዶኮረሽን) ኸይኮና ምኽረን። መመላኽዒ ንሰብ ስለ ዘስሕት። ከም ሰይጣን መስሓቲ ኸይኮና ገስጸን። መስሓቲ ክቕጽዑ እዮም። ደጋዊ ምግያጽ ምስ ዝበዝሕ ውሽጢ ባዶ ይኸውን። ናይ ጓል ኣንስተይቲ ዓቢ ውህበት ንጽህንኣን ምስትውዓላ ኢዩ። ብጣዕሚ ምግያጽ እተብዝሕ ጓል ብጭንቀት ዝተዋሕጠት ስለ ዝኾነት ንጭንቀታ ሰብ ዝፈልጦ እናመሰላ ብዶኮረሽን ትሽፍኖ። ስለዚ ንኸምዚኣን ዝበላ ጸልየለን ንዝቐረባኻ ከኣ ምኽረን።

## ፍትወይ !!

ዝዓበየ ቅብኣ መንግስቲ ትዕግስቲ ኢዩ። ብትዕግስቲ ሓላፊኻ (መራሒኻ) ልዙብ ይኸውን፡ ሓዳርካ ይቀንዕ፡ ስራሕካ ይፍጸም፡ ኣገልጋሊ (ስራሕተኛ) እሙን ይኸውን፡ ዘሳደዱኻ ይቕበሉኻ፡ ዝበደሉኻ ይኸሕሱኻ ኣብ ሃገር ዘይኮነስ ኣብ ትዕግስቲ ንምንጋስ ለምን።

## ፍትወይ !!

ሰባት ምስ ዝነዕቁኻ ኣይትጽልኣዮ። እግዚኣብሄር ዘኽብረካ ናይ ንዕቐት ጽዋእ ምስ መልአ ስለ ዝኾነ።

## ፍትወይ !!

ናይ ዓለም ጭንቀት ምስ ዝውጥረካ ንልብኻ ብዛዕባ ሞት ኣሕስቦ። ብዛዕባ ሞት ምስ ትሓስብ ኩሉ ሓላፊ ምዃኑ ትዝክር።

## ፍትወይ !!

ዝበዝሐ ገዛኢ የዋህ ኢዩ። ብሉጽ ገዛኢ ግን ብጣዕሚ ውሑድ ኢዩ። ገዛኢ ንኽትከውን ብእዝንኻ ጥራይ ዘይኮነስ ብዓይንኻ ውን ኣረጋግጽ። ካብ ዓይኒ ንላዕሊ ብእዝኒ ዝተኣማመኑ ኣወዳድቕኦም ዓቢ ስለ ዝኾነ። ዓይኒ ናይ ቀረባ ይርኢ፡ እዝኒ ናይ ርሑቕ ይሰምዕ። ዓይኒ የጻሪ፡ እዝኒ ግን መጻረዪ የብሉን።

## ፍትወይ !!

ገዛኢ ምስ እትኸውን ንሎሚ ጥራይ ዘይኮነስ ንጽባሕ ውን ሕሰብ። ጥዑይ ገዛኢ ሰብኣይ (በዓል ቤት) እምበር ውሽማ ኣይኮነን። ውሽማ ንሎሚ እምበር ንጽባሕ ኣይሓስብን።

በዓል ቤት ግን ንጽባሕ ይሓስብ። ከምኡ ከኣ ጥዑይ ገዛኢ ንጽባሕ ዝሓስብ በዓል ቤት ምዃኑ ኣይትረስዕ !

## ፍትወይ !!

ብሉጽ ኮይነ ክሽየም ኢየ ኢልካ ኣይትሕሰብ። ንሓዊ ዝጭብጥን ንንፋዕ ዝሽይም ስለ ዘየለ። ጎራሕን በሊሕን ዝሓርዱ እዮም። ሹመት ንምርካብ ግን የዋህ ምዃን የድሊ።

## ፍትወይ !!

ሰብ ኮይንካ ንሰብ ዝጎድእ ነገር ኣይትግበር። ከታልሉኻን ክትንኩልኻን ንስኻ'ውን ኣይትፈቱን ኢኻ እሞ ንዓኻ ዝጸላእካዮ ንሰብ ኣይትግበሮ። እግዚኣብሄር ንተመን እግሪ፡ ንጎራሕ ከኣ ልቢ ከሊእዎ ኢዩ እሞ ጠቢብ ኣይትኹን። ንፉዕ ንመንፋዕቱ ኩሎም ስለ ዝፈልጥዎ መንፋዕቱ ዕሽነት ይኸውን።

## ፍትወይ!!

ንሰብ ክትመክር ምኽረይ ጥራይ ኢዩ ዝልውጥ ኢልካ ኣይትሕሰብ። ምስ ምኽርኻ እቲ ለዋጢ ዝኾነ ሓይሊ ኣምላኽ ለምነሎም። ንሰባት መንገዲ ኣርእዮም እምበር ከም ከብቲ ብዝራእካዮ መንገዲ ኣይትምርሓዮም።

# ፍትወይ!!

ዝተራእየካ ኣርኢ። ዘይተራእየካ ኸኣ ኣጽርዮ። ብግቡእ ዘይተረድኣካ ኣይትምሃረሉ። ዘይጠዓምካዮ ንሰብ ኣይትጋብዝ። ዝሰማዕካዮ ኩሉ ኣይትእመን። ዝራእካዮ ኩሉ ሃቡኒ፡ ዝተዛረብካዮ ኩሉ ፈጽሙ ኣይትበል። ዝሃብካዮ ረስዓዮ እምበር ኣይተውርዮ። ፍጻሜኡ ከይራእኻ ምስጋና ኣይተብዝሕ። <<መዓልቲ ከይመሰየ ጽቡቕ መዓልቲ ኢዩ ኣይትበል>> ስለ ዝበሃል።

# ፍትወይ!!

ንዓል ኣንስተይቲ ምምናይ ጥፍኣት ይወልድ። ዓል ኣዴኻን ሓብትኻን ከም ዝኾነት ሕሰብ እምበር ናይ ፍትወት ድፍኢትካ ጌርካ ኣይትንዓቃ። ዓል ምፍታው ካብ ዝመስል ኣመንዝራነት ርሓቕ። ዳዊት ናብ ዓል ምስ ጠመተ ምሉእ ዘመኑ ዝጻብኦ ስሕተት ወግኦ። ንስኻ ከኣ ኣብ ኩሉ ዘመንካ ግዳይ ከይትኸውን፡ ኣብዘይ ሓሰብካዮ ዝገጥመካ ናይ ህይወት ኣጋጣሚ ከይትወድቕ ኣብ ዒቤትካ ናብራኻ ከይተፍርስ፡ ንሞትካ መህለቅን መሳቀይን ከይትገብሮ ካብ ዝሙት ርሓቕ።

## ፍትወይ !!

ወድኻ ናትካ ዝኸውን ንስኻ ናይ ወለድኻ ስለ ዝኾንካ ኢዩ'ሞ ዘየቐመጥካዮ ምጽባይ ዕሽነት ምዃኑ ተረዳእ። ናይ ሎሚ ሰብ ሰናይ ክገብር ኣይደልን፡ ሰናይ ክግበረሉ ግን ይደሊ። ሓረስታይ ዘይዘርኦ ንኽዓጽድ ብጻዕሪ ከምዘይወጽእ ከምኡ ከኣ ወለድኻ ደርቢኻ ዘልዕለካ ውላድ ኣይትጸበ። ከምኡ ከኣ ካብ ዝዘራእካዮ ንላዕሊ ትዓጽድ ኢኻ'ሞ ሓንቲ ግዜ ደርቢኻ እንተደኣ ኴንካ ወድኻ ክልተ ግዜ ይድርብየካ። ክፉእ ብሰለስተ ጉልሻ ይቕጽዕኪ እሞ ወሊድካ ረአዮ ዝብሃል ኢዩ። ሰለስተ ጉልሻ (ሓዳር) በረከት ምዃን ተሪፉ ቅጽዓትን እንተኾይኑ ክወጽእዎ ዘይክእሉ እዩ፡ ክፉእ ቆልዓ ናይ እግሪ ስሓ (ሕኻክ) ኢዩ። ውላድ ብዕራይ ኮይኑ ኣይሸየጥ፡ ሓዳር ኣይኮነን ኢልካ ምስክር ወርቀት (MERRIAGE CERTIFICATE) ኣይቅደድ ! ብውላድካ ከይትቕጻዕ ወለድኻ ሓግዝ።

## ፍትወይ !!

ሰብ ኮይኑ ዘይስሕት ዕንጸይቲ ኮይኑ ዘይተከኽ የለን ኢዩ'ሞ ብናይ ሰብ ስሕተት ኣይትገረም። ሓይልኻ ዘድክም ምግራም ስለ ዝኾነ። ስሕተት ዝብእስ ብብልሒ እዩ እሞ ንበሊሕ ብዙሕ ኣይትጸበዮ። ናይ ገርሂ ስሕተት ክኸሓስ ንርኢ ኢና እግዚኣብሄር ስለ ዝረድኦ። ገዛእ ርእሱ ዝሕሉ በሊሕ ጌግኡ ዓብይን ዘይክሓስን ኢዩ።

## ፍትወይ !!

ብዙሕ ሰብ ይፈልጥ እየ ንምባል ንትፈልጦ ሰብ ጠፊእካኒ ኣይትበል። ዘመናዊነት ልማድ ስለ ዝኸውን ናይ ምርሳዕ ሕማም ይሕዘካ። ብዙሕ ሰብ ምፍላጥን፡ ብዙሕ ፍልጠት ምፍላጥን ከንቱ ኢዩ። ብክርስቶስ ምፍላጥ ግን ነባሪ ክብሪ ኢዩ።

## ፍትወይ !!

ምስ ሞትኩ ከልቅሱለይ ኢልካ ገንዘብካ ኣይትወድእ። ንብዓት ህያብ እምበር ዝሸመት ኣይኮነን። ንህያብ ዘሕስሮ ንግዲ ምዃኑ ዘክር። እዞም ከምዚኦም ዝበሉ ሰበስልጣናት ውቁብ መቓብር ሃነጹ፡ ነገር ግን ኖራ ተነስኒስዎም ኣበይ ከም ዝወደቑ ከይተፈልጠ ተረፈ። ሰብ ዝተወልደሉ እምበር ዝሞተሉ ቦታ ኣይፈልጦን። ስለዚ ህያብካ ስለ እግዚኣብሄር ኢልካ ሃብ። ብዝሒ ልቕሶ (ብኸያት) ከኣ ንሰብ ኣይመልሶን ኢዩ እሞ ኣብ መዓልቲ ሞትካ ዘልቅሰልካ ኣይትመነ። ናብ ዓዲ ጸዓዱ ንዝኸደ እንዳተሓጎስካ ናብ ኣምላኹ ንዝኸይድ ኣልቃሲ ኣይትኹን።

## ፍትወይ !!

ረቂቕ እሳት ብመንቀርቀር ከም ዝጭበጥ ሓያል ከኣ ብሓዳሩን ብደቁን ይትሓዝ ሓያል እንተ ኴንካ ዝበለጸ ሓያል ይዕዘበካ። ናይ ንእስነት ሰበይትኻ ኣብ እርጋንካ (ሽምግልናኻ) ምስ ደቃ ስለ ተባጭወልካ ሓያል ኣይትኹን። ካብ ከም ኣንበሳ ክትፍራሕ ከም ሰብ ክትፍቶ ተመነ።

## ፍትወይ !!

ዓለም ሳሎና እምበር ውሽጣ ውቁብቲ ኣይኮነትን። ምስጢሩ ዘሐጉስ እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ። ናይ ዓለም ክፍኣትን ስሰዐን ብዝተርኣየካ ቁጽሪ ምስቲ ሰናይ ንጉስ ክርስቶስ ትራኸበሉ መዓልቲ ትናፍቆ። ንዓለም ብዓይነይ ዘይራእኸዋ ኣይትበል። ንኣኽቢራ ዘዋረደቶም፡ ስዒማ ዝነኸሰቶም ብኸምዚኦም ዝበሉ ዕድል ዘይብሎም ንዓለም ተመልከታ። ዓለም ማለት መልክዕ ምድሪ ዘይኮነስ ኣተሓሳስባ ኢዩ’ሞ እዛ ዓለም ኣብ ውሽጥኻ ከይትነብር ተጠንቀቕ። ኣብ ምድሪ መከራ ዝበዝሓካ ብዛዕባ ሰማያዊ ዕረፍትኻ ንኽትሓስብ ምኽኑ ኣይትዘንግዕ።

## ፍትወይ !!

ናይ ሰብ ዋጋ እና ቐነሰ ናይ ደርሆን እኽልን ግን እናወሰኸ ምስ ዝመጽእ ኣበርቲዕካ ጸልይ። ዉላድ ከልቢ (ኩርኩር)

እናተሸጠ ንሰብ ግን ብነጻ ዝደልዮ ክሳኣን ዘመኑ ከምዝሽፍኣን ንስኻ ከኣ ምስኡ ከፊእካ ምህላውካን ፍለጥ። ስለ ዝጸነቱ ፍሉያት እንስሳታት ብዙሓት እናበኸዩ ይዛረቡ እዮም። ብሕጽረት መግቢ ስለ ናይ ዝሞቱ ህጻናት ግን ኣይዛረቡን። ስለ ጠፈር ሳይንስ ብዙሕ ይዝረብ። ናይ ምድሪ ናብራ ግን ተሓዋዊሱ ኢዩ። ስለ ዝወደቑ ሓወልቲ ብዙሕ ይበሃል። ኣብ ጎደና ስለ ዝተደርበዩ ህጻናት ግን ወላሓንቲ ኣይበሃልን። ናይ ለማኒ ኣታዊ ይጽናዕ። ናይ ሰብ ጺጋ ስርቂ ግን ተራእዩ ከም ዘይተረኣየ ይሕለፍ። ስለ ዝተበከለ ኣየር ኡይ ይበሃል። ስለ ንጹሃት ምርካሶም ግን ስቕ ይበሃል። እቲ ዝቕድም ምስ ነቕድም እቲ ዝስዕብ ምሰዓበ ኔሩ። ንሰብ ዋጋ እንተ ንህብ ንሕና ዘኽበርናዮ ናብራ ምሓሰረ ኔሩ። ህጻናት ተነድሕኖም ኣብ ምጽናት ዝርከቡ ፍሉያት እንስሳታት ምንክብኻብ ምኽኣልና ኔርና። ህውከት ናይ ምድሪ  እንተ ዝስተኻኸል ናይ ጠፈር ሳይንስ ዝተሳኽዐ ምኾነ ነይሩ። እንተዘይኮይኑ ናይ ጠፈር ሳይንስ ንናይ ምድሪ ህውከት ካብ ሰማይ ዝረአ ይኸውን። ኣብ ጎደና ዝተደርበዩ ህጻናት እንተ ዝእከቡ ዝወደቑ ሓወልቲ ምተላዕሉ ኔሮም። ዝቕድም ከየቕደምና እቲ ዝስዕብ ኣይከናወንን ኢዩ እሞ ንስኻ ግን እቲ ዝቕድም ኣቕድም።

## ፍትወይ!!

ኣኽላባት ኣብ ዓራትካ ንኽዘሉ እናፈቐድካ ድኻታት ግን ኣብ ኣፍ ደገ ገዛኻ ዝርከብ እምኒ ንኽቅመጡ ብዘይምፍቃድካ ንስሓ እቶ። ስእሊ እግዚኣብሄር እናበልካ ክትስዕም ባዕሉ

ብመልክዑ ንዝፈጠሮ ሰብ ግን ረጊጽካ ብምሕላፍካ መምሰሊ ምዃንካ ፍለጥ። ናይ ድኻታት መጸግዒ ቤተ ክርስትያን እናበልካ ክትዝምር ንድኻታት ግን ካብ ቤተ ክርስትያን ብምብራርካ ምስክርነትካ ሓሶት ምዃኑ ኣስተውዕሎ። ካብዚ ኣፍን ልብን ዝተፈላለይሉ ትያትር (ተዋስኦ) ዝኾነ መንነት ድሓን !

• • • •

# <u>ምዕራፍ ሰለስተ</u>

## <u>ፍትወይ!!</u>

ዓለም ጉዳመኛ እያ። ናይ ወተሃደር መሳርያ ንዝሰርሕ ሳይንቲስት እናበለት መሳርያ ንዝትኩስ ደንቆሮ ትብሎ። ንመሃዚ መሳርያ እናሸለመት፡ ንተኳሲ ግን ቤት ፍርዲ ትጽውዕ። ባዕላ ኣሕሚማ እግዚኣብሄር ይምሓርኩም ትብል። ስለ ናጽነት ዝዛረቡ ናጻ ሃገራት ናጽነት ዘስእን ሽጉጥ ሸየጥቲ ኢዮም። ነቲ ምንጪ ናይ ሽግር እናወደሰት'ሲ ነቲ ውጽኢት ናይ ሽግር ደው ከተብል እትደክም መምሰሊት ዓለም ምኧና ተረዳእ። ድሕሪ ዕርቂ ናይ ሰላም ብዛዕባ መሳርያ እትውዓዓል ዓለም ጉዳመኛ ኢያ። ሰላም ዋጋ ከፊልካ እምበር ዋጋ ከፊሎምልካ ኣይትመጽእን ኢያ።

## ፍትወይ!!

ኣይትቕተል ዝብል ቃል ንኣካል ጥራይ ዘይኮነስ ንሕሊና፡ ማሕበረ ሰብን ሓዳርን ብዛዕብኦም ምቕታል'ውን ዝዛረብ ኢዩ። ሰብ ዝመውት ብጥይት ጥራይ ኣይኮነን። ጉቦ ብዝበልዐ ዳኛ፡ ብሸለልተኛ ሓኪም፡ መድሃኒት ቀያይሩ ብዝሸይጥ በዓል ሞያ፡ ንዝተኸልከለ ከሚካል ብጉቦ ዘሕለፈ ሰራሕተኛ፡ ብዘይ ጥንቃቐ መኪና ዝመርሕ ኣውቲስታ . . . ከምዚኦም ዝበሉ ኩሎም <<**ኣይትቕተል**>> ብዝብል ሕጊ ይተሓዙ። ሓደ ሰብ እንተ ኣሕዚንካ ቤተ ሰቡ ከኣ ምስኡ ኣሕዚንካዮም ኣለኻ። ሓደ ሰብ ምስ ትቐትል ንዝፈትውዎ

ኩሎም ብሓዘን ትቐትሎም። ንውልቂ ሰብ ምብዳል ንሃገር ምብዳል ምዃኑ ኣይትረስዕ !

## ፍትወይ!!

ንኣንበሳ <<ንስኻ ቀታሊ ነፍሲ ስለዝኾንካ ጨካን ኢኻ ? >> ምስ በልዎ <<ኣነስ ዝቐትሎ ንኽበልዖ ኢየ። ሰብ ግን ንዘይበልዖ ንሰብ ይቀትል ኣሎ ? >> በለ ይበሃል። ኣራዊት ወላ እንተ ቐተሉ ዝወቕሶም ሕጊ የለን ። ስሞም’ውን ኣራዊት ስለዝኾነ። ሰብ ግን ሰብ ተባሂሉ ንሰብ ምቕታሉ ካብ ኣራዊት ንላዕሊ ምኽፍኡ የርእየካ። ኣንበሳ ንኣንበሳ ኣይበልዕን፣ ሰብ ግን ሰብ ይቐትል። ሓደ ቀሺ፡- <<ሰብ ሓሲሩ ደርሆ ከማን ተስዓ ናቕፋ ኮላ ኩሉ ይገዝኣ። ሰብ ግን ብነጻ ዝደልዮ ከማን የለን>> ዝበልዎ ቃል የብኪ ኢዩ። ኣራዊት መዲቦምን ሓሲቦምን ሰብ ኣይቀትሉን። ሰብ ግን ሓሲቡን መዲቡን ናይ ስላሴ መቕደስ የፍርስ ኢዩ’ሞ ወይ !

## ፍትወይ!!

ሰራቒ ክኣቱ ከሎ ዝነብሕ ከልቢ እዩ። ኣይትስረቕ ዝብል ሕጊ ዝተዋህቦ ግን ነቲ ከልቢ ዘይኮነስ ነቲ ሰብ እዩ። ብዛዕባ ሕጊ ንምኽባር ዝነብሕ ግን እቲ ከልቢ ኢዩ። ንስኻ ግን ተኣማንነትካ ካብ እንስሳታት፣ ምስጋናኻ ካብ ኣዕዋፍ ዝነኣሰ ኸይከውን ሕሰብ።

## ፍትወይ!!

ኣምላኽካ ብኢዱ ንኽባርኽካ ንስኻ ኣብ ኢድካ ንዘሎ ገንዘብ መጽውት። ገንዘብ ዘርኢ ኢዩ፡ እንተ ዘሪኦሞ ይፈሪ፡ እንተ ቐሚጥካዮ ግን ይነቅዝ። ምስ እግዚኣብሄር ህያብ ንምልውዋጥ ኣብ ዙርያኻ ዘለዉ መሳኪን ኩሎም መንገዲ ኢዮም። ህያብካ ከኣ ንእግዚኣብሄር ኢዱ ኮይንካ ከም እትህብ ሕሰብ እምበር ወሃቢ ኢየ ዝብል ትምክሕቲ ኣብ ውሽጥኻ ኣይሕደር።

## ፍትወይ!!

ንዝሃብካዮ ሰብ ክመልሰልካ ምጽባይ ኣብ ባንኪ ከም ዘቐመጥካዮ እምበር ምሃብ ከምዘይ ኮነ ሕሰብ። ሂብካ ኣይትለምን፡ ሂብካ ኣይትሕሰብ፡ ሂብካ ኣይትጸበ። ክፉእ ሰብ ሂቡ ምልማን ይፈቱ ኢዩ’ሞ ብጽቡቕ ነገር ክፉእ ነገር ኣይትስርሓሉ።

## ፍትወይ!!

ዓይንኻ ቅድሚኡ ዘሎ ተረኣየ ልብኻ ግን ብድሕሪኡ ዘሎ ይሓስብ። ኣብ ጽባሕ ንኽትበጽሕ ናይ ትማሊ ኣይትረስዕ። ናብ እትኸዶ ከይጠፍኣካ ንዝመጸኻሉ ኣይትዘንግዕ።

## ፍትወይ!!

ሃብትን ምጽብባቕን ተማሂር። ሃብትን ምጽብባቕን ዘይምምሃር ናይ ድኽነት ጠባይ ምዃኑ ፍለጥ። ረኣዩኒ ረኣዩኒ ኣይትበል። ረኣዩኒ ረኣዩኒ ዝበሉ ሕብኡኒ ሕብኡኒ ኢሎም እዮም። ካብ ሞት ግን ክሕብኡ ከይከኣሉ ሓለፉ።

## ፍትወይ!!

ዓቢ ውህበት ንጽህና ብምዃኑ ልብኻን ልብስኻ ንጹህ ይኹን። ሰባት ኣበር ከይረኽቡልካ ርእሰ ተኣማንነት ዘጥፉእካ ኣይትኹን። ዓርኪ ድኻታት ኩን። ዝኸፍኦምን ግዜ ዘውደቆም ብጻሕ። ንኽልምኑ ዝሓፍሩ ርዳእ (ደግፍ)። ንዝተኣስሩ ብጻሕ፡ ናትካ መጨረሻ ስለ ዘይትፈልጥ።

## ፍትወይ!!

ብቓልካ ንዝሰበርካዮ ሰብ ብምርቓ ኣይትጽግኖን ኢኻ እሞ ንቓልካ ተጠንቀቕ። መውደቒኻ ኣይትፈልጥን ኢኻ እሞ ኣብ ዝወደቐ ሰብ ሓሜንን ምስላን ኣይተብዝሕ። ሃብታማት ምስ ዝጸበባቑ ንከተሕፍሮም ኢልካ ንስኻ ዘደንቕ ልብሲ (ክዳን) ኣይትልበስ። ንሶም ክኸፍኦም ከሎ ንዐያም ከተሕርቕ ኢልካ ብወርቂ ኣይትጸባበቕ። ከማኻ ናይ ልቦም እናተዛረቡን እናሰርሑን ይነብሩ ዝነበሩ ሎሚ ሓመድ ኮይኖም ተሪፎም እዮም።

## ፍትወይ!!

ንሰብ ባርያ፡ ወዲ ድኻ ኢልካ ኣይትጽረፍ። ባርያን ጭዋ ዘብለካ ደምካ ዘይኮነስ ገንዘብ እዩ። ደም እሞ ናይ ኩሉ ቀይሕ ኢዩ። ካብ ድኻ ክውለድ ኢሉ ሓሳብ ኣየቕረበን እሞ ወዲ ድኻ ኣይትበሎ። ኣብ ልዕሊ ንሰብ ንዝፈጠረ ኣምላኹ ከይለዓል ብናይ ተፈጥሮ ጉድለቱ ኣይትጽረፎ።

## ፍትወይ!!

ደብተራ ኣስኪርካ፡ ዋጠኛ ሸሊምካ፡ ወዳሲ ኣኸቲልካ ነብስኻ ኣይተሞግስ። ናይ ቀደም ነገስታት ሎሚ ርጉም ዝብሉ ትማሊ ቅዱስ ዝበሉ ሰባት እዮም። ንስኻ ከኣ ዘዋርዱኻ ኣቀዲሞም ዘሞግሱኻ ምዃኖም ኣይትረስዕ። ንሰናይ ስራሕካ ኣይተውርየሉ፡ ኣይተዋዓዋዓዮ። ናይ ቡን ሽታ ክትክልክሎ ከም ዘይከኣል ሰናይ ስራሕካ ድማ ባዕሉ ካብ ርሑቕ ቦታ ይሸትት እዩ። ንሰናይ ስራሕካ እንተውሪኻሉ ግን ክብሩ ይቕንስ'ዩ።

## ፍትወይ!!

ልብኻ ኩርዓት ኩርዓት፡ ኣፍካ ሓሶት ሓሶት፡ ምንኩብካ ሳዕስዕ ሳዕስዕ ምስ ዝብል ቤትካ ኽፈርስ ኢዩ እሞ ተንበርኪኽካ ኣልቅስ። ንሓንቲ ሰበይትኻ ከተእምን ዘይከኣልካስ ሃገር ሙሉእ ክመርሕ እየ ኢልካ ኣይትሕሰብ።

ዓቐንካ ኣይትረስዕ። ሞገሳ ከበዝሓኻ ከሎ ገስጽ። ሰባት ኢድ እንተ ነስኡልካ <<ኣነ ከማኹም ሰብ ኢየ>>በል። ድንን ዝብሉልካ ኩሎም ኣኽበርትኻ ዘይኮኑስ ካብ ስራሕካ ምሕዮም ዝድርብዩኻ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም እሞ ተጠንቀቕ።

# ፍትወይ!!

ናይ ሓዳርካ ሰላም ሓሉ። ብሓቂ ምርድዳእ ስኢንካ ብሓሶት ሰላም ምፍጣር ግን ክርቢት ፈሪሕካ እሳት ከም ምእንጋድ ኢዩ።

# ፍትወይ!!

ብሓይለይ ክኽብር እየ ኣይትበል። ካባኻ ዝሕሹ ሓያላት ሞይቶም እዮም። ዝበልዖም ሓመድ ከኣ እዚኦም ኢዮም ኢሉ ኣድራሽኦም ኣይነግርን። ልብኻ ብትዕቢት ምስ ዝውጠር መዓልትኻ በጺሑ ኢዩ እሞ ኣጥቢቕካ ጸልይ።

# ፍትወይ!!

ብስምዒት ኣይተፍቅር፡ ብስምዒት ኣይትሃብ፡ ብስምዒት ኣይተምልኽ። ስምዒትካ ግን ሓቂ ምስ ዝኸውን ዝትንክፈካ

እሳት ኢዩ። ስምዒትካ ንፍቕሪ ኣይምርሓዮ ፍቕሪ ግን ንስምዒትካ ይምርሓዮ ።

## ፍትወይ!!

ምስ ኣንጻር ጾታ ነዊሕ ሰዓት ኣብ ከውሊ ቦታ ኣይትቀመጥ። ኣእምሮኻ ንጹህ እኳ እንተኾነ ንኻልእ ፈተና ከይትኸውን፡ ከምኡ'ውን ንሰባት ናይ ሓሜት ምኽንያት ከይትኸውን፡ ምርኻብካ ኣብ ኣደባባይ ግበሮ። ኣብ ተነቀፍቲ ቦታታት ኣጉባዝ ከይተረፈ ከም ዘውደቁ ኣይትረስዕ።

## ፍትወይ!!

ኣብ መቓብርካ ንብዓት ካብ ዘፍስሱልካ ሎሚ ዝጽልዩልካ ፈተውትኻ ኢዮም እሞ ዓይንኻ ከፊትካ ርኣዮም። ኣቦ ኣቦ ምባል ኣይትፍቶ። እዚ ናይ ትሕትና ስምዒት ስለ ዘይኮነ። ኣባጅጎ እናበሉ ንዝውድሱኻ ገንዘብካ ኣይትወድእ። ልቦና ዝሰኣነ ሰብ ንገንዘቡ ብዘይውዕለት እዩ ዝውድኦ።

## ፍትወይ!!

ንዘታልሉኻ ብሩኽ ምኳን ሓቀኛ ልግሲ ኣይኮነን። ንሶም ኣታሊሎም ከም ዝተቐበሉ እምበር ንስኻ ደንጊጽካን

ኣፍቂርካን ከምዝሃብካዮም ኣይቁጸርን እዩ እሞ ካብ ኩሉ ከይትተርፍ ሕሰብ።

## ፍትወይ!!

ደው ምስ በልካ ከም እትወድቕ፡ ምስ ትወድቕ ከም እትትንስእ ዘክር። ምስ ሓጢኣትካ እንተ ሞትካ ግን መተንስኢ የብልካን እሞ ንስሓ እቶ። ብዝሞቱ ወገናተይ የልቅስ ኣለኹ እንተኾነ ግን ኣይሰምዑንን። ንዓኻ ግን ብደውካ ይመኽረካ ኣለኹ እሞ ስምዓኒ።

## ፍትወይ!!

ደው ክትብል ከለኻ ትወድቅ ተዘይመሲልካ ትዕቢት ሓዲርካ ኣሎ እሞ ተጠንቀቕ። ክትወድቕ ከለኻ ከኣ ትትንስእ እንተ ዘይመሲልካ ባዕሉ ሰይጣን ሓዲርካ ኣሎ እሞ ተገሰጽ።

●●● ●●●

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ፍትወይ!!

ኩሉ ነገር ምስ ዝስተኻኸለልካ ካብ ፈተና ነጻ ምስ ትኸውን ፍራሕ። እዚ ንጸሎት ስለ ዘረስዕ። ጸሎት ዝረስዐ ሰብ ኣብ ውሽጢ ኲናት ዕጥቁ ንዝደርበየ ወተሃደር ይመስል። ጸሎት ምስ ተቋርጽ ገዛእ ሰበይትኻን ደቅኻን ከይተረፉ እኳ ይለዓሉኻ (ይትንስኡኻ)።

## ፍትወይ!!

ንስኻ ካብ ትፈልጦ ጥራይ ዘይኮነስ ንሱ ካብ ዝፈልጦ ንኺጋርደካ’ውን ንእግዚኣብሄር ለምኖ።

## ፍትወይ!!

ጸላኢ ኣለኒ እናበልካ ኣይተውሪ። ንሰብ ጸላኢኡን ፈታዊኡን ገዛእ ነብሱ ስለ ዝኾነ።

## ፍትወይ!!

ዓለም ክልተ ኢያ እሞ ንወረ ኣይትተሃወኽ። ወይ ጽቡቕ ወይ ክፉእ ክትሰምዕ ኢኻ። ሰብ ዘምጽኦ ክፉእ

ብእግዚኣብሄር ይኽርሻሕ፡ ቀጥዓ እግዚኣብሄር ድማ ብንስሓ ይምለስ ኢዩ እሞ በሊሕ ኩን።

## ፍትወይ!!

ጽባሕ ንዘይ ትደግሞ ሎሚ ኣይተልምድ። ንቐጻሊ ዘይትቕበሎ ኣመል ሎሚ ብስቕታ ኣይትሕለፍ። ንሓቂ ግን ብፍቕሪ ግለጽ።

## ፍትወይ!!

ንድኻታት ፍቶ፡ ሬሳኻ ዝሓጽቡን  ኣስከሬንካ ዝስከሙን፡ ንብዓቶም ኣፍሲሶም ዝፋነውኻ ንሶም ኢዮም። ሃብታማት ንዓሙኢቅ ሕቶኻ ኩሉ ብገንዘቦም ጥራይ ክምልሱልካ ይደልዩ ድኻታት ግን ርእሶም ይህቡኻ።

## ፍትወይ!!

እቶም ዓበይቲ ተወዲኦም ንኣሽቱ ዓበይቲ ኮይኖም ፡ ኣስተውዓልቲ ተወዲኦም ደናቑር ምሁራት ኮይኖም እዮም እሞ ጸልይ። ፈሪሃ እግዚኣብሄርን ጽቡቕ ባህልን ኣይትግደፍ።

## ፍትወይ!!

ወገንካ እናቋሸሽካ ንባዕዳውያን ኣይተድንቕ። ገንዘብካ ኣብ ባዕዲ ሃገር ኣይተቐምጥ። ወላ እንተኸፍአ ንረሃጽካ ሃገርካ ክትበልዖ ይሓይሽ። ኣብ ባዕዲ ሃገር ብዙሕ ዝሰርሑ ሓወልቲ ኣይተሰርሓሎምን። ኣብ ሃገርካ ዝሰራሕካዮ ግን ክዝከር ይነብር።

## ፍትወይ!!

ንስጋኻ ብዙሕ ኣባኺንካ ምስ ጎሒላን ጠንቋልን ከይተረረፈ ተቖሪንካ። ናይ ሃብታማት ሓጢኣት ዓጃቢ ኮይንካ ንዘይኣመንካሉ ነገር ባርያ ኮይንካ ኢኻ። እንታይ ደኣ ! ንነብስኻ እትሰርሓሉ ደኣ እሞ መዓስዩ ?

## ፍትወይ!!

ናይ ኣቦታትካ ጽቡቕ ስራሕ ኣብነት ግበር። ካብ ክፉእ ስርሖም ተመሃር እምበር ወዳስን ወቓስን ጥራይ ኣይትኹን። ካልኦት ክኾንዎ ዘለዎም ክትፈልጥ ንስኻ ክትኮኖ ዘለካ ከይጠፍኣካ ተጠንቀቕ። ከምኡ ድማ ንስኻ'ውን ኣብ ቅድሚ ታሪኽ ከም ዘለኻ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ሰብ ካብ ታሪኽ ኣይመሃርን። ካልኣይ ኲናት ዓለም ዘለዓዓለ ኣብ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ዝነበረ ወለዶ ኢዩ። ቀዳማይ ኲናት ዓለም ምስተላዕለ 25 ዓመት ከይመልአ መሊሱ ካልኣይ ዓለም ኲናት ተላዕለ። ሰብ እግዚኣብሄር እንተዘይ ሚሂርዎ ካብ ታሪኽ ኣይመሃርን። ንስኻ ግን ናይ ጽቡቕ እምበር ናይ ክፉእ ታሪኽ ዝደግም ኣይትኹን።

## ፍትወይ!!

ክፍኣት ኣይሙቅካ፡ ጽቡቅ ነገር ከኣ ኣይቁርርካ። ንክፍኣት ዓቅሚ ካብ ሃለወካ ንሰናይ ነገር'ውን ኣቅሚ ኣለካ። ተግባርካ ናይ ምርጫኻ ውጽኢት እዩ እሞ ሕሰበሉ። ክፉእ ሰሪሕካ ድቃስ ምስ ዝወስደካ ኣብ ሰይፊ ከም ዝደቀስካ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

እንቢ ንሰብ እንቢ ንእግዚኣብሄር ኣይትበል። ምኽሪ ዘይሰምዕ ሰብ መከርኡ ኣይውዳእን እዩ። ንሰናይ ስራሕ ግዚኡ ሓሊፉ እዩ ሕጂ ኣይጥዕምን እዩ ኣይትበል። ሰባት ኣይሕዘኑልካ፡ ብጽቡቅ ምርጫኻ እንተሓዘኑ ግን ኣረድኣዮም እምበር ኣይትጨነቅ።

## ፍትወይ !!

ኩሉ ታሪኽ ምስ ተንብብ ጽቡቅ ሰሪሑ ዝተጎድአ፡ ከፉእ ሰሪሑ ዝረብሐ የለን እሞ ቅንዕና ምረጽ። ኣመል ኣብ ማእከል ዘመድ ዃና፡ ብወገን መቅርብካ በይናውነት ይገብር እዩ እሞ ንኣመልካ ኣመሓይሽ። “ንሰብ ሃገሩ ግብሩ ንብዕራት ሃገራ ሾኻኡ” ይበሃል እዩ እሞ ኣመልካ ኣስተኻኽል።

## ፍትወይ!!

ንስጋዊ ጥቅሚ ከምኡ’ውን ንመሕለፊ ሽግርካ ኢልካ ጥቅሚ ዘለዎ ሓዳር ኣይትድለ። ናይ እግዚኣብሄር ቃል ኪዳን ዘቃለለ ከይተቀዝፈ ስለ ዘይተርፍ።

## ፍትወይ!!

ሰብ ካብ ክዕዘበካ ክቅየመካ ይሓይሽ እሞ ዘዐዝበካ ኣይትስራሕ።

## ፍትወይ!!

ዑፍ ዘሊላ ዘሊላ፡ ነፋሪት ከኣ በሪራ በሪራ ናብ መሬት ምዕላቦም ከምዘይተርፍ ሰብ ከኣ ነይሩ ነይሩ ናብ መሬቱ ኣይተርፎን እዩ እሞ ከም ትመውት ኴንካ ብምንባር ሓቂ

ተዛረብ፡ ንስራሕካ ከኣ ቆጻራ ከይሃብካ ኣብ ዝተዋህበካ ግዜ ፈጽሞ።

# ፍትወይ!!

ናይ ሃገርና ሰብ ከልቢ ከእዊ ከሎ ሰብ ክመውት እዩ ይብል። ኣነ ክመውት እየ ግን ኣይብልን። ካልኦት ብዕሽነት ዝሞቱ ንሱ ግን ብብልሓቱ ከም ዝቆመ ይመስሎ። ንፈታዊኡ ቀቢሩ ሳልስቲ ዓለም ከንቱ እያ ንእገለ እኳ ኣይኮነትን እናበለ መናኒ ኮይኑ ይነብር። ሳልስቲ ኣልቂሱ ብድሕሪኡ ናይ መካሰሲ ወረቀት ከጽሕፍ ይጅምር። ናይ ወኻርያ ብሕትውና ዝበሃል እዚ እዩ። ናይ ሃገረይ ሰብ ይመውት ኣለኹ ኢሉ ዑቁብ ይኣቱ። ይመውት ኣለኹ ኢሉ ግን ንስሓ ኣይኣቱን። ናይ ሃገርና ሰብ ሞይተ ኣበይ ክቅበር እየ ? እምበር ብነፍሰይሲ ኣበይ ክኣቱ እየ ? ኣይብልን። ካብ ህይወቱ ንሞቱ የኽብር። ንስኻ ግን ካብዚ ኩሉ ርሓቕ።

# ፍትወይ!!

ልብኻ ዝፈልጥ እግዚኣብሄር እዩ እሞ ገጽካን መልሓስካን ቅኑዓት ይኹኑ። ግዜ ረኺበ ኢልካ ንማንም ኣይትጉዳእ። ግዜ ነዚኦም ከም ዝሓለፎም ንዓኻ'ውን ስለ ዝሓልፈካ።

## ፍትወይ!!

ሞንኲስካ ብዝተመርዓወ፡ ተመርዒኻ ብዝሞንከሰ ኣይትቕናእ። ብጽቡቕ ምርጫኻ ምጥዓስ ውርደት ስለ ዝኾነ። ዓበይቲ ምርጫታት'ውን ኣየዕግቡን። ክርስቶስ ግን የዕግብ ኢዩ።

## ፍትወይ!!

ሰብ ንኽኾኑ ዝደኸምካሎም ሰባት ሰብ እንተዘይኮይኖም ተስፋ ኣይትቑረጽ እዞም ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት ብንስሓ ልቦም ንኽዳሎ እንተዘይኮይኑ ወይ ድማ ጽዋኦም መሊኡ ንኽቕጽዑ ኢዩ።

## ፍትወይ!!

ኣብ ቤት መቕደስ ዘምዮም ተባሂሉ ተዝንገር ብብኽያት ትሓዝን ኢኻ ምኽንያቱ ናይ እግዚኣብሄር ቤት ስለ ዝኾነ። ዝዓበየ ቤት መቕደስ ግን ንስኻ ምዃንካ ረሲዕካ ስጋኻ ንኣመንዝራ ኣሕሊፍካ ሂብካ። ግዜ ተስፋ ዘቝርጸካ ዘይምውሳን ኢዩ እሞ ወስን !

## ፍትወይ!!

ካብዚ ዓለም ምስ ሓለፍካ ዝነብር ስምካ ኢዩ። ወይ ጽቡቕ ስምካ ወይ ክፉእ ስምካ ይነብር። ይሁዳ ማለት <<ምስጋና>> ማለት ኢዩ። እዚ ስም ጽቡቕ እኳ እንተ ኾነ ኣብ ሓደ ዘመን ነዚ ስም ዝሓዘ ጎይታኡ ሸይጡ ስሙ ኣኽፍአ። ኣይሁድ ማለት ናይ እግዚኣብሄር ህዝቢ ማለት ኢዩ። ጎይትኦም ሰቒሎም ስማም ኣጥፍኡ። ስምካ ልዕሊ መቓብር ይነብር ኢዩ እሞ ንስምካ ብጽቡቕ ተግባርካ ኣመቅሮ። ናይ ስም ጨው ግብሪ ስለ ዝኾነ። ካብ ጥቕምኻ ንስምካ ካብ ስምካ ንነፍስኻ ንበር።

## ፍትወይ!!

ንስኻ ከይተባረኽካ ብዝተረግሙ ኣይትሕረቕ። ኣእምሮኻ ባዶ ገዛ ኣይኹን። ተሰሪሖም ሰብ ዘይኣተዎም ባዶ ገዛውቲ ዑና እዮም ዝኾኑ። ንስኻ’ውን ሰብ ዘየፍቅር እንተድኣ ኾይኑ ልብኻ ቤትካ እናፈረሰ ኢዩ እሞ ተጠንቀቕ። ዝተዓጽወ ገዛ ይሸትት ኢዩ። ዕጽው ሰብ ከኣ መኣዛ የብሉን።

## ፍትወይ!!

ገንዘብ ዝምልሶ ናይ ገንዘብ ሕቶ ጥራይ እሞ ንኹሉ ገንዘብ የድልየኒ ኣይትበል። ንዘለዎ ኣይትጉየየሉ ለቃሕ ንዘይመልስ ጉየየሉ። ምጽዋትካን ግብርኻን ብመጠን ዓቕምኻ ይኹን እምበር ካብ ዓቕምኻ ኣይትንኣስ። ድኻ ክንስኻ ተለቂሕካ

ህያብ ኣይትሃብ። ብጣዕሚ እንተዘይ ተሸጊርካ ንኣሽቱ ነገራት ኢልካ ኣይትለቃሕ። ናትካ ስራሕ እንተወዲእካ ዘይተወደአ ናይ ካልኦት ስራሕ ፈጽመሎም።

## ፍትወይ!!

ንሃብታም ኣይትስሓቕ። ሓድሽ ሃብቲ ኣብሾ ከም ዝሰተዩ የዐብድ ኢዩ'ሞ እንተ ኺኢልካ ንፈታዊኻ ሓዞ። ናይ ድኻ ጉልበት ኣይሕለፍካ። ንዝልምን እናሃብካ ንዝሰርሕ ሳንቲም ኣይትቆጻጸር። ከም እምነትካ የንብረካ ኢዩ እሞ ኣይትጸባጸብ። ብዘይ ሰብ ሰብ ኣይኮንካን እሞ ሰብ ኣይትጽላእ ሰብ ንሰብ ይፈቱ። ዝወጻእካሉ መሳለል ኣይትቅላዕ ንምውራድ'ውን ከድልየካ እዩ። ንድኻታት እንዳልፋዕካ ንሃብታማት ብልዑለይ ኣይትበል።

## ፍትወይ!!

ንሓዳር ክትመርጽ ኢልካ ንኹለን ኣዋልድ ምፍታው ሕማም እዩ እሞ እዚ ጠባይካ ከይገደፈካ ሓዳር ኣይትግበር። ናይ እዋን ሽግር ብጻይካ ኣይትረስዕ። ናይ ድኽነት ሰበይትኻ ነቲ ድኽነት መሲላ ኣይትረኣየካ። ኣብ ዘይዓደሙኻ ኣማኻሪ ኣይትኹን። ኣብ ዘይጸውዑኻ ቦታ ኣቤት ኣይትበል። እንተዘይ ኸድካ'ውን ጉድለት ኣብ ዘይክሰተሉ ቦታ ግዜኻ ኣይተባኽን። ከይሾሙኻ መራሒ ኣይትኹን። ኣብ ቅድሚ ሰብ ወገን ዘይብሉ ኩን ክስሕቁልካ እትስሕቕ ከቍጥዑ

እተልቅስ ኣይትኹን። ምኽንያቱ ንስኻ ሰብ እምበር ከልቢ ስለ ዘይኮንካ።

## ፍትወይ!!

ንእትፈትዎ ሰብ ኣብ ኩሉ ጽወታኻ ማሕላ ኣይተልምዶ። ማሕላ ምልማድ ናይ ሓሶት መንገዲ ምርኣይ ስለ ዝኾነ። ንዝተስተኻኸለ ሰብ ፈታዊ ምግባር ጽቡቕ እኳ እንተኾነ ንዘይተስተኻኸለ ፈታዊ ምግባር ግን ኣቦነት ምዃኑ ሕሰብ።

## ፍትወይ!!

ወላሓንቲ ኣይከውንን እየ ኢልካ ኣብ ናይ ሓጥኣን ጉባኤ ኣይትሳተፍ። እቲ ሽግር ንዓይ ክትንከፈኒ ኣይክእልን ኢልካ ናይ ስሕተት ኣሰራርሓ ምስ ዘድንቑ ኣይትተሓባበር። ጨው ማይ ክትቀድሕ ኢላ ናብ ወሓዚ ወሪዳ፡ ኣይኮነን ክትቀድሕ ንርእሳ ማይ ኮይና ተሪፋ ከም ዝኾነት ምሳሌ ኳንካ ከይትተርፍ ተጠንቀቕ።

●●● ●●●

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

## ፍትወይ!!

ኣብ ዝተስተኻኸለ መንገዲ ናይ ትራፊክ ምልክት ወይ ከኣ መጠንቀቕታ ኣሎ። ህይወትን ናብራን ምስ ዝስተኻኸለልካ ምጥንቃቕ የድሊ። ሰብ እንተ ጥዒምዎ ዝሰርሖ ኣይፈልጥን እዩ እሞ ክሕዘነሉ ዝግባእ ንዝጸገበ ኢዩ። ሰብ ምስ ዝስእን ግን ናብ እግዚኣብሄር'ዩ ዝጽሊ ወይ ከኣ ንሰብ ይልምን።

## ፍትወይ!!

ወላ'ውን እተኸብሮ ሰብ እንተኾነ ግዲ እንተ በለካ ዘስክር መስተ ኣይትስተ። ንመስተ ክሳብ እትሰትዮ ትእዝዞ። ምስ ሰተኻ ግን ንሱ ኢዩ ዝእዝዘካ። ሰባት'ውን ጋቢዞም ይዕዘቡኻ።

## ፍትወይ!!

ዓለም ሽሕ ንዝቐተለ ጅግና፡ ሓደ ንዝቐተለ ገበነኛ፡ ሓንቲ ማልያ ዝሰረቐ ሌባ ሚልዮን ገንዘብ ንዝሰረቐ ግን ጅግና ትብሎ እያ'ሞ ካብ እዛ ፍርዲ ኣልቦ ዝኾነት ዓለም ድሓን።

## ፍትወይ!!

ናይ ኣመል ድኻ ኣይትኹን። ንኹሉ ኣይትጀምር ብሓደ ተግባር ውጽኢታዊ ኩን። ከም ከልቢ ንኹሉ ጥዕም ጥዕም ኣይተብል። ኣመል እምበር ወርቅን ሞያን ኩሉ ግዜ ኣየንብረካን ኢዩ እሞ ሕሰበሉ። ብልዕኻ ካብ ብዙሕ ዓይነት ጸብሒ ሓደን ምቁርን ይኹን። ቅብኣትን ስጋን ኣይተብዝሕ። እዚኦም ድሕሪ በደል ዝመጹ መግቢ ኢዮም። ንወዲ ሰብ ኣብ ገነት መግቡ ኣትክልቲ ኢዩ ኔሩ። ስለዚ ኣትክልቲ ኣዘውትር።

## ፍትወይ!!

ናይ ጓልንስተይቲ ምኽሪ ደጊምካ ሕሰበሉ። ብዙሓት ቀተልቲ ነፍሲ ካብ ጓለነስተይቲ ዝተላእኩ ኣገልገልቲ ከም ዝኾኑ ፈሊጠ ኣለኹ። ከም ዝበጻሕካዮ ኮንካ ኣይትውቀስ፡ ከም ዝተላእኩ ከኣ ኣይትዋጋእ። ንሰናይን ክፉእን ምኽሪ ሓደ መዓልቲ ሓዲርካ ሕሰበሉ።

## ፍትወይ!!

ዝተሎግመ ፈረስ ኣይከይድን፡ ዝተኣሰረ ኣእምሮ ኣይንቀሳቐስን ኢዩ’ሞ ብፍቕሪ ገንዘብን ዓሌትነትን ኣይትተኣሰር። ብሓደ ግዜ ክልተ ነገር ንምኧን ኣይከኣልን። ክርስትያንን ዓሌተኛን። ስለዚ ሓዲኡ ምረጽ።

## ፍትወይ!!

ነገራትካ ብልክዕ፡ ንቓላትካ ብጣዕሚ፡ ንድምጽኻ ብህድኣት ፈጽሞ። ብዝተኸፍተ ኣፍ ርእሲ ስለ ዝርአ። ብስጋ ካብ ዝተወልደ ሓውኻ ብሓሳብ ሓደ እንተ ዘይኮይንካ ኣይትገረም። ብዕላማ ምስ ትፈትዎ ዓርክኻ ግን ሓደ ክትከውን ኢኻ።

## ፍትወይ!!

ዕውር ንኸይብሉኻ ንዘይርኣየካ ይርኢ ኣለኹ ኣይትበል። ጨካን ንከይብሉኻ ንዘይተሰምዓካ ኣውያት ይሰምዖ ኣለኹ ኣይትበል። በቃቕ ንከይብሉኻ ኣብዘይዓቕምኻ ክረድእ እየ ኣይትበል። ነገራት ኣይርድኦን እዩ ከይብሉኻ ንዘይተረድኣካ ከምዝተረድኣካ ኴንካ ኣይትሕለፍ።

## ፍትወይ!!

ልብሱ (ክዳኑ) ዝረስሐ፡ ህይወቱ ደንበርበር ዝበለ ሰብ ኣይትንዓቕ። ልብሱ ጻዕዳ ዝኾነ ነገሩ ግን ላማ ካብ ዝኾነ ዘመናዊ ሰብ ተጠንቀቕ። ህይወቱ ደንበርበር ዝኾነ ናይ ቀደም ሰብ ዕድመ ኔርዎ፡ ኣካይድኡ ለማጭ ዝኾነ ናይ ሎሚ ሰብ ግን ዕድመ የብሉን።

## ፍትወይ!!

ምስ ዘይትኽእሎ ጐይታ ኣይትቃለስ። መዓልቱ ምስ ዘሃቦ ተረኛ ኣይትወዳደር። ንኹሉ ጌጋኻ ግን ብግርህነት ንገር። መልሓስካ ንመግቢ፡ እዝንኻ ከኣ ነገራት የስተማቅር። ናይ እዝኒ ኩኩዕ ሕማቕ ነገር ከምዘይሕልፍ፡ ከፉእ ወሬ ዘየሕልፍ ናይ ጸሎት ኩካዕ ይሃልኻ። ፈተንኡ ፈተናኻ ንኸይከውን ምስ ሰብ እናዕለልካ ብልብኻ ጸልይ።

## ፍትወይ!!

ስልጣን ኣብ ሽቃጦ፡ ሃብቲ ኣብ ኢድ ዓዋሉ ምስ ዝወድቕ ሃገር ይጭነቕ ኢዩ እሞ ካብዚ ንኸድሕነና ጸልይ። ናይ ምድሪ ጉልበት ኣብ ኢድ ብልሽዋት ኣትዩ ኢዩ። ከሓፍሩ ዝግብኦም ዘይሓፈሩ ንስኻ ከይትሓፍር ደጊምካ ሕሰብ። ፍሬኖኣ ዝተበትከ መኪና ክትከይድ ዘይኮነስ ደው ክትብል ኢዩ ልቢ ዘዕርፎ። ናይ ሎሚ ዘመን መንእሰይን ሽማግለን ከኣ ከምዚ ኮይኖም እዮም እሞ ደው ክንብል'ሲ ጸልይ።

## ፍትወይ!!

እግዚኣብሄር ዘይፈትዎ ተግባር ማለት ኣባኻ ክገብርዎ ዘይትፈትዎ ተግባር ኣብ ካልኦት ዘይምግባር ኢዩ እሞ ትእዛዙ ኣፍቅር። ንጉስ ምምራሕ ገዲፉ ክፍክር፡ ኣቕሽቲ ናይ ፖሎቲካ መጋበርያ ክኾኑ፡ ወተሃደር ዓሌተኛ ክኸውን ከፉእ

እዩ እሞ ጸልይ። ኣብ ቦታ ሰብ ሰብ ኢኻ እሞ ንማንም ኣይትፍረድ።

## ፍትወይ!!

ሓንቲ ሰናይ ፍልጠት ከይጨበጥካ ዝወዓልካሉ መዓልቲ ከም ዝነበርካ ጌርካ ኣይትቝጸሮ። ስለዚ መጻሕፍቲ ኣንብብ፡ ንፈላጣት ሕተት ንኹሉ ከይንዓቕካ ስማዕ። <<ኣናብብኡ እንተ ፈሊጥካዮ ኩሉ ሰብ መጽሓፍ ኢዩ>> ዝተባህለ ኣይትረስዕ። ገንዘብ ኣብ ኢድ ሃብታማት፡ ጥበብ ኣብ ኣፍ ድኻ ከምዘሎ ኣስተውዕል።

## ፍትወይ!!

ቀሺ፡ ህጻንን ፖሊስን ኢድ ምዝርጋሕ ይፈትዉ ኢዮም። ንስኻ ግን ብፍቕሪ ሃብ እምበር ክፈትዉኒ ኢልካ ኣይትሃብ። ዕለታዊ ንጽህና ዝደልዩ ንስንን፡ ኣፍንጫኻን እዝንኻን ኣጽሪ። እንበልዖም መግብታት ቀለም ስለ ዘለዎም ንስንና ይብርዝዎ። ስለዚ ነቲ መግቢ ብብራሽ ነቲ ሕብሪ ከኣ ብመወጽ ኣወግድ።

## ፍትወይ!!

ዳኛ ኴንካ ምስ ትቕመጥ ንእግዚኣብሄር ብምፍራሕ ፍረድ። ናይ ሕጊ መበገሲ ሕልና ኢዩ እሞ ሕልናኻ ይበልጽ። ናይ

ሰላም ኣማራጺ እምበር ናይ መቕጻዕቲ ኣማራጺ ብዙሕ ኣይትከተል። ቅጽዓት ንሰብ ዝሓሸ ስለ ዘይገብሮ።

## ፍትወይ!!

ኣብ ዓለም ምስ ሞትካ ዝገድፉኻ ሓኪምን ጠበቓን ኢዮም ይበሃል ኢዩ እሞ ሓኪምን ጠበቓን ምስ ትኸውን ኣይትጨክን፡ ምኽንያቱ ኩላትና ኣብ ሽግር ስለ ንወድቕ።

## ፍትወይ!!

ዓለም ትሓልፍ። ዓለም ከም እትሓልፍ ልዕሊ ማንም ግዜ ሎሚ ብዝተዓጥቀ እልፊ መሳርያታት ተረጋጊጹ ኢዩ። ናይ ጎቦታት በረድ እናመኸኹ ባሕሪ ክገብሩ እዮም ተባሂሉ እናተሰግአ ኢዩ። እንታይ ደኣ ኣብ ሰማይ ሃገር ብነጻ ገዚእካ ዲኻ ? ናይ ሓንቲ ዓለም ዋና ሓዘኑ መጸናንዒ የብሉን። ናይ ሰማይ ተስፋ ዘለዎ ግን ሓዘኑ ይጸናናዕ።

●●● ●●●

# ምዕራፍ ሸዱሸተ

## ፍትወይ!!

ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ዝኾነ ሽግር ምስ ዝገጥመካ እግዚኣብሄር ብቖጥታ ክረድኣካ ሓሲቡ እዩ’ሞ ኣይትፍራሕ። ነቲ ኩነታትካ ግን ብጸሎት ዘክሮ። ዝኾነን ዘሎን ዝነበረ እዩ’ሞ ሓድሽ ነገር ዘሎ ኣይምሰልካ። ሃብታማትን ሰበስልጣናትን ፍሉያት ሰባት ኣይኮኑን፡ ካብ ማእከልና ዝወጹ እዮም። ስለዚ ፍተዎም እምበር ኣይትፍርሃዮም።

## ፍትወይ!!

ጠቢባን ናብ ጠፈር ዝጎዓዙ ናይ ከባቢኦም ሽግር ወዲኦም ዶ ይኾኑ ? ብዛዕባ ግዳምሓደር ክሓስቡ ኣይደልዩን። ብዛዕባ ጠፈር ግን ይጭነቑ።

## ፍትወይ!!

ሰብ ሃገሩ ገዲፉ ዝኸይድ መግቢ ዝበሃል ነገር ንምብላዕ ይመስለካ ? እንጌራ ዝበልዕ እንተኮይኑ ስጋ ንምብላዕ፡ ሃራንበ ዝገብር እንተኾይኑ ድማ ድሓን ዝኾነ ጫማ ንምውዳይ እምበር ጫማ ዝበሃል ነገር ንምውዳይ ኣይኮነን። ሓድሽ ነገር የለን። ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ኩሉ ግዜ ሓድሽ ኢዩ።

## ፍትወይ!!

ምርካብን ምስኣንን ተራ ናይ ናብራ እምበር ሓደጋ ኣይኮነን። ዝተቐበልካዮ ናትካ ዘይነበረ ኢዩ። ዝተወስደካ ከኣ ናትካ ዘይኮነ እዩ’ሞ ኣይተንጸርጽር።

## ፍትወይ!!

ክትጸግብ እትጠሚ፡ ክትጠሚ ከኣ ትጸግብ ኣይመስለካን። ነገር ግን ኩሉ ይልወጥ ኢዩ። ሎሚ ዘለኻዮ ኣብ ጸልማት እንተ ኾይኑ ቀጺሉ ዝመጽእ ብርሃን ስለ ዝኾነ ደስ ይበልካ። ሎሚ ዘለኻዮ ብርሃን እንተ ኾይኑ ኣብ ዝቕጽል ከይጽልምተካ ተጠንቂቕካ ሓዞ። ኣብ ውሽጢ መከራ ካብ ዘሎ ሰብ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጎስ ዘሎ ሰብ መጻኢኡ ዘፍርሕ ምዃኑ ሕሰብ። ናይ ብሓቂ ጽጋብካ ከም ዝሓለፈ ጥሜትካ ከም ዝሓልፍ’ውን እመን።

## ፍትወይ!!

ገያሻይ ቆላ ኣይርእን ደጋ ጥራይ እዩ ዘርኢ ክርኢ ደልየ ተበለ ኣብ ደጋ ክቆውም ኣለዎ። ተጓዓዛይ ንኹሉ ኢዩ ዝርኢ። ጥሉል ይኹን ደረቕ። ንስኻ’ውን ናይ ህይወት ተጓዓዛይ ኢኻ እሞ ንኹሉ ምርኣይ ክሳብ ዘይፈተኻ ምንባር ኣይትኽእልን። ክወግሕ ደስ ከም ዝበለካ ክመሲ’ውን ደስ ይበልካ። ሃብቲ ካብ ዝበሃል ናይ ገንዘብ ዘመናዊነት፡ ስልጣን ካብ ዝበሃል ፍርሃት፡ ዝና ካብ ዝበሃል ማእሰርቲ

እትገላገለሉ እግዚኣብሄር ምሽት ምስ ዘምጽእ ምኳኑ ፍለጥ። ኣብ ናብራ ምሽት ብጣዕሚ ንእሽተይ ኢኻ ትበልዕ፡ ንኻልእ ዘይኮነስ ንርእስኻ ትቆጻጸር፡ ነፍስኻ ካብ ዘጨነቕዋ ከባቢ ተገላጊልካ ንኣምላኽካ ብናጽነት ትረክብ። ምሽት ፈታዊ ዝፍለየሉ ዓቢ መንፈት፡ ርእስኻ እትፈልጠሉ ዓቢ በዓል መዚ ምኳኑ ዘክር።

## ፍትወይ!!

ናይ ሰብ ዝተሰወረ ጠባዩ ዝግለጸሉ ምስ ዝረከብ፡ ምስ ዝቐጣዕ፡ ሓዳር ምስ ዝሕዝ፡ ምስ ዝሰክር፡ ምስ ዝስእን ምኳኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ናተይ መከራ ካብ ናይ ሰብ ፍሉይ ኢዩ ኣይትበል። እትሪኦ ርእስኻ ጥራይ ምኳኑ ምልክቱ እዚ ኢዩ። ከምኡ'ውን ናትካ ይሓይሽ። ትዕግስቲ ዘድልየካ ንምርካብን ንምስኣንን ኢዩ። ኣብ ዝጸገብካሉ ዕለት ከተማ ይጸበካ። ክጠሚ ከኣ ዓራት ትስከመካ እያ'ሞ ምርካብ ጥራይ ከም በረኸት ኣይትቑጸሮ። ኣብ ጥሜት ካብ ዝበደለ፡ ብግዜ ጽጋብ ዝብድል ይበዝሕ።

## ፍትወይ!!

ዝተረፈ ዓቕምኻ ናብ ምልፍላፍ ከይወስደካ ብሽግር ዘማርር ኣይትኹን። ጸሓይ ስለ ዝዓረበት ለይቲ ስለ ዝጸልመተ ኣይተማርር። ወርሒ ንኸይትስውረካ ጸልይ ! ብዛዕባ ዝሰኣንካዮ ነገር ጥራይ ተማርር ተኾንኳ ንጉድለትካ ኢኻ ተምልኽ ዘለኻ፡ ስለዚ ተመስገን ኣምላኸይ በል።

## ፍትወይ!!

ኣይተማርር። ትርጉም ምምራር ጸጽቡቕ ጥራይ ኢዩ ዝግብኣኒ ዝብል ምምጽዳቕ ስለ ዝኾነ። ምናልባት ትማሊ በዲልካ ከይተቐጻዕካ ሓሊፍካ ስለ ትኸውን መከራኻ ንተግሳጸይ ኢዩ ኢልካ ተቐበሎ።

## ፍትወይ!!

ሰብ ዝበሃል ፍጡር ሓሳቡ ብዙሕ፡ ፍጻሜኡ ንእሽተይ ስለ ዝኾነ ሓሳብካ ተሪፉ ፍቃድ እግዚኣብሄር ምስ ዝኸውን ፍጡር ምኺንካ መግለጺ ከም ዝኾነ ፍለጥ። ንዓለም ካብ ኩሉ ፕላኔታት ዝፈልያ ሕጊ ስለ ዘለዋ ኢዩ። ሕጊ ገደብ ኢዩ። ካልኦት ዘይትንክፉኻ ብሕጊ ተገዲቦም ካብ ኮኑ ንስኻ’ውን ንኻልኦት ከይትትንክፍ ብሕጊ ብምግዳብካ ደስ ይበልካ።

## ፍትወይ!!

መከራኻ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ካብ ኣምጽኣካ መኻሪ እምበር መከራ ኣይኮነን እሞ ደስ ይበልካ። ርእስኻ ፍጹም ነጻ ኮንካ ንሓደ መዓልቲ እኳ ተራኣኻዮ ዘይትሓስቦ ነውሪ፡ ደስ ዘይብለካ ርኽሰት የለን። ግራጭ ካብ ዘይብሉ ጠባይካ ግራጭ ይመጻካ። ናይ እግዚኣብሄር ግራጭ ሓጢኣት ኣይኮነን። ናትካ ግራጭ ግን ናይ ሓጢኣት ፍረ ኢዩ’ሞ ናቱ ግራጭ ኣይትጽልኣዮ።

## ፍትወይ!!

ንጸልማት ኣፍጢጥካ ዋላ ተራኣኻዮ ሰዓቱ ከይኣኸለ ኣይወግሕን። ንእግዚኣብሄር ገዲፍካ ንመከራኻ ተፍጠጥካሉ ወላሓንቲ ጥቕሚ የብሉን። እንተ ኣስተውዒልካሉ ጸልማት ጽባቀ ኣለዎ። ካብ ካባ ንላዕሊ ድሙቕ ኢዩ። እሾኽ’ውን ዕንባባ ኣለዎ። ክፉእ ሰብ’ውን ሓደ ጽቡቕ ነገር ኣለዎ። ኣስተውዕል ንክረምቲ ሓጋይ፡ ንለይቲ መዓልቲ ኣለዎ። ንዓኻ’ውን ግዜ ኣለካ። ግዜ ዝህብ ባዕሉ ግዜ ዘይኮነስ ናይ ግዜ ዋና እግዚኣብሄር ከም ዝኾነ እመንን ተጸበን።

## ፍትወይ!!

ትማሊ ምሸት ዝጀመርካዮ ኣይወግሕን ኢልካ ዘይኮነስ ብርሃን ተስፋ ጌርካ ኢኻ። ድሕሪ ለይቲ ለይቲ ኣይመጽእን።

ድሕሪ ለይቲ መዓልቲ ይኸውን። ከምኡ ድማ ሎሚ ተኸፍኣካን ተሓዚንካን ድሓር ዓቢ ምጽንናዕ ክኾነልካ እዩ።

## ፍትወይ!!

ናይ ተፈጥሮ ኣገባብ እናጸላእካ ነገራት ብተኣምራት መንገዲ ክኾኑልካ ኣይትመነ። ቀዋሚ ተፈጥሮ እምበር ተኣምራት ስለ ዘይኮነ። እግዚኣብሄር ካብ ተፈጥሮ ንላዕሊ ንዝኾኑ ተኣምራት ይገብር እምበር ተፈጥሮ ንምትካእ ተኣምራት ኣይገብርን። እቲ ተኣምራት ዝገብር ጐይታ ንተፈጥሮ'ውን ንሱ ገበሮ። ቀስ ብቐስ ምዕባይ ናይ ተፈጥሮ ድንጋገን ውህበትን ኢዩ። ሰሪሕካ ምብላዕ ከኣ ናይ እግዚኣብሄር ጻጋ ኢዩ። ከንዲ እቲ ንእስራኤል ዝወረደ መና ስራሕ'ውን ተኣምርን መናን ምዃኑ ሕሰብ።

## ፍትወይ!!

ብግዜ ዘይግደብ ከሎስ ንዓኻ ግን ናይ ግዜ ገደብ ዝሃበካ ጐይታ ኣመስግን። ብግዜ ዝገደበካ ስራሕካ ብቕልጡፍ (ብተሎ) ንኽትፍጽም፡ ናይ ተፈጥሮ ዓላማኻ ንኽተስተኻኽል ኢዩ። ኣብ ተፈጥሮ ናይ ግዜ ሕጊ ምግዳብ ግቡእ ወይ'ውን ዘሐጉስ ምዃኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ዕድል እግዚኣብሄር ኢዩ እሞ ዕድል የብለይን ኣይትበል። ንሱ ካብ ዝህበካ ብዙሕ ዕድላት ሓደ ሕጂ ተጠቐመሉ። ንሱ ድማ ናይ ነፍስኻ ምድሓን ኢዩ።

## ፍትወይ!!

ፍቕሪ ግዜ ይደሊ። እግዚኣብሄር ከኣ ስለ ዝፈትወካ ግዜ ክትህቦ ይደሊ። ግዜ ተዘይ ሂብካዮ ንኹሉ በቲኑ በይንኻ ይረኽበካ። ኣብ ዓራት ኣጋዲሙ፡ ኣብ እሱር ቤት ደርብዩ፡ ካብ ሃገር ኣርሒቑ ንበይንኻ ይረኽበካ ኢዩ እሞ ንእግዚኣብሄር ግዜ ሃብ።

## ፍትወይ!!

እግዚኣብሄር ስለ ዝገበሮ ነገር ንምንታይ ? ስለ ዝገብሮ ነገር ብኸመይ ኣይትበሎ። ንሱ እግዚኣብሄር ስለ ዝኾነ ዝፈተዎ ገበረ። ንናይ ሕጂ ኣርእስቲ (ኩነታት) ንምልዋጥ ከኣ ሓይሉ ኣይግመትን። ስለዚ ጽቡቕ ንኽኾነልካ ንእግዚኣብሄር ንምንታይ ? ካብ ዝብል ሕቶ፡ ስለምንታይ ? ካብ ዝብል ፍርሓት ውጻእ።

## ፍትወይ!!

እትቃለሶ ፈተናኻ እንተዘይተለወጠ እኳ ናትካ ጉልበት ይተርር (ይጥንክር) ኢዩ’ሞ እዚ ኅቦ ኣይድፋእን ኢልኒ ኢልካ ኣይትሕዘን። ብህጻንነትካ እተስተማቅሮ ምቁር ነገር ጥራይ ነበረ። ሕጂ ግን መሪር ቡን፡ ባዶ ሻሂ ትሰቲ። ህጻንነት ምቁር ጥራይ ዕቤት ግን መሪር ኢዩ ዘምጽወካ። ኣብ ናይ ሎሚ ቃልሲ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ትምህርቲ መርምር።

## ፍትወይ!!

ማንም ሰብ ብፍቓዱ ናብ ርእሱ መከራ ኣየምጽእን። እቶም ትፈልጦም መከረኛታት መከርኦም ዕሽሽ ኢሎም ተማባጺዖም ዘምጽእዎ ኣይኮነን። ንስኻ ከኣ ከምኦም ሰብ ኢኻ እሞ ብናይ ሰብ መንገዲ ምስ ትሓልፍ ከም መልኣኽ ኣይሓምምን ኣይጉዳእን ኢልካ ኣይትሕሰብ።

## ፍትወይ!!

ኩሉ ናይ ርእሱ ቃልሲ ስለዘለዎ ከም እገሌ ተዝገብረኒ ኣይትበል። ትዕግስቲ ሃበኒ ኢልካ ለምን። ኣብዚ ዓለም ዝሕዘነሉ እምበር ዝቕንኣሉ ሰብ ስለ ዘየለ።

## ፍትወይ!!

እገሌ ይዛረበለይ እገሌ መልሲ ይሃበለይ ካብ ዝብል ጽግዕተኝነት ተላቐቕ። ውሑድ እኳ ዋላ ተኾነ ንዘይትፈልጦ ሞያ ኣብ ሰራሕተኛታት ተኣማሚንካ ስራሕ ኣይትጀምር። ስልጣን ምስ ዝህቡኻ መራሒ እምበር ሓለቓ ኣይትኹን። ብቕድሚት ኮንካ እናቐደምካ ኣኸትል እምበር ብድሕሪት ኮንካ ኣይትቀደም።

## ፍትወይ!!

ናይ ስልጣን መጠንቀቕታኡን ዘለፋኡን ጌና ካብ ስሙ ከም ዝጅምር ፍለጥ። ሓደ ሓደ ግዜ <<ሹመት>> ይበሃል። እንተዘይሰሪሖምሉ <<ሽሕ ሞት>> ስለ ዝኾነ። ሓደ ሓደ ግዜ <<ሓለቓ>>ይበሃል። ንዝኾርዕሉ (ብዘይ ንብረት) ወይ ከኣ <<ባዶ>> ማለት ስለ ዝኾነ። ሓደ ሓደ ግዜ <<ሓላፊ>>ይበሃል። ተራእዩ ዝጠፍእ ስለ ዝኾነ። ንስኻ ግን ስልጣን ኣይትመነ። ብግዲ እንተ ሂቦምኻ ግን ብተኣማንነት ስርሓዮ። ካብ ናይ ፖሎቲካ ሹመት ናይ ሞያ ሹመት ከም ዝበልጽ ፍለጥ። ካብ ስልጣንካ ተወረድካ ግን ኣብ ሞያኻ ኢኻ ዘለኻ።

## ፍትወይ!!

ኣብ ውሽጢ መከራ ዘጸብቐልካ ካብ መከራ ምውጻእ ጥራይ ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ምቾት ግን ዘጸብቐልካ ካብ እንስሳን

ኣራዊትን ትትሕት ዝገብር ምንዮት እዩ’ሞ ንምቾት ኣይትተኣማመነሉ።

## ፍትወይ!!

ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ሕማም ስጋኻ ጥራይ ኣይትዛረብ። ሓሶት ይሓምም እየ ምባል’ውን ልመድ። ከይሓመምካ ኣይትገድፎ ኢኻ። ንስኻ ስጋ ጥራይ ኣይኮንካ ነፍስን ስጋን’ውን ኣለካ። ንነፍስኻ ከኣ ሕሰብ።

## ፍትወይ!!

ሰባት ክሓዝኑልካን ከንፈሮም ከረማጥጡልካን ኣይትድለ። መከራ ከወግደልካ ወይ ከኣ ዘኽእል ጸጋ ንኽህበካ ንእግዚኣብሄር ለምን።

## ፍትወይ!!

ብዕላማ ንበር፡ ዕንቅፋት ዘጽንዑኻ እምበር ስራሕካ ዘወግዱ ኣይኾኑ። ህይወት ቤት ትምህርቲ ምኧና ብዘይምፍላጥ ብዙሓት ቤት ትምህርታት ከየምልጡኻ ተጠንቀቕ። እግዚኣብሄር ብዘይ ብርዕን ሰሌዳን ብህይወት እናሕለፈ ከም ዘስተምህር ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጢ ህይወት ዘስተምህረካ ትምህርቲ ዘይርሳዕ ኢዩ። ቀሊል ቋንቋ ምዝራብ፡ ሰሓቕ ኣምጽኡ እናበልካ ምልጋጽ ንኽብቅዕ መከራ ኣገዳሲ ኢዩ። ፍረ ዘለዎ ክትዛረብ፡ ንሕማቕ መዓልቲ ተደላዪ ክትከውን፡ ንዝነድድ እሳት ምጥፋእ ክትክእል፡ እትዛረቦ ክትስማዕ ዝነግሩኻ እትሰምዕ ሰብ ክትከውን፡ ናይ ልዕልና ናብራኻ ከብቅዕ እግዚኣብሄር ንብስለትካ ዘምጽኦ ፈተና ተማሃረሉ።

## ፍትወይ!!

ኩሉ ትምህርቲ ሕማም ስለ ዘለዎ ኣጆኻ ኣይተማርር። ትንፋስ መውጽኢ ግዜ ክሳብ ትስእን፡ መልክዕ ደቅኻ ክሳብ ዝጠፍኣካ ምኽሳርካ ልዕሊ ኩሉ ከኣ ግዜ ንዝሃበካ ጐይታ ግዜ ምኽላእካ፡ ንባዕልኻ ዘለኻሉ ንስኻ ጥራይ ስለ ዝመሰለካ ንስኻ እንተዘይነበርካ ውን ህይወት ከምትቕጽል ንምምሃር፡ ሞይትካ'ውን ደቅኻ ከምዝዓብዩ ንምርዳእ እግዚኣብሄር ብንእሽተይ ከምትመውት ይገብር ኢዩ እሞ ብጻየይ ኣስተውዕል !

## ፍትወይ!!

ክርስትያን ንሓቂ ዓለማዊ ሰብ ሓድሽ ነገር ከምዝደሊ ፍለጥ። ንስኻ ግን ናይ ልቢ ዕረፍቲ ንኽትረክብ ሓድሽ ነገር ዘይኮነስ

ሓቂ ንዝኾነ ንዕኡ ንእግዚኣብሄር ድለ። ኣብ ውሽጢ ተፈጥሮ ናይ ኢዱ ዓሸራ መርምር።

## ፍትወይ!!

እግዚኣብሄር ንህይወት ዘዳለዋ ክትበጽሓ ከለኻ ጥራይ እትፈልጣ ጌሩ ኣይኮነን። ስለዚ ናይዚ እዋን ትንቢታት መርምር። ናይ መዓልቲ ኩነታት ኣየር ርኢኻ ኣለባብሳኻ ከም ተስተታኽኽል ናይ ዘመኑ ምልክት ርኢኻ ውን ምምልላስካ ኣመዓራሪ።

## ፍትወይ!!

እግዚኣብሄር  ክመኽረካ እምቢ ኣይትበል። ጓሳ ኣባጊዑ መጀመርያ ብድምጹ እምቢ ምስ ዝብላ ብበትሪ ይመልሰን። ንስኻ ከኣ እምቢ እንተኢልካዮ ከይቀጽዓካ ሕጂ ሕራይ ክትብል ብፍቓሪ ክትማረኽ ይሕሸካ። እግዚኣብሄር ኣብምንታዮም ተሃሪሞም ኣቤት ከም ዝብሉ ይፈልጥ ኢዩ'ሞ ኣብታ ቦታ እቲኣ ከይሃረመካ ተመለስ።

## ፍትወይ!!

ንስኻ ነብስኻ ስለ ዘይትፈልጥ ብዝበጽሓካ መከራ እንታይ ሰሪሐ ኢየ ? ኢልካ ንእግዚኣብሄር ኣይትሕተት። ንስኻ ዘይሰራሕካዮ ክፉእ፡ ንስኻ ዝሰራሕካዮ ጽቡቕ የለን እሞ ኣንኮራ መሓረኒ ምባል ይሕሸካ።

## ፍትወይ!!

ዓለም ብኽልተ ነገር ያ ተሰሪታ ዘላ። ሳልሳይ ነገር ስለ ዘይብላ ኣይትጨነቕ። ወይ ክረምቲ ኢዩ ወይ ከኣ ሓጋይ ኢዩ።

## ፍትወይ!!

መንእሰይ ከለኻ ጸጕርኻ ጸሊም፡ በጽሒ ምስኮንካ ይፍሕሹ፡ ምስ ሽምገልካ ግን ጻዕዳ ይኸውን። ብንእስነትካ ምስትውዓል ስለ ዝሓጽረካ ጸጕርኻ ጸሊም፡ በጽሒ ምስ ኮንካ ጉልበትን ጥበብን ስለ ዝወሃሃድ ፋሕሻው፡ ኣብ ሽምግልናኻ ፍልጠት ስለ ዝበዝሕ ጸጉርኻ ጻዕዳ ይኸውን። ጉልበት ዘለዎ መንእሰይ ምስትውዓል ይሓጽሮ፡ ምስትውዓል ዘለዎ ሽማግሌ ጉልበት የግድዖ። ጉልበትን ጥበብን ዝተወሃሃድዎ በጽሒ ምስ ትኸውን ብዙሕ ስራሕ ይጽበየካ።

## ፍትወይ!!

ሓኪም ንተሓካሚ ኮፍ ኣቢሉ ወይ ከኣ ኣደቂሱ እምበር ብደዉ ከምዘይ ሕክሞ እግዚኣብሄር ከኣ ኮፍ ኣቢሉ ወይ ከኣ ደርብዩ የስተምህር ከምኡ ድማ ይሕክመካ ኮፍ ከብለካን ክድርብየካን ጐይታየ እተስተምህረኒ እንታይ ኢዩ ? በሎ እምበር ኣይትሕዘን። ንሰብ ብደዉ ክትምህሮን ክትልውጦን ብዙሕ ግዜ ጭንቂ ስለ ዝኾነ እግዚኣብሄር ደርብዩ የስተምህረካ።

••• •••

# ምዕራፍ ሸውዓት

## ፍትወይ!!

ምምሳዩን ምብራቑን ልሙድ ኣይምሰልካ። ዓቢ እግዚኣብሄር ምሕረት ዓቢ ስለዝኾነ ኢዩ። ለይቲ ወጊሑ፡ ብርሃን ወጺኡ ካብ ዓራት ምውራድ ዘይከኣሉ ብዙሓት ወገናት ኣለዉ እሞ ስለዚ ስለ ዝወግሓልካን ካብ ዓራት ክትወርድ ስለ ዝኸኣልካን እኳ ምሉል መዓልቲ ክትዝምር ይግብኣካ።

## ፍትወይ!!

እንታይ ኣሎ ሓድሽ ነገር ? ምስ ዝብሉኻ ኲሉ ከም ቀደሙ እዩ ሓድሽ ዝበሃል የለን ትብል ኣለኻ። እንተ ኾነ ግን እዛ መዓልቲ እዚኣ ቅድሚ ሕጂ ርኢኻያ ትፈልጥ ዲኻ ? ስለዚ ሎምዓልቲ ንባዕሉ ሓድሽ ከም ዝኾነ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ናይ መዓልትን ለይትን ምፍርራቕ፡ ዓለም ፈጣሪ ጥራይ ዘይኮነስ ኣመሓዳሪ'ውን ከም ዘለዋ መረጋገጺ ኢዩ። ንኽትወፍር መዓልቲ፡ ንኽተዕርፍ ለይቲ ንዝፈጠረልካ ኣምላኽካ ኣድንቖ።

## ፍትወይ!!

ሽምግልና ንኽትርእያ ብንእስነትካ ንዝሸምገሉ ኣኽብር። ዝነዓቕካዮ ነገር እግዚኣብሄር ኣይህበካን እዩ እሞ ሽማግለ ንኽትከውን ንዝሸምገሉ ኣኽብር።

## ፍትወይ!!

ሓሙሽተ ዓይነት ዘውዲ ኣለዉ። እቲ ሓሙሻይ ግን ካብ ኩሉ ይበልጽ። ቀዳማይ፡- ናይ ንግስና ዘውዲ፡ ካልኣይ፡- ናይ ትምህርቲ ዘውዲ፡ ሳልሳይ፡- ናይ ተኽሊል ዘውዲ፡ ራብዓይ፡- ናይ ክህነት ዘውዲ፡ ሓሙሻይ ናይ ሽበት ዘውዲ ኢዮም። ኣርባዕቲኦም ዘውዲ ክመሲ ከሎ ይእለዩ። ዘይእለ ናይ ተፈጥሮ ዘውዲ ሽበት ግን ካብ ኩሉ ይበልጽ። መብለጺኡ ከኣ ብናይ ናብራ ምስትውዓል ምውላዱ ኢዩ።

## ፍትወይ!!

ናይ ክብሪ ናብራ ኣድካሚ ኢዩ እሞ ኣይትመነዮ። ሃብቲ ከኣ ዕግበት ዘይብሉ ስለ ዝገብረካ  ፍቕሪ ምረጽ። ንሓመድ ስጋይ ኣየኽበርዎን ኢልካ ጽልኢ ኣይተብዝሕ። ሎሚ እትረግጻ መሬት ሓደ መዓልቲ ክትረግጸካ ስለ ዝኾነት ኣካይዳኻ ብህድኣት ይኹን።

## ፍትወይ!!

ኣብ ግዜ መከራ ፈተውትኻ ኣይትረስዕ። ናይ ሎሚ ሰብ ጥራይ ኣይትኹን። ናይ ትማሊ ከኣ ሕሰብ። ክሳድ ዝተፈጥረ ዘወር ኢልካ ንምርኣይ ስለ ዝኾነ።

## ፍትወይ!!

ገንዘብ እንተዝህልወኒ ፈታዊ ምነበረኒ ኢልካ ኣይትሕሰብ። ፍቕሪ ብፍቕሪ እምበር ብገንዘብ ስለ ዘይግዛእ። ብገንዘብ ሓሳዊ ፈታውን ሓቀኛ ጸላእን ከም ትፈላልዮም ፍለጥ። ገንዘብ እንተኣሎ ብሰማይ መንገዲ ኣሎ ዝተባህለ ንነፋሪት እምበር ንጽድቂ ኣይኮነን እሞ ገንዘብ ተኣማሚንካ ናይ ክርስቶስ ተበጃውነት ኣይትረስዕ።

## ፍትወይ!!

ሓጎስን ሓዘንን ናይ ናብራ ተራ ነገር እዮም እሞ ንኹሉ ብትዕግስቲ ሓዞ። ናይ ሃገርና ሰባት ናይ ህይወት ተራ ነገር እናፈለጡ ህይወት ግን ቀላል ኮይና ኣይተረፈትን። ሰብ ክሽየም << ሽመትካ ይባረኽ>> ክወርድ ከሎ ድማ <<ሽመትካ ኣይሰምብድ>> ዝብል ህያብ ይህቡ ነበሩ። ናትካ ህያብ ግን ንሹመት ጥራይ ብምኳኑ ናይ ህይወት ተራ ነገር ኣይተረድኣካን ማለት ኢዩ። ናይ ሓበሬታ (ናይ ወረ) እምበር ናይ ህይወት ፍልጠት ዘይብሉ ሰብ የውሪ ግን ውሽጣዊ ሰላም ከምዘይብሉ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ቅንኣት እንተሓዲርካ ሕማም’ውን ብቕንኢ ትጅምር እያ እሞ ቅንኢ ኣርሕቕ። ሓቀኛ ፍቕሪ ምስ ዝህልወካ ፈታዊ ኣለዎ ኢልካ ዘይኮነስ የብሉን ኢልካ ከም እትሓስብ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ኣነ ጥራይ ብሽግር ይነብር ኢልካ ካልእ ብዘይምሽጋሩ ኣይትቕናእ። ምኽንያቱ ኩሉ ለማኒ ክኸውን ጽቡቕ ስለ ዘይኮነ። ሎሚ ዓለም ኣጨኒቕዋ ዘሎ ኩሉ ሃገር ብምሽጋሩ ኢዩ። ኩሉ ክሽገር ጽቡቕ ኣይኮነን እሞ ከምዚ ኣይትመነ።

## ፍትወይ!!

ክንፈ እንተዝነብረኒ ናብ ዝፈተኽዎ ሃገር ምኸድኩ ኔረ ኣይትበል። ክንፈ ዘለዎም ኣዕዋፍ ናብ ዝፈተውዎ ሃገር እኳ እንተኸዱ ካብ ገረብ ወሪዶም ክነብሩ ግን ኣይክእሉን። ንስኻ ከኣ ኣብ ዝኾነ እኳ እንተ ነበርካ ካብ ዝተፈቕደልካ ሓሊፍካ ከም ዘይትነብር ግን ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ናይ ሰብ ናይ ደረጃ ዕብየት፡ ነቲ ዘለዎ ናይ መጀመርያ ክፉእ ስራሕ ምስ ዘቋርጽ፡ ዝጀመሮ ጽቡቕ ተግባር ምስ ዝፍጽም ኢዩ እሞ ንኽፉእ ስራሕካ ብጥንሱ ስደዶ። ቀታሊኻ እንተ ተወሊዱ ሞትካ ቀረባ ኢዩ። ንጽቡቕ ስራሕካ ግን ብትግሃትን ረድኤት እግዚኣብሄር ብምልማንን ፈጽሞ።

## ፍትወይ!!

ውጥንካ ምስ ዝንእስ ውጽኢትካ ይበዝሕ። ውጥንካ ምስ ዝበዝሕ ድማ ውጽኢትካ ከም ዝንእስ ፈሊጥካ ውጥንካ ቀንስ። ሰብ ውጽኢታዊ ዝኸውን ብዙሕ ብምጅማር ወይ ከኣ ዓቢ ብምጅማር ዘይኮነስ ንሓደ ዝጀመርካዮ ብብቕዓት ከተዕብዮ ምኽኣል ምዃኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ምንጪ ከይዓበስካ ንዝፈስስ ምግዳብ ከንቱ ድኻም ኢዩ። ሓጢኣት ደው ከይበለ (ከይተቛረጸ) ከኣ መቕዘፍቲ ንኽተርፍ ምልማን ብላሽ ኢዩ እሞ ሓጢኣትካ ኣቋርጽ። እግዚኣብሄር ንኹሉ ሰብ ግራጭ ዝገበረሉ ተፈጥሮና ስለ ዝፈለጠን ሕራይ ስለ ዘይንብልን ምዃኑ ፍለጥ። ካህን ቅዳሴ ወዲኡ ምእመናን እናመጹ መስቀሉ ይሳለሙ። ሓደ ሌባ ከኣ ዝሳለም መሲሉ ግንባሩ እናንቀሳቐሰ ኣብ ማእከሎም ኣትዩ ኣዕገርገረ። እቶም ካህን ከኣ ከይገንሕዎ እቲ መስቀሎም ዝሳለም ዝነበረ ህዝቢ ግዜ ከልእዎ። ነቲ ሌባ ኣፍጢጦም ምስ ረኣይዎ፡- << ኣቦና ይፍቲ በሎም። ንሶም ከኣ፡-<<ኣይ ዘወደይ ኣይኮነን ፈቲሐካስ ከምዚ ዘለኻዮ ከማን ኣይከኣልኩኻን>> በልዎ ይበሃል።

እግዚኣብሄር ነጻ ብዘይ ሽግር ከንብረካ ኣይትመነ። ብዘይ ብእኡ እኳ ኣይተኻኣልካን።

## ፍትወይ!!

ሎሚ እትሪእን እትሰምዖን ሎሚ ዝጀመረ ኣይምሰልካ። ሓጢኣትን መከራን ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ስለ ዝነበረ። እግዚኣብሄር እንዳኸኣለ ንሰብ ብዘይ ምጥፍኡ ግን ከደንቐካ ይግብኦ።

## ፍትወይ!!

ብጣዕሚ ወቓሲ ታሪኽ ኣይትኹን። ንስኻ'ውን ኣብ ቅድሚ ታሪኽ ኢኻ እሞ ተጠንቀቕ። ዝሓለፉ ተመሊሶም መጺኦም ከዐርይዎ ኣይክእሉን። ንስኻ ግን ዕድል ስለ ዘለካ ፍለጥ። ታሪኽይ ክጽብቕ ኢልካ ኣምሰሉ ጻድቕ ኣይትኹን። ካብ ናብርኦም ሓሊፉ ኣብ ዘየለውሉ ዘመን ከኣ ክምለኹ ብዙሕ ዝደኸሙ ነገስታትን ጳጳሳትን ሎሚ ናይ ወለዶ ተወቀስቲ ኮይኖም ትምህርቲ ይወሃበሎም ኣሎ። ሎሚ ብቕንዕና እትሰርሖ ግን ንታሪኽካ ትሓድግ። ስራሕካ ስራሕ እምበር ንስምካ ኣይትንበር። ዓለም ከም መደብካ ስለዘይኮነ።

## ፍትወይ!!

እግዚኣብሄር ከም ዓረብያ ፈረስ ብኽልተ መኣዝን ጋሪዱ ኣይመርሓካን። ንሱ ፍትው ስለ ዝኾነ ናጽነት ሂቡ ናባይ ቅረብ ይብለካ። ሓጢኣት ሰሪሕካ እግዚኣብሄር ስቕ ምስ ዝብለካ ፍራሕ እምበር ኣይትዛነ። ንሱ ንሓደ ሓደ ብቕልጡፍ ንገለ ከኣ ኣጽኒሑ ኣብ ገሃንም ስለ ዝቐጽዕ።

## ፍትወይ!!

ክወግሕ ናብ ዓለም ክመሲ ናብ እግዚኣብሄር ኣይትገስግስ። መከራኻ ንጐይታ ሓጎስካ ግን ንዓለም ኣይትግበር። እምነት እንተስኣንካ እኳ ኢሱንታ ኣይትስእን ኢኻ። ናብ እግዚኣብሄር ህደም እምበር ካብ እግዚኣብሄር ኣይትህደም። ህጻን ቆልዓ ምስ ዝረስሕ ናብ ኣዲኡ ኢዩ ዝሃድም። ንስኻ ከኣ ሓጢኣትካ ምስ ዝበዝሕ ናብ ጐይታኻ ህደም።

## ፍትወይ!!

ኣብ ውሽጢ ዝማዕርጉ ሓጁራት ዝእወ ኣውያት እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ ዝሰምዖ። ምምሳይ ናይ ገነት ንሱ ጥራይ ኢዩ ዝፈልጦ እሞ ባዶነትካ ንዕኡ ተዛረብ። ልምላሜ ኣብ ዘለዎ ዘለዎ ድርቀት፡ ዝብላዕ ክይጠፍአ ዝመጽእ ጥሜት ዝፈልጥ ጐይታ ኢዩ እሞ ንዕኡ ተገለጽ።

## ፍትወይ!!

ሓጢኣትካ ክሳብ ሎሚ ካብ ተሸፈነልካ ቀልጢፍካ ንስሓ እቶ። እግዚኣብሄር ኣብ ዘጋልጸካ መዓልቲ ገዛ ይኹን ክዳን ስለ ዘይሸፍነልካ።

## ፍትወይ!!

ከም ዝበርታዕካ እንተ ተሰምዓካ ዘበርትዓካ ጐይታኻ ኢዩ እሞ ምስጋና ንዕኡ ሃብ። ኣብ ዝደኸሙ ኣይትፍረድ። ወሊዱ ዘይወድአ ብወዲ ሰባት ተሳሓቀ፡ ነቢሩ ከይወድአ ኣብ ዝወድቐ ሰብ ተፈረደ ጽቡቕ ኣይኮነን። እቲ ሰብኣይ ምስ ተወልደ መልክዑ ግሩም ስለ ዝነበረ ግርማ ኢሎም ስም ኣውጽእሉ። ዓብዩ፡ ናብራ ሒዙ ከርተት ምስ በለ ወዮ ግርምኡ (ጽባቐኡ) ረገፈ (በረሰ) ናይ ቀደም መልክዑ ንዕኡ ክሳብ ዝጠፍኦ ተቐየረ። ክልተ ግዜ ተሰርሐ። ሓሚሙ ኣብ

ዓራት እናሃለወ ሰበይቱ ወለደት፡፡ ቤተ ሰብ ተኣኪቦም ንዝተወልደት ቆልዓ ስም ንምውጻእ ዋጭዋጭ ክብሉ ጀመሩ፡፡ ፍርቆም ወርቂ፡ ፍርቆም ፍረ ሰላም፡ ፍርቆም ሰላማዊት፡ እናበሉ ናተይ ይኹን ናተይ ክብሉ ጭቕጭቕ በዝሐ፡፡ ብድሕር እዚ ናይ ኩላትና ይትረፍ ኣቦኣ ዘውጽኣላ ስም ይኹን በሉ፡- ግርማ ናይ ጓልካ ስም እገሌ እገሌ እናበልና ኣውጺእና ግን ኣይተሰማማዕናን እሞ ንስኻ መን ትብላ ?>> በልዎ፡፡ ንሱ ኸኣ ከኣ ብሕማም ጎኑ እናተገላበጠ :- <<ዕዳኺ ጌና እዩ በልዋ> በለ ይበሃል፡፡ንስኻ ከኣ ተፈቲንካ ኣይሓለፍካን እሞ ኣይትፍረድ፡፡ ጌና ኣብ ፈተና ዓለም ንዝነብሩ ሰባት'ውን ብጣዕሚ ኣይተድንቕ፡፡

## ፍትወይ!!

ንእግዚኣብሄር ኢልካ ንበር ሕሊናኻ ቅሳነት ክትረክብ፡፡ ንቓሉ ተኣዘዝ ኣብ ሕልናኻ ካብ ዝኸሰካ ኩሉ ከኣ ክትድሕን ኢኻ፡፡ ናይ ምንባር ዓቀኑ ምሉእ ሕልና እምበር ምሉእ ከብዲ ዘይምኻኑ ፍለጥ፡፡

## ፍትወይ!!

ሓቂ ተተዛሪበ ሰብ ክጸልኣኒ ኢዩ፡ ሓሶት ተተዛሪበ ከኣ እግዚኣብሄር ክቕየመኒ ኢዩ፡ ስለዚ ስቕ ምባል ይሕሸኒ ማለት ጽድቂ መሲልካ ከይትታለል ተጠንቀቕ፡፡ ካብ ንሰብ ንሕልና፡ ካብ ንሕልና ከኣ ንእግዚኣብሄር ምንባር ከም ዝሓይሸ ኣይትዘንግዕ፡፡

## ፍትወይ!!

ሓቀኛ ናጽነት ንገዛእቲ ክትጸርፍ ምኽኣል ዘይኮነስ ብፍቕሪ ምንባር ከምዝኾነ ኣይትዘንግዕ፡፡

## ፍትወይ!!

ሓጢኣት ሰሪሕካ ንስሓ እቶ እምበር ንሕልናኻ ድጋፍ ኣይትድለ ሰብ ስቕ እንተ በለካ ሕልና ግን ስቕ ኣይብለካን። ደያኑ ገጽ ሪኦም፡ ጉቦ በሊዖም ብነጻ እንተ ለቐቑኻ ካብ ናይ ሕልና ማእሰርቲ ግን ከላቕቑኻ ኣይክእሉን። ሕልና ናትካ ኣይኮነን ሕልና ናይ እግዚኣብሄር ወኪል ኢዩ። ሰባት ኣብ ኩሉ ዘመናት ንሕልና ናቶም ክገብርዎ ጽዒሮም ኢዮም። ሕልና ግን ናይ እግዚኣብሄር ኢዩ። ሰራቒ ዝኀየዮ ዘይብሉ ዝሃድም ሰራቒ ሰራቒ ንዝብል ናይ ሕልና ድምጺ ከጥፍእ ስለ ዘይክኣለ ኢዩ። ንስኻ ግን ብቓሉ ንሕልናኻ ኣቅስን። ሓጢኣት እንተ በዚሑ ሕልና ይመውት ኢዩ እሞ ሕልናይ ስለ ዘይተዛረበኒ ካብ ክፉእ ስርሐይ ደው ኣይብልን ኣይትበል። ካብ ሕልና ንላዕሊ ብዝኾነ ቃሉ ነብስኻ መርምር።

## ፍትወይ!!

ቀደም እናጠመኻ ሰላም ኤርካ። ንእሽተይ ከለካ ንዝተሸገሩ ትረድእ ኤርካ። ሎሚ ግን እናበላዕካ ይጠምየካ። ንናይ ድኽነት ድቃስካ ገንዘብ ወሲድልካ። እንከለካ ትስስዕ ኣለኻ። ብጻየይ ዘለኻዮ ኣብ ናይ ውርደት መንገዲ ኢዩ እሞ ኣስተውዕል። ዓቢ ብልጽግና ሰላም ምኧኑ ውን ፍለጥ።

••• •••

# ምዕራፍ ሾሞንተ

## ፍትወይ!!

ብዙሕ ሰብ ደጊኡ ክጸሪ ከሎ ውሽጡ ግን ይረስሕ። ቁመንኡ እኳ ጽቡቅ ተኾነ ከም ገረብ ኣይጽልልን። ናይ ጸዓዱ ቋንቋ ዝዛረብ ከኣ ቋንቋ እምበር ፍልጠት ኣይኮነን ዝዛረብ ዘሎ። ብዙሓት ሰባት ጸርዮም ናብ ረሳሕ ቦታ ይኸዱ። ምሉእ መዓልቲ ክሕጸቡ ዝውዕሉ ናብ ዝሙት ንምኻድ ኢዩ። ናይ ሓሰማ ጽርየት። ብፍትወት ስጋ ተወሊድና ብፍትወት ስጋ ዓቢና ብፍትወት ስጋ ሙማትና የሐዝን ኢዩ። ንስኻ ግን ትሰምዓኒ ተለኻ ክነግረካ ሓቀኛ ንጽህና ቅድስና ምኺኑ ኣስተውዕል።

## ፍትወይ!!

ናትካ ጽቡቕ ነገር ጌና ተፈቲኑ ስለ ዘይሓለፈ ኣይትመካሕ። ከም እገሌ ስለ ዘይገበርካኒ ኣመስግነካ ኣለኹ ማለት ከንቱ ምስጋና ምኺኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ለዋህ እየ እግዚኣብሄር ክቕበለኒ ኢዩ፡ ቃሉ ንዓይ ኣየድልየንን እዩ ኣይትበል። ምኽንያቱ ለዋህ ለውሃቱ ኣይፈልጥን ኢዩ።

## ፍትወይ!!

ውሽጥኻ ስልማትን ልብስን ይልበስ። ንሱ ከኣ፡- ተኣማንነትን ቅንዕናን ኢዩ። እግዚኣብሄር ሂቡ ኣይከልእን ።

ኣተሓሕዝኡ ኣይፈልጦን ኢልካ ጺጋኡ ካብ ኢድካ ከይትድርቢ ተጠንቀቕ።

## ፍትወይ!!

እግዚኣብሄር ከም መጠን ትረት ልብኻ ከም ዝዛረበካ ፍለጥ። ልብኻ ዝስበረሉ ሓይሊ፡ ሙሉእ ዕድሜኻ ኣብ እሱርቤት ምብላይ እንተ ኮይኑ ብእኡ ጌሩ የስምዓካ። ልብኻ ዝስበረሉ ሓይሊ፡ ክትመውት ኢኻ ዝብል ድምጺ እንተኾይኑ ብእኡ ጌሩ የስምዓካ። መፍትሒኡ ግን ንስሓ ጥራይ ኢዩ።

## ፍትወይ!!

ንስሓ ዝሰኣንካዮ ንምርካብ ናይ ብልሓት መንገዲ ዘይኮነስ ናይ እግዚኣብሄር ውህበት ብትዕቢት ብምሓዝካ እትጠዓሰሉ ክኸውን ይግብኦ።

## ፍትወይ!!

ብዙሕ ነገር ኣለኒ ምባል የሕፍር ኢዩ። ኣለኒ ኢልካዮ ዘየሕፍረካ እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ። ፈተውቲ ከም ግመ፡ ገንዘብ ከኣ ከም በረድ ኢዩ። ዓለም ከኣ ናይ ንፋስ ሰረገላ እያ። ካበይ ከም ዝመጸት ናበይ ከም ትኸይድ ኣይትፍለጥን። እግዚኣብሄር ግን ግዜ ዘይልውጦ ሰራቒ ዘይሰርቆ ነቐዝ ዘይረኽቦ ገንዘብ ኢዩ። እትጠብቆ እምበር ዝጠብቀካ ገንዘብ ኣብ ዓለም የለን። ዝጠብቀካ ገንዘብ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ኢዩ።

## **ፍትወይ!!**

ንሰብ ናተይ ኢዩ ምባል ብጣዕሚ ከቢድ ኢዩ።እዚ ከኣ፦ ብኽልተ ምኽንያት ኢዩ። መጀመርያ፦ ሰብ ናይ እግዚኣብሄር ኢዩ። ካልኣይ፦ ንእግዚኣብሄር ዘየኽብር ምሸርታት መስፈሪ እንጣጢዕ ዝኾነ ሰብ ናተይ ክትብሎ ኣሸጋሪ ኢዩ።

## **ፍትወይ!!**

መቓብር ምልኩዕ ኢዩ። ብደጊኡ ዝመልክዐ ግን ነቲ ናይ ውሽጢ መሽፈኒ እምበር ንመግለጺ ኣይኮነን። ናትካ መልክዕ ግን ካብ ናይ መቓብር ጽባቐ ዝሓለፈ ክኸውን የድሊ። ሓቂ ንዝኾነ ክርስቶስ ከይረኸብካ ሓቀኛ ዝኾነ ኣነባብራ ከምዘይ ትረክብ ተገንዘብ።

## **ፍትወይ!!**

ረኺበ ኢልካ ንእግዚኣብሄር ኣይትኹራዕ። ምኽንያቱ በዓል ጸጋ ኣምላኽ ባዕሉ ደኣእምበር ናይዚ ዓለም ጸጋ ዘልኣለማዊ ስለ ዘይኮነ። ሓደ ሰብኣይ ህይወቱ ምሉእ ኣብ መሬት ደቂሱ ይነብር ኔሩ። ሓደ መዓልቲ ግን ኣተሓሳሰቦ ክሳብ መዓስ እየ ኣብ መሬት ክድቅስ ? ኣብ ዓራት ከይተሰቐልኩ ክመውት ማለት ዲዩ ? ኢሉ ዓራት ገዝኡ። ንምሸቱ ብኹርዓት ቆይሙ፦<<ድሕሪ ሕጂ ምድሪ ደሓን ኩኒ>> ብምባል ንምድሪ ተሰናቢቱ ኣብ ዓራት ተሰቕለ። ዓራት ግን በንጻሩ ስለ ዝነበረ ብዙሕ ከይጸንሐ ንመሬት ደርበየቶ። ደሓን ኩኒ ዝበለ ሰብኣይ ብነብሱ ሓፊሩ፦ <<ከይወዓለ ከይሓደረ ከመይ ውዒልኪ ምድሪ ? >> በለ ይበሃል። እንተስ ረገጽዋ እንተስጎዩላ እንተስደቂሱላ ከም ምድሪ ኩሉ ተሰኪሙ ዝኽእል ፍጹም ኣይርከብን። ሰብ ግን ኣብ መሬት ኮይኑ እኳ እንተተሰናበተ መወዳእትኡ ግን ካብ መሬት ኣይሓልፍን።

ወዲቑ ዘዕርፈሉ’ውን ኣብ መሬት ኢዩ። እዚ ሰብ እቲ ዓራት ቆይምሉ ዘሎ ኣብ መሬት ምዃኑ እንተ ዝሓስብ ምስ ወደቐ ዝረኸቦ መሬት ምዃኑ ምተገንዘበ ኔሩ። ካብ ዓራት ንዘልኣለም ከምዘይወርድ፡ ዓራት ከኣ ተሰኪማቶ ከም ትነብር ሓሲቡ ንመሬት ተሰናበተ። እግዚኣብሄር’ውን ካብ መሬት ንላዕሊ ተሰኪሙና ኢዩ። ዝወጻእናሉ ሰረገላ ኣብ መሬት ቆይሙ፡ መሬት ድማ ብኢድ እግዚኣብሄር ተቐሚጣ ኣላ። ንዝተሰከሙና ዝተሰከመ እግዚኣብሄር ኢዩ። ዝኾራዕናሎም ነገራት ከኣ ናቱ ኢዮም። ከምኡ ዝበለ ከኣ ዝኸእለና ማንም የለን። ብዙሕ ዘመን ግን ብዘይ እግዚኣብሄር ብርእስና ንምንባር መደብ ኣውጺእና ኢና። ብዘይ እግዚኣብሄር ምንባር ግን ኣይከኣልን። መወዳእትኡ ሞት ኢዩ። **ብጻየይ !** ካብ እግዚኣብሄር ተፈሊኻ ምንባር ኣይከኣልን። ንሱ ናይ ስጋን ነፍስን ገዛኢ ኢዩ እሞ ምስኡ ልገብ።

## ፍትወይ!!

ካብ ቊጥዓ እግዚኣብሄር እትሕብኣሉ ብባዕሉ ብእግዚኣብሄር ጥራይ ምዃኑ ሕሰብ። ካብ ኣቡኡ ዝኾብለለ ውሉድ ንጺጋኡ ደርብዩ ካብ ተረፍ ሓሰማ ክምገብ ይምነይ ነበረ። ግን ኣይረከብን ነበረ። ንዝጠመየ ሰብ ተረፍ ሓሰማ ከጽግቦ ኣይክእልን። ናይ ሰብ መግቢ ንሰብ፡ ናይ ሓሰማ መግቢ ከኣ ንሓሰማ ስለ ዝኾነ። ንስኻ ከኣ ካብ እግዚኣብሄር ተፈሊኻ መግቢ ዋዓግ ዝሙት የሐጉሰኒ እዩ፡ ኣነ ከኣ ከምናይ ህበይ ዝላ ጭፈራ የዕርፈኒ እዩ ኢልካ ዕድሜኻ ኣይትወድእ። ናይ ሰብ መግቢ ፍቕሪ ኢዩ። ፍቕሪ ድማ ካብቲ ዘሎን ዝነብርን ሰማያዊ ኣምላኽ ኢዩ። ዝጠፍአ ውሉድ ምስተመልሰ ኣቡኡ ፍርቂ መንገዲ ከይዱ ተቐበሎ እምበር ኣይኮረየሉን። እግዚኣብሄር ናብኡ ሓንቲ ስጉምቲ ምስትኸይድ ናባኻ ብኽልተ ስጉምቲ ይመጽእ። ንሱ

ንምንታይ በዲልካ ? ዘይኮነስ ንምንታይ ኣይተመለስካን ? ዝብለካ ኣምላኽካ ኢዩ እሞ ብሓጎስ ናብኡ ገስግስ።

## ፍትወይ!!

ድራማ ኣብ መድረኽ እምበር ኣብ ህይወት ስለዘይከውን ብህይወትካ ድራማ ኣይትስራሕ። እንዳ ጠንቋሊ ሓዲርካ ንግሆ ኣብ ቅድሚ ቀሺ ኪዳን ኣይትሰየም። ሰብ እናቐተልካ ቤተ ክርስትያን ኣይትህነጽ። እንዳ ዝሙት ሓዲርካ ሽምዓ ወሊዕካ ኣኽባሪ ጻድቃን ኣይትምሰል። መዓልትኻ ብመዝሙር ጀሚርካ ብደርፊ ኣይትወድእ። ሃይማኖተኛ ኩን እምበር ሃይማኖተኛ ክትበሃል ኣይትድለ። ሰይጣን ብዝመስል ነገር ዕድሜኻ ክውድእ ተላዒሉ ከምዘሎ ፍለጥ ኢኻ።

## ፍትወይ!!

ጓሳ ነባጊው መጀመርያ ብድምጺ፡ እንተ ኣብየን ከኣ ብበትሪ ይመልሰን። እግዚኣብሄር ከኣ ጓሳይካ ስለ ዝኾነ ንስሓ እቶ ይብለካ። እንተ ኣቢኻ ግን ብመቕጻዕቲ ይመልሰካ። ቅጽዓቱ ግን ከቢድ ኢዩ። ባርዕ ዘጋጠሞ ሰብ ሓደ ሓደ ግዜ ውሑድ ንብረቱ የድሕን። ሓደ ሓደ ግዜ ነብሱ ጥራይ ሒዙ ይወጽእ። ሓደ ሓደ ግዜ ውን ነብሱ ይስእና። እግዚኣብሄር ከኣ ብመቕጻዕቲ እንተ መጺእካ ሓደ ሓደ ግዜ ውሑድ በረኸት ተትርፍ። ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ጥዕናኻ ስኢንካ ነፍስኻ ጥራይ ተድሕን። እንሓንሳብ ከኣ ነፍስኻን ስጋኻን ትስእን። ፍትወይ ! ገነት ዝመስል ናብራ ስለ ዝምችኣካ ኣስተውዕል።

## ፍትወይ!!

እግዚኣብሄር ዝሃበካ ክፉእ፡ ንሱ ዝኸልከለካ ሰናይ ነገር የለን። ውጽኢቱ ዝኾነ ይኹን ወለሓደ ከየተሓሳሰበካ እግዚኣብሄር ዝኣዘዘካ ነገር ተኣዘዝ። ብናቱ ፍቓድ ኢኻ ናብዚ ዓለም መጺእካ፡ ብናቱ ፍቓድ’ውን ካብዚ ዓለም ክትከይድ ኢኻ። ምእታውካን ምውጻእካን ናቱ ፍቓድ እንተ ሃልይዎ ዝተረፈ ህይወትካ ንፍቓዱ ኣግዝእ። ምድራዊ ናብራኻ ንሰማያዊ ፍቓዱ እንተ ተገዚኡ፡ ምድራዊ ድልየትካ ብሰማያዊ ፍቓዱ ዝፍጸም ይኸውን።

## ፍትወይ!!

ምስ እግዚኣብሄር ዘለካ ርክብ ኣብ ምድሪ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ሰማይ ውን ኢዩ እሞ ተስፋይ ከይመልአ ዘመነይ ተወዲኡ ኣይትበል። ንሱ ካብ ሞት ኣተንሲኡ ከም ኣልኣዛር ክረድኣካ ይኽእል ኢዩ። ኣብ መጻኢት ዓለም’ውን የኽብረካ።

## ፍትወይ!!

ንስኻ መከራኻ ክልወጥ ትደሊ ኣለኻ። እግዚኣብሄር ድማ ጠባይካ ክልወጥ ይደሊ። መንግስቲ ሽግር ከይመጸ ንወተሃደሩ ብሽግር የሰልጥኖም። እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ክፉእ መዓልቲ ደው ምባል ምእንቲ ክትክእል ብቃልሲ የሰልጥነካ ኢዩ እሞ ኣይተማርር።

## ፍትወይ!!

ከም ጴጥሮስ ከባቢኻ ጸልማት፡ እትረግጾ ውን ባሕሪ እንተኾነካ ንዝጸውዓካ ጐይታ ጥራይ ተመልከት። ዓይንኻ ካብ ኢየሱስ ክርስቶስ  እንተ ኣሊኻ ንማዕበል ክትሰምዖ ትጅምር። ንማዕበል (ንድምጺ) ምስትሰምዕ ትፈርሕ። እንተ

ፈሪሕካ ትጠራጠር። እንተ ተጠራጢርካ ምስጣም ክትጅምር ኢኻ ከም ጴጥሮስ ጨሪስካ ከይሰጠምካ ኣድሕነኒ ኢልካ ምጭዳር ተማሃር።

## ፍትወይ!!

እግዚኣብሄር ዝፈጠረካ ነፍስኻ ናይ ምንባር እትኽእለሉ ዓቕሚ ኣገናዚቡ ዘይኮነስ ባዕሉ ብቑዕ ኮይኑ ከንብረካ ኢዩ። እግዚኣብሄር ተስፋ ዝሃበካ ብገዛእ ፍቓዱ ስለዝኾነ ተስፍኡ ንምፍጻም ኣይሸገርን። ሰብ እንተ ኾይኑ ተስፋ ሂቡ ይጠልም። ክፍጽሞ እንተደለየ ዓቕሚ ይሓጽሮ። እግዚኣብሄር ግን ብተስፋኡ ዘይጠዓስ ንምፍጻሙ ዓቕሚ ዘይሓጽሮ ኢዩ እሞ ደስ ይበልካ።

## ፍትወይ!!

ንስኻ ናይ ሰማይ ኮኾብ ኢኻ። ዝተሓባእካ እኳ እንተ መሰለካ ግን ኩሉ ይርእየካ። ናይ ከዋኽብቲ ህልውንኦም ብርሃኖም ኢዩ። ናትካ ክርስትና ከኣ ህልውንኡ ዝተለወጠ ህይወትካ ምኻኑ ኣስተውዕል። እወ ናይ ሰማይ ኮኾብ ኢኻ። ሃገርካ ከኣ ኣብ ሰማይ ከም ዝኾነ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ኣምባሳደር ካብ ሃገሩ ርሒቑ ኣምባሳደር ከምዝኸውን ኣብ ሃገሩ ኣምባሳደር ከምዘይከውን ንስኻ ከኣ ኣምበሳደር ስለዝተበሃልካ፡ ካብ ሃገርካ ርሒቕካ ትነብር፡ ስምካ ክርስትያን፡ ሃገርካ ኣብ ሰማይ፡ ዘርእኻ ክርስትና፡ ንጉስካ ክርስቶስ ኢዩ።

## ፍትወይ!!

ዝኾነ እንተ ኾነ ካብ ናይ ስጋ ዝምድና ንመንፈሳውያን ቤተ ሰብካ ዋጋ ሃብ። ኣብ ሰማይ ዝቕጽል መንፈሳዊ ሕብረት ስለዝኾነ። ናትካ ደገፍ ዘድልዮም ረጊጽካዮም ኣይትሕለፍ። ንዓኻ ተቐባሊ ክገብረካ ዝኽእል ጎይታ ወሃቢ ካብ ገበረካ ክብርኻ ኢዩ እሞ ብሓጎስ ኣገልግሎ። ገንዘብ ጠፋኢ ኢዩ። ብዝጠፍእ ገንዘብ ግን ዘይጠፍእ ስራሕ ስርሓሉ።

## ፍትወይ!!

ንዝፈትውኻ ምጽላእ ሰይጣናዊነት፡ ንዝፈትውኻ ምፍታው ሰብኣውነት፡ ንዝጸልኡኻ ምፍታው መንፈሳውነት ምዃኑ ተረዳእ። ንዝፈትውኻ ክትፈቱ ተዘይኪኢልካ ንዝጸልኡኻ ክትፈቱ ኣይትኽእልን። ሰብኣውነት ምስፍፋር ኢዩ። መንፈሳውነት ግን እግዚኣብሄር እንዳ ረኣኻ ምፍቃር ኢዩ እሞ ንእግዚኣብሄር ተመልከት።

• • •  • • •

# ምዕራፍ ትሽዓተ

## ፍትወይ!!

ንዓመት ዝሓሰብካዮ ብሓንቲ መዓልቲ ምስ ዘውዳኣካ፡ ብዙሕ ተስፋ ዝገበርካሎም ደቀ መዛሙርትኻ ከሰስትኻ ምስዝኾኑኻ፡ ዘልመድካዮ ናብ ጫካ እንተ ተመልሰ፡ ዘሰልጠንካዮ ምስ ዝኾርዓልካ፡ ዝረዳእካዮ ወተሃደር ምስ ዝወረካ፡ ምስጢርካ ዘርኣኻዮ ምስ ዝሃድመካ፡ ኣብ ቤትካ ዝሾምካዮ ሓዳርካ ምስ ዝምንጥለካ፡ ዘለቃሕካዮ ሞት ምስ ዝምነየልካ፡ ምስጢር ዝነገርካዮ ኣብ ኣደባባይ ምስ ዘዋርደካ፡ ቃንዛ እኳ እንተ ሃለዎ እናተቀንዘኻ ግን ኣይትንበር።

## ፍትወይ!!

ንክርስቶስ ምርኣይ ደስታ ኣለዎ እሞ ንዕኡ ጥራይ ተመልከት። ምስ ስራሕ ክቃለስ ዝወዓለ ሰብ ብነብሱ እናሓዘነ ናብ ገዝኡ ክኣቱ ከሎ፡ ብእኡ ዝሕጎሱ ደቁ ክቕበልዎ ምስ ዝርኢ ለካ ክሳብ ክንድዚ ኢየ ደስ ዘብል ? ኢሉ ይሕጎስ። ከምኡ ድማ ድሕሪ ብዙሕ መግፋዕትኻ፡ ድሕሪ ብዙሕ ጉድኣትካ፡ ነቲ ብኣኻ ደስ ዝብሎ ጎይታ ምስ ትዝክር ደስታ ይመልኣካ። ንስኻ ናይ እግዚኣብሄር ደስታ ኢኻ። ንስኻ ጥራይ ኣይኮንካን ብእግዚኣብሄር ደስ ዝብለካ ንሱ ውን ብኣኻ ደስ ይብሎ ኢዩ።

ነብዩ ጾፎንያስ፡- በታ መዓልቲ እቲኣ ንኢየሩሳሌም፡ ዎ ጽዮን ኣይትፍርሂ፡ ኣእዳውኪ ኣይተሓለላ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽኪ ኣብ ማእከልኪ ዘድሕን ጅግና ኢዩ፡ ብኣኺ ሓጎስ ክሕጎስ እዩ፡ ብፍቕሩ ኺሃድእ ብኣኺ እልል እናበለ ክሕጎስ እዩ፡ ክብልዋ ኢዮም። (3፡16፡17

## ፍትወይ!!

ጸላኢኻ ገጽካ ከባላሹ ይደሊ። ኣልቃሲ፡ ትኩዝ፡ ሓዘንተኛ፡ ዝኸፍአ፡ ጉሁይ፡ ምስኪን፡ ጸዋግ፡ ዝተረበሸ ገጽ ንኽህልወካ ይደሊ። ነቲ እግዚኣብሄር ዝፈጠሮ ብሩህ ሰብ፡ ሰብ ወሲዱ ጸልማት ዝለበሰ ሰብ ክገብረካ ይጽዕር። ብትሰምዖን ብትሪአን ክፉእ ንሓጎስካ ይዋግአ። ንስኻ ግን ክቡር ካብ ዝኾነ ናይ ገጽ መድሃኒት ካብ መጸናንዒ ኣምላኽ ገዚእካ፥ ናይ ጾምን ጸሎትን ቅብኣ ተቐቢእካ ኣብርህ እምበር ኣይትጸልምት።

## ፍትወይ!!

ሎሚ ዝተለወጠ ሰብ መንነቱ ፍተዎ። ጸልኢ ስምዒት እዩ ከያዳይ ድማ እዩ። ካብ ስምዒት ነጻ ምስኮነ ንዓኻ ክርኢ ይኽእል። ዝጀመርካዮ ሓገዝ ከኣ ንእግዚኣብሄር እናረኣኻ ቀጽል።

## ፍትወይ!!

ሰባት ሰናይ ምግባር ኣይፈትዉን። ሰናይ ክትገብረሎም ግን ይደልዩ። ንስኻ ግን ግበረሎም።

## ፍትወይ!!

ድኽነት ወልፊ የለዓዕል ኢዩ ከምኡ ድማ ብጥሜት ክትሞቱ ናይ ሰይጣን ድልየት ኢዩ። እትረድኦ ሸጉር እንተጸረፈካ ተዓገሶ። ተመስገን ከይበልካዮ ዝህበካ ኣምላኽ እዘከርካ ወላ እኳ እንተዘየመስገነካ ኣይትሕዘን።

## ፍትወይ!!

ዓለም ተለዋዋጢት ኢያ። ሓፍን ለጠቕን ምስ ትብል ኣይትሰናበድ። ጸሓይ ንዝናብ ተኸቲላ ኢያ ትበርቕ። ድሕሪ ብዙሕ ሽግር ድማ ዓቢ ምጽንናዕ ይኸውን። ድሕሪ ጸልማት ቀጺሉ ጸልማት ኣይመጽእን። ድሕሪ ሓዘን ደስታ ይኸውን ኢዩ እሞ በርትዕ።

## ፍትወይ!!

ከባቢኻ ምስ እትርኢ ክትደክም ኢኻ። ንእግዚኣብሄር ምስ እትርኢ ግን ክትብርትዕ ኢኻ። ነገራት ከም ናይ ትማሊ፡ ፈተውቲ ከኣ ከም ዝገደፍካዮም ኣይኮኑን። ንእግዚኣብሄር ዝወሃብ እምነት፡ ተስፋን ፍቕርን ነዞም ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት ሂብካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ጣኦት ስለ ዝኾኑኻ እግዚኣብሄር ሰይርዎም፡ ሓመድ ስለ ዝኾኑ ምስተደገፍካዮም ፈሪሶሙኻ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም እሞ ርእስኻ መርምር።

## ፍትወይ!!

እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ተዓራሪኹ እንተ ኢልካዮ ካባይ እንታይ ጎዲሉካ ? ይብለካ። ካብ ዓሰርተ ፈተውቲ ንሱ ስለ ዝበልጽ። እንኳን ዝተጸልአ ንሞት ዝተፈርደ እሱር እኳ ይነብር እዩ። ህይወት ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ኢያ እሞ ንማንም ኣይትፍራሕ። እንዳ ፈተውኻ’ውን ትመውት ኢኻ። እንዳ ተጸላእኻ’ውን ትነብር ኢኻ።

## ፍትወይ!!

ነቐፌታ ኣይትፍራሕ። ንነቐፌታኻ ግን ኣጽርዮ። ስለ ሓሶት ዘይኮነስ ንስለ ሓቂ ተገፋዕ። እግዚኣብሄር ክድግፈካ ኢዩ። ንኻልኦት ፍቶ፡ ፍቕሪ ህያብ እምበር ልቓሕ ስለ ዘይኮነ።

ኣይፈተውንን ኢልካ ብናይ ኣለቃሕቲ ዓንቀጽ ኣይትካሰስ። ዝተረዳኣካ ግበር ክሳብ ዝርድኦም ጸልየሎም።

## ፍትወይ!!

ናይ'ዚ ዓለም ሰብ ክፈትወካን ክጸልኣካን ከሎ ብዘይ ኣፍልጦ እዩ። ብዙሓት ስለ ዝፈተውኻ ይፈትወካ፡ ብዙሓት ስለ ዝጸልኡኻ ይጸልኣካ። ንስኻ ግን ናይ ብዙሓት ሓቂ ዘይኮነስ ናይ እግዚኣብሄር ሓቂ ኢዩ ብዝብል መምርሒ ተመራሕ።

## ፍትወይ!!

ሓብሓብ (ቆብ) ካብ ዝተባህለ ገረብ ሓንቲ ምቅርቲ ፍረ ንምርካብ ብዙሕ ምፍታን ይሓትት። ጥዑይ ዓርኪ ንምርካብ ከኣ ብዙሕ ምፍታን ይሓትት። እንተኾነ ፈታዊ ካብ ምፍራይ ሽለል ኣይትበል።

## ፍትወይ!!

ዝሰራሕካዮ ክፉእ ስራሕ ከም ዘይተሰርሐ ክትገብሮ ኣይትኽእልን። ስለዚ ብዘየቋርጽ ንብዓት ዓይንኻ ኣይተድክም። ናይ ድሕሬኻ ገዲፍካ ንቕድሚት ተጓዝ።

## ፍትወይ!!

ምጽላእ ናይ ሰይጣን፡ ጽልእን ፍቕርን ድማ ናይ ሰብ ክኾኑ ከለው ናይ ክርስትያን ኣመራጺ ግን ምፍቃር ጥራይ ምኳኑ ተረዳእ።

## ፍትወይ!!

ንጽቡቕካ ክፉእ ምላሽ፡ ንጻማኻ ከሳሲ እንተ ተላዕለካ ናይ ጽቡቕ ነገር ደሞዝ ወሃቢ እግዚኣብሂር ምኳኑ ኣሚንካ ስራሕካ ስራሕ። ዋጋኻ ኣብ ምድሪ እንተ ተቐቢልካ ግን ፍራሕ።

## ፍትወይ!!

ሰባት ብዘይ ምኽንያት ክጸልኡኻ ይኽእሉ እዮም እሞ ብዘይ ምኽንያት ንዝፈተወካ ጐይታ ዘክር። ካብ ደቂ ሰባት ናይ ጽባሕ ፈታዊኻ መን ምኳኑ ርግጸኛ ኰንካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ዘይነበርካሉ ዘመን እኳ ዝፈትወካ ዘልኣለማዊ ፈታዊኻ ግን እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ።

## ፍትወይ!!

ጽቡቕ ተግባርካ ጽባሕ ክርሳዕ ይኽእል ይኸውን። ቅኑዕ ምኳንካ'ውን ሰባት ዘይክርዱእልካ ይኽእሉ ኢዮም። ሓቀኛ ቅንዕና ግን ምስጋና ከይሰምዐ ዝፍጸም ምኳኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

እሙን ምስ እትኸውን ግዜ ዝሓለፈካ ክትመስል ትኽእል ኢኻ። ግልጺ ምስ እትኸውን ከኣ ብቐሊሉ ክትጥቃዕ ትኽእል ኢኻ። እሙንን ግልጺ ምኳን ግን እግዚኣብሄር ስለ ዝፈትው ጥራይ ኣጥቢቕካ ሓዞ።

## ፍትወይ!!

ኩሉ ግዜ ንልዕሌኻ ኣይትመልከት። ንትሕቴኻ ውን ተመልከት። ንድምጺ ዘይብሎም ኣእውየሎም፡ ንዝተጠቕዑ ተማጎተሎም። ንሓቂ ሓቂ ብምባልካ እትኸስሮ ንሓሳዊ

ፈታዊኻ ጥራይ ኢዩ። ሓቂ ሓቂ ብምባልካ እትከስቦ ግን ሓቀኛ ፈታዊኻ ኢዩ።

●●●● ●●●●

# ምዕራፍ ዓሰርተ

## ፍትወይ!!

ካብ ሽግር ነጻ ምዃን ማለት ካብ ህኮት ነጻ ምዃን ማለት ኣይኮነን። ናይ እግዚኣብሄር ሰላም ብኹነታት ዝልወጥ ዘይኮነስ ወላሓንቲ እኳ እንተ ዘይብልካ ዝስምዓካ ዕረፍቲ ምዃኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ስራሕካ ምስ ዝሳኻዓልካ ኣገልግሎትካ ውጽኢታዊ ምስ ዝኸውን ናይ ቀረባ ፈተውትኻ ክለዓሉኻ ይኽእሉ ኢዮም። ካብ ናይ ደገ ጸላኢ ግን ናይ ውሽጥኻ ጸላኢ ንዝኾነ ትዕቢት ኣርሕቕ።

## ፍትወይ!!

ሰላም ኣብ ዘለካን ኣብዘይብልካን ነገር እትውሰን ዘይኮነትስ እግዚኣብሄር ናይ ውሽጥኻ ማዕበል ምስ ዝግስጽ እትረኽባ እዩ እሞ እዚ እንተዝረክብ ሰላም ምኾንኩ ኔረ ኣይትበል ዝዓርከይ ! ብዘይብልካ ካብ ምሕዛን ብዘለካ ደስ ይበልካ። እግርኻ እንተ ተኣስረ ብኢድካ ተጠቀም። ናይ ሓደ ነገር ዘይምስኻዕ ናይ ኩሉ ነገር ዘይምስላጥ ስለዘይኮነ።

## ፍትወይ!!

ዝተማህሩ ሰባት ብዘይተማህሩ ክንቀፉ፡ መሃይማት ደገፍቲ ምስ ዝበዝሑም፡ ዓበይቲ ብንኣሽቱ ክጥቅዑ እንተ ረኣኻ ኣይትደነቕ። ናይ ዓለም ታሪኽ እዚ ስለ ዝኾነ። ንስኻ ግን ደንቆሮ ነቃፊ፡ መሃይም ደጋፊ፡ ናይ ዓበይቲ ጸላኢ

ከይትኸውን ተጠንቀቕ። ዓበይቲ ዝተባህሉ ከኣ ናይ ዓቢ ጐይታ ክርስቶስ ሰብ ጸጋ እዮም ኢዮም።

## ፍትወይ!!

ኩሎም  ሰባት ከማይ እንተ ዘይሓሰቡ ኢልካ ኣይትጽልኣዮም። ሰብ ንናትካ ፍቓድ ዝተፈጥረ ኣይኮነን። ከምኡ'ውን ነጻ ፍቓድ ዘለዎ ፍጡር ኢዩ። ነጻ ፍቓዱ እናኸበርካ ናብ ሓቂ ምርሓዮ። ካብ ጸባብ ድንኳንካ ውጻእ።

## ፍትወይ!!

ኣማኒ እምበር ኣኽራሪ ኣይትኹን። ኣማኒ ንዝኣመነሉ ዝነብር ብፍቕሪ ዝማርኽ ጅግና ኢዩ። ኣኽራሪ ግን ንውሑድ ፍልጠቱ ብዱላ ንምኽባር ዝፍትን ኢዩ። ዝኸረረ ነገር ምብታኹ ኣይተርፍን። ዝኸረረ ነገር ግዜ ምስ ዝወስድ ክብተኽ ከሎ ስጋት ኢዩ። ኣኽራሪነት ናይ ዓለም ሓቀኛ ሰብ ኣነ ኢየ። ኣብ ዓለም ካባይ ወጻኢ ወላሓደ ክነብር የብሉን። ካብ ምብራቕ ተገማጢለ ምዕራብ ይበጽሕ። ካብ ሰሜን ተበጊሰ ብፍጥነት ደቡብ ይረግጽ። ስለዚ ካባይ ወጻኢ ማንም ክነብር ኣይክእል ኢልካ ከም ምሕሳብ ኢዩ። ናይ ኣኽራርነት ምንጨ ድንቁርና ኢዩ። ኣኽራሪ ሰብ ብናይ ክሲ መንፈስ ዝተታሕዘ እምበር ዘርእዮ ማራኺ ስራሕ ዘይብሉ ኢዩ። ውሑድ ፍልጠቱ እንተ ሰፊሑ ዝኸሓደ ስለ ዝመስሎ ንዘይምፍላጥ ተጠንቂቑ ዝጎዓዝ ኢዩ። ንሱ ካብ ዘለዎ ጉድጓድ ወጻኢ ዓለም ዘሎ ዘይመስሎ፡ ካብ ዘይለመድክዎ መንፈስ ቅዱስ ዝለመድክዎ ሰይጣን ይሓይሽ ኢሉ ምስ መቓብር ብኪዳን ዝነብር፡ ተስፋ ዘይብሉ፡ ከይሞተ ምንባር ዘቋረጸ፡ ከይተቐብረ ፍልጠት ዝጨረሰ ሰብ ኢዩ። ናይ ኣኽራርነት ሓዉ ድርቅና ኢዩ። ኣነ ዝፈለጥክዎ ጥራይ ኢዩ ትኽክል፡ ኣነ ካብ ዝሰማዕክዎ ወጻኢ ዘሎ ዘይተነግረ ኢዩ፡

ዓለም ብናተይ ውሻጠ ኢያ እትሓልፍ፡ ንዓይ ዘይተረድኣኒ ነገር ከመይ ኢሉ ቅኑዕ ይኸውን ? ኢሉ ዝሓስብ ኢዩ። መሃይም ማለት ዘይተማህረ ዘይኮነ ክመሃር ዘይደሊ ኢዩ። ናይ ሰይጣን ዓቢ ግዝኣቱ ድንቁርና ኢዩ። ንሰባት ናይ ሕልና ዓይኖም እንተዘይ ሰዊርዎ ስለዘየምልኽዎ ንሕልንኦም የጸልምቶ። ፍትወይ ! ምፍላጥ ከም ዝወድአ ሰብ ኮይንካ ትነብር እንተ ኮይንካ ምንባርካ ምኽንያት ኣልቦ ምኳኑ ሕሰብ። ንኹሉ ነገር ብመጠን ዘለኻዮ ጉድኣድ እንተርኢኻዮ ኩሉ ይጸበካ። ዓለም ግን ስፍሓቱ ቀጻሊ እዩ።

# ፍትወይ!!

ዘይመሃር መንፈስ ሓደገኛ ምኳኑ ፍለጥ። መሃይም ማለት ከኣ ዘይተማህረ ዘይኮነስ ክመሃር ዘይደሊ ምኳኑ ተገንዘብ። ንውሑድ ፍልጠት ናይ ስጋ ሓይሊ ይሸንፎ እዩ እሞ ስለዚ ፍልጠትካ ኣማልእ። ሓንቲ ምሳሌ ክነግረካ፡-ብጉልበቱ እናፈራርሐ ካብ ደገ ሰላም ዝበልዕ ሓደ ጎበዝ ነበረ። ናይ ለይቲ ስብሃታት ከይቆመ ከምኡ'ውን ቅዳሴ ከየተቐደሰ ዘዝመጸ እንጌራ ይበልዕ ነበረ ኣቐሽቲ ኩሉ ግዜ እኳ እንተኣጒረምረሙ ማንም ደፊሩ ዝኸልከሎ ግን ኣይነበረን። ንሱ ከኣ ዘይተማህረ ክብልዎ ስለዝሰምዐ ክመሃርየ ኢሉ ናብ ሓደ መምህር ከደ፡- <<ኣቦና ዳዊት ኣድግሙኒ>> ኢሉ ሓተቶም። ንሶም ከኣ ንስኻ ጥራሕ ተመሃር እምበር ኣነ ደኣ እንታይ ጸገም ኣለኒ ? ኢሎም ብሓጎስ ሕራይ ኢሎም ክምህርዎ ጀመሩ። ንሱ ከኣ መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ ሓደ ጽቡቕ ጌሩ ምስ ከኣላ ይኣኽኒ በሎም። ንሶም ከኣ ጌና ኢዩ እኮ እንተ በልዎ፡-<<ኣይ ኣቦና እዛ ንእሽተይ ፍልጠት ምስ ዱላይ ትኣኽለኒ ኢያ>> በሎም ይበሃል። ሎሚ'ውን ምስ ዱላይ ንእሽተይ ፍልጠተይ ትኣኽለኒ ኢያ ኢሎም ዝነብሩ ብዙሓት ኢዮም። ንስኻ ግን ከምኦም ኣይትኹን።

## ፍትወይ!!

ደገፍቲ ሰዓብቲ ኣይኮኑን። ሰባት ስለ ዝደገፉኻ ሒዘዮ ዘለኹ ሓቂ ኢዩ ኢልካ ኣይትሕሰብ። ምናልባት ሎሚ ዝበኽዩልካ ሎሚ ንኽርስዑኻ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። እንተ ኣልቀሱልካ'ውን ቃልካ ማሪኽዎም ዘይኮነስ ዝሞተ ዘመዶም ትዝ ኢልዎም ክኸውን ይኽእል ኢዩ እሞ ኣልቂሶም ኢልካ ንዘረባኻ ዶብ ኣይትስኣነሉ። ሰብ ንሰብ ዝመስል ኣይሳኣንን ንሓቂ ብደጋፊ ከይትመዝና ተጠንቀቕ።

## ፍትወይ!!

እገሌ ዘርኡ ክፉእ ኢዩ። እገሌ ዘርኡ ጽቡቕ ኢዩ ኢልካ ኣይትሕሰብ። ክፉእን ጽቡቕን ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ዝተቐመጡ ዘይኮኑስ ናይ ሰብነት ጠባያት ስለ ዝኾኑ። ብሓደ ክፉእ ንኹሉ ክፉእ ኣይትበል። ጃምላዊ ምድቋስ ከምዚ ስለዝኾነ።

## ፍትወይ!!

መጀመርያ ንጽቡቕ ጽቡቕ ምባል ከይከኣልካ ንኽፉእ ክፉእ ንምባል ብቕዓት የብልካን። ሰባት ካብ ዘዕበዮም ዝወረስዎ ክፉእ ትምህርቲ፡ ንዓይ ዝኾነ ሰብ ኣይፈትወንን እዩ ዝብል ኣተሓሳስባ እዩ፡ ከምኡ'ውን ካብ ናይ ሰብነቶም ምርባጽ ዝተላዕለ ክፉኣት ስለ ዝኾኑ ምንጩ መርሚርካ ደግፎም። ንምሕጋዝ ሓይሊ ዝህልዎ ብርህራሄኻ ም኿ኑ ኣይትረስዕ።

## ፍትወይ!!

ብዘድሓነካ ጎይታ ብክርስቶስ ኣይትሕፈር። ንሱ ብኣኻ ዘይሓፈረ ንስኻ ከመይ ኢልካ ብእኡ ትሓፍር ? ምስ ዝኾነ ሰብ ዘለካ ርክብ ንሓቂ ዋጋ ንምኽፋል እምበር ንሓቂ ንምቕታል ኣይኹን። ብዙሓት ስለ ዝተሰማምዕሉ ሓቂ፡

ውሑዳት ስለዝደገፍዎ ሓሶት ኢዩ ኢልካ ኣይትእመን፡ ናይ ሓቂ መምዘኒ እግዚኣብሄር ስለዝኾነ።

## ፍትወይ!!

ንሓቂ እምበር ንኽይብሉኒ ኣይትንበር። እዚ ክብለካ ከለኹ ግን ትነብረሉ ህዝብን ባህልን ምስ ሓቂ ክሳብ ዘይተጋጨወ መግፋዕቲ የብልካን። ሰባት ዝቕበሉኻ ባህሎም ምስ ትፈልጦን ምስ ተኽብረሎምን ስለዝኾነ።

## ፍትወይ!!

ሰባት ንቋንቋኻ ዘይኮነስ ሓሳብካ ክቕበሉኻ ጻዓር። እግዚኣብሄር ከማን ንሓሳቡ ብናይ ሰባት ቋንቋ ኢዩ ኣጽሒፍዎ። መጽሓፍ ቅዱስ ብናይ ሰብ ቋንቋ ዝተጻሕፈ ናይ እግዚኣብሄር ሓሳብ ስለዝኾነ እዩ።

## ፍትወይ!!

ቁልዕነት ዝለስለሰ መሬት፡ ጉብዝና ናይ ኣዝመራ ዘመን፡ ሽምግልና ድማ ናይ ዓጺድ ዘመን ምኧኑ ኣስተውዕል። ኣብ ሽምግልናኻ እትዓጽዶ ኣብ ጉብዝናኻ ኣዝመራ ስለዝኾነ ሎሚ እትዘርኦ ተጠንቀቕ።

## ፍትወይ!!

ፍልጠት ንዘይብሎም ሰባት ሓግዝ። ፍልጠትካ ኣብ ዘይፈልጡ ክትኮርዕን ክትፈርድን ኣይግበርካ። ናይ ፈላጥ ኩሩዕ ደረጅኡ ምስ ዘይፈልጡ ስለ ዝኾነ።

## ፍትወይ!!

ሰባት ፍልጠት ኣይግብኣንን ወይ ከኣ ኣየድልየንን ኢሎም ስለ ዝሓስቡ ዘይ ክቕበሉኻ ይኽእሉ ኢዮም። ንስኻ ግን ሓግዞም። ሰባት ቀዲሞም ንዝሰምዕዎ ነገር እሙናት ኮይኖም ሓድሽ ንዝመሰሎም ሓሳብካ ድማ ዘይክቕብልዎ ይኽእሉ ኢዮም። ንኽፉእ ከምዚ ካብ ተገዝኡ ነቲ ሰናይ ዝኾነ ነገር እንተ ረኺቦም ደኣ ከመይ ምተገዝኡ !

## ፍትወይ!!

ፍልጠት በዓል ዕዳ ምኳን ስለ ዝኾነ ንዘይፈልጡ ደግፎም። መሪር ገረብ (ኮሳ) ክትሰትዮ መሪር ኢዩ ጻኒሑ ግን ይፍውሰካ። ናይ ወንጌል ሓቂ ከኣ ከምኡ ምኳኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ካልእ ሰባኺ እኳ እንተ ተላእኮም ኣይንቐበሎን ከይብሉ ብናይ ህልኽ ክትዕ ናይ ሰባት ውሽጦም ኣይትዕጸዎ። ንስኻ ብህልኽካ ዝነገርካዮም ሰናይ ነገር ካብ ካልእ ምስ ዝሰምዕዎ ዝዝክርዎ ነቲ ሓቂ ዘይኮነስ ንዓኻ ስለ ዝኾኑ።

## ፍትወይ!!

ሰባት ንዝነገርካዮም ሓቂ ምሳኻ ተቓዊሞም ኣብ ካልእ ቦታ ክዛረብሉ ክትሰምዕ ኢኻ። ንዝነገርካዮም እኳ እንተ ዘይተቐበልዎ ካብ ሕልንኦም ክኣልይዎ ግን ኣይክእሉን። እዚ ናቶም ስልጣን ኣይኮነን። ስለዚ ብፍቕርን ብትሕትናን ንገሮም። ድንግርግር ኣብ ዝበሎም መዓልቲ ዝነገርካዮም ናይ ህይወት ኣማራጺ መታን ክኾነሎም ንሓቂ ኣብ ውሽጦም ኣቕምጥ።

## ፍትወይ!!

ሎሚ ናይ ምዝራእ ዘመንካ፡ ጽባሕ ናይ ምዕጻድ ዘመንካ ኢዩ’ሞ ብእምነት ንሓቂ ዝራእ። ካልኦት ንዓኻ ጽን ኣይበለንን ኣይሰምዓንን ከይበሉ ንሓቂ ስለ ዝነገሩኻ ንስኻ ሎሚ ናይ ሓቂ ምስክር ኮይንካ ኣለኻ። ንስኻ ከኣ ከይንዓቕካ እትነግሮም ናይ ጽባሕ ፍረታት ኢዮም። ንህጻንን ንዝፈልጥን ሓቂ ተዛረብ ምኽንያቱ ናይ ዘርኢ ግዜኻ ስለ ዝኾነ።

## ፍትወይ!!

ስለ ሓደ ነገር ምፍላጥ ስለ ኩሉ ነገር ምፍላጥ ማለት ኣይኮነን። ብዙሕ ካብ ዝኾኑ ፍልጠታት ንስኻ እትፈልጦ ንሓደ ኢዩ። ስለዚ ናትካ ፍልጠትን ናትካ ትምህርትን ኩሉ ዝኽእል ኣይምሰልካ። ኤልሻዳይ ኩሉ ከኣሊ እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ።

## ፍትወይ!!

ኣብ ትፈልጦ ቦታ ኣገልጋሊ፡ ንዘይትፈልጦ ሰባት ድማ ብጽቡቅ ተግባር ደጀን ኩን። ኣብ ቦታኻ መምህር ኣብዘይ ቦታኻ ድማ ተማሃሪ ኩን፡ ናይ ሃገርና ሰብ ንሓደ ነገር ምፍላጥ ንኹሉ ነገር ምፍላጥ ስለ ዝመስሎ እንዳ እናተጋገየ ይነበር። ንስኻ ግን ዲግሪ ኣለኒ ኢልካ ቤተ ክርስትያን ክትመርሕ ኣይትበል፡ ሓኪም እየ ኢልካ ሃገር ክመርሕ ኣይትበል። ኣብዘይትፈልጦ ንዘይግብኣካ ወንበር ሃቡኒ ኢልካ እኳ ተሃቡኺ ኣይትቀበል። ነዚ ዝበቅዑ ብዙሓት ስለ ዘለዉ። ንስኻ ትሰርሖ ካልኦት ኣይሰርሕዎን። ንስኻ ኸኣ ኩሉ ኣይትረፈኒ እናበልካ ናይ ካልኦት ክትሰርሕ ክትብል መወዳእታኻ ውርደት ምዃኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ብፍልጠትካን ብሃብትኻን ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ፍሉይ ዝኾነ ክብረት ኣይትድለ። ቤት እግዚኣብሄር ኩሉ ስለ ሓጥያቱን ስለ ድኻሙን ብርታዐ ዝሓተሉ ስፍራ ስለዝኾነ። ፍልጠት ንኽርድኣካ ንርእስኻ ባዶ ግበር። ናይ መጥባሕቲ ፍልጠትካ መኪና የዐርያ ኢዩ ኢልካ ኣይትሕሰብ። ናይ ጋራጅ ሰራሕተኛ ኣገዳሲ እዩ እሞ ኣኽብሮ። ንፍልጠቱ'ውን መርምር።

## ፍትወይ!!

ኣብ ኣደባባይ እተገልግሎ ብዙሓት ህዝቢ ናትካ ሓቀኛ ፍረ ኣይኮኑን። ካብ ህይወትካ ዝመሃሩ ናይ ቀረባ ደቀ መዛሙርቲ የድልዩኻ። ናትካ ብቅዓት ዝህልዎ ንዘሎን ንዝቅጽልን ትውልዲ ምስትነብር እምበር ነዲድካ ምስትቃጸል ኣይኮነን። ስለዚ ንሓቂ ሒዝካ መኻን ኣይትኹን።

## ፍትወይ!!

ንሓቂ ምንብርካኽ ንሰብ ምንብርካኽ ማለት ኣይኮነን። ብክርስቶስ ኣሚንካ ሕራይ ምባል ከኣ ንድኹም ኣገልጋሊ ምንብርካኽ ዘይኮነስ፡ ንዘልኣለማዊ ሓቂ ምምራኽ ምኧኑ ዘክር። ናይ ምስዓርን ተሳዓርነትን ጉዳይ መሲልካ ኣብ ኣፍ ደገ ህይወት ከይትተርፍ ተጠንቀቕ። ብጀካ ክርስቶስ ካልእ ዘድሕን የለን።

● ● ● ● ● ●

# ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ

## ፍትወይ!!

ጭንቀት ዝመጽእ ብሓዳር፡ ቁጥዓ ዝላዓል ካብ ዘቆጥዕ ሰብ ዘይኮነስ ካብ ውሽጥኻ ምኻኑ ፍለጥ። ጭንቀትን ቁጣዓን ካብ ደገ ናብ ውሽጢ ዘይኮኑ ካብ ውሽጢ ናብ ደገ ምኻኑ ንበይንኻ እናነበርካ ትርድኦም እዮም። ንርእስኻ ምግዛእ ጠባይካ ኣባኻ ዘይኮነስ ንስኻ ኣብ ጠባይካ ንኽትገዝእ ንመንፈስ ቅዱስ ተማሕጸን። ንሱ ናይ ርእስኻ ትገዝኣሉ መንፈስ ስለ ዝኾነ።

## ፍትወይ!!

ኣነ እናበበሉ ዝዛረቡ ናይ ነብስኻ ምምላኽ እዩ እሞ፡ ንሙሴ ካብ ተስፋኡ ዘፈናቀለ ቃል ምኻኑ ሓሲብካ ንዓቆ። ኣይኮነን ህልውና ንመቃብር'ውን ዘጥፍእ "ኣነ" ዝብል ሙሴነት ምኻኑ ተገንዚብካ ብቅልጡፍ ደርብዮ። "ኣነ" ዝብል ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ቅድሚ ሰብ'ውን ኣምሰሉ ተባሂሉ ክብሪ ከም ዝስእን፡ ንዝጸረፍዎ ዝጻረፍ ነብሱ ከም ዝህብ ውዳሴ ከንቱ ዝደሊ ከም ዝኾነ ኣስተውዕል። ውዳሴ ከንቱ ዝደሊ ኣብ ስርሑ ምትእምማን ዝጎደሎ እግዚኣብሄርን ሕልናን ዘይመስከርሉ መምርሒ ዘይብሉ ሰብ ከም ዝኾነ ኸኣ ኣስተውዕል።

## ፍትወይ!!

ኣትክልቲ ኣብ ዝኸበረ ቦታ ተቀሚጡ ንብልዒ ዝቅረብ ሓድሽ ከሎ ካብ ቆጽሊ ምስ ዝቅንጠብ እዩ። ንስኻ ኸኣ ኣብ ሰማይ ትኸብር ኣሚንካ ምስ ትመውት እዩ፡ ብናይ ትማሊ ትዝታ ዘይኮነ ብናይ ሎሚ ኮይንካዮ ዘለኻ ምስ ትርከብ እዩ። ንጉዕዝኡ ብመንፈስ ጀሚሩ ብስጋ ዝፍጽም ኣብ መሬት ለምሊሙ ኣብኡ ደሪቁ ከም ዝተርፍ ኣትክልቲ እዩ እሞ ካብ እምነትካን ተግባርካን ሓሊፍካ ኣብ ዝለዓለ ክትበጽሕ ጸልይ።

## ፍትወይ!!

ፈራዲ ምስ ዝገብሩኻ ገጽ ሰባትን ናይ ጽባሕ ጥቅምኻ ሓሲብካ ፍርዲ ኣይተቅነኒ። ኣብ ዝፈርዱ ዝፈርድ ጐይታ ኣብ ልዕሌኻ ከም ዘሎ ሕሰብ። ፍርዲ ንተበዳሊ ንበዳሊ ዘይኮነስ ሓቀኛ ፍርዲ ንእግዚኣብሄር ስለ ዝኾነ ከምኡ’ውን ቂመኛን በቀለኛን ምስ ትኸውን ናይ ዳኘነት ስራሕ ኣይትምረጽ። ዳኘነት ዝበሃል ንርእስኻ ምኽባር ዘይኮነስ ንኻልኦት ምጥቃም ስለ ዝኾነ።

## ፍትወይ!!

ንሓሳብካ ኣብ ትሰርሖ ስራሕ ጥራሕ ወስን። ንዘይትሰርሖ ምሕሳብ ንትሰርሖ ደው የብል። ብዙሕ ሓሳብ ንፍልጠት የብንኖ። ዘብክን ይገብረካ።

## ፍትወይ!!

ከም ህጻን ኣብ ኢድ ሰብ ዘሎ ኩሉ ኣይምራሕካ። ገዙፍ ተፈጥሮ ስሑቡካ’ውን ናይ ቀንጠመንጢ ኣፍቃሪ ኣይትኹን፡ ንዝተዋህበካ ብምስጋና ሓዞ።

## ፍትወይ!!

ሰብ ውጽኢታዊ ዝኸውን ብሓደ ነገር እምበር ብብዙሕ ነገር ኣይኮነን እሞ ብዙሕ ነገር ኣይትጀመር። ብንብረት ኮነ ብፍልጠት ኣይትወዳደር ንብረት መገልገሊ እዩ እሞ ብባርያኻ ምምካሕ ከይኮነካ፡ ፍልጠት ከኣ መማሳሪ ዘይኮነስ ንዕውራን መርኣኢ እዩ እሞ ክብሩ ከይቅንሰካ ካብ ናይ ንብረት ትምክሕቲ፡ ካብ ናይ ፍልጠት ምጉት ረሓቅ።

## ፍትወይ!!

ፈታዊ ንኽፉእ መዓልቲ ኣይከውንን ጴጥሮስ ክሒዱ ስምኡት ቁረናዊ ንመስቀሉ ከም ዝሓገዞ ዮሓንስ ብርሑቅ ክኸተል ዮሴፍ በዓል ኣርማትያስ ከም ዝገነዞ ማርቆስ ልብሱ ደርብዩ ክሃድም ኣንስቲ ከልቅሳሉ፡ ኣዝማዱ ይሰቀል እንክብሉ ጲላጦስ እንታይ ጌሩ ? ክብል ከም ዝሰማዕካ ፈታዊ ንኽፉእ መዓልቲ ከምዘይከውን ኣብ ጐይታ መድሃኒ ዓለም ካብ ዝወረደ ተማሃር።

## ፍትወይ!!

ንፈታዊ ምፍታው እምበር ይጠቅመኒ እዩ ኢልካ ምሕሳብ ንፍቅሪ ዘኽስር ኣብ ጨረታ ምውራድ እዩ። ኣይጸልኣንን እዩ ኢልካ ብፈታዊ እንተተኣማሚንካ ኣምሊኽካዮ ማለት እዩ። ዘምለኽካዮ ፈታዊኻ ከኣ ካብ ጸላኢ ንላዕሊ የሳድደካ።

## ፍትወይ!!

ንኹሉ ወረ ከጻርዮ ኣይትበል፡ ንዝተሓብአ ምስጢር ኣይተውጽእ። ንዝሰማዕካዮ ወረ፡ ንዝተገልጸልካ ምስጢር እንታይ መፍትሒ ጌርካሉ ? ንዝረኣኻዮ ስራሕ ኩሉ ክሰርሖ እየ፡ ንዝሰማዕካዮ ትምህርቲ ኩሉ ክመሃሮ እየ ኣይትበል። እዚ ዝተሰወረ ናይ ቅንኣት ጠባይ እዩ እሞ። ንኹሉ ክሕዝ

ምባል ማለት ድማ ዝንጉዕ ጌሩ ከየትርፈካ ንኹሉ ክሕዝ ኣይትበል።

## ፍትወይ!!

ሰንበት እንብሎ ተግባረ ነፍሲ ብምሉእነት እንሰርሓሉ ናይ ጐይታ መዓልቲ እዩ። ኣብዚ መዓልቲ ጐይታ ዝተባህለ ንእግዚኣብሄር ተዘይ ኣምሊኽካ ንዝተጎድኡ ተዘይጠይቅካ ትብድል እምበር ኣይትጥቀምን። ዕረፍቲ ዘሎ ወላሓንቲ ዘይምስራሕ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጢ ጽቡቅ ተግባር እዩ።

## ፍትወይ!!

ሓደ ናይ ደብሪ ሰባኺ ወንጌል ካብ ትንሳኤ ጀሚሩ ንሰለስተ መዓልታት ዕረፍቲ ሂበ ኣለኹ ኢሉ ናይ ኣጋ ምሸት ጉባኤ ዓጸዎ። ናይ ሶኒ ሰባኺ ዝነበሩ ቀሺ እንተ መጹ ወላሓደ ዘየለ ጸንሖም። ነቲ ሰባኺ ወንጌል ደልዮም፡- <<ሕዝቢ ናበይ ከይዱ ?>> እንተ በልዎ። ንሰለስተ መዓልቲ ዕረፍቲ ሂበ ኣለኹ ብምባል ተዛረቦም። በዚ ግዜ እቲ ቀሺ፡- << ሰብ ብቃል እግዚኣብሄር ድዩ ዘዐርፍ ወይስ ካብ ቃል እግዚኣብሄር እዩ ዘዕርፍ ? ኢሎም ሓተትዎ። ሰባኺ ወንጌል ግን መልሲ ሰኣነ። እወ ሰብ ዘዕርፍ ኮፍ ብምባል ዘይኮነስ ብናይ ቃል እግዚኣብሄርን ብጹቡቅ ተግባርን እዩ። ንስኻ ኸኣ ብመዓልቲ ጐይታ ናይ ጐይታ ስራሕ ክትሰርሕ ሕሰብ።

## ፍትወይ!!

እግዚኣብሄር ነብስኻ ንምድሓን ንስጋኻ ይቀጽዕ እዩ እሞ ስለ ድሕነት ነፍስኻ ስጋኻ ምስ ዝቀጽዕ ብሓጎስ ተቀበል። ምናልባት ሎሚ ጽቡቅ እናሰራሕካ መከራ እንተበዝሓካ ብዝሰራሕካዮ ሓጥያት የስተምህረካ ክኸውን ይኽእል እዩ

እሞ ምጉርምራምካ ገዲፍካ ጐይታየ መከራይ ኣሕጽረለይ ኢልካ ለምኖ።

## ፍትወይ!!

ከም ሓውን ሓፍትን ምብል ዘይቅጽል ቋንቋ እዩ እሞ ብምስትውዓል ተመላለስ። ንጓለንስተይቲ ዘድልያ ናትካ ጽወታ (ጆክ) ዘይኮነስ ሓገዝ እዩ፡ ዕለታዊ ግብጃ ዘይኮነስ ፍልጠት ምኧኑ ዘክር። ናይ ኣዴኻ ውዕለት እትኸፍሎ ኣብ ጓል እዩ እሞ ጓል ንዓኻ ብዘለዋ ጥቅሚ ዘይኮነስ ንስለ ርእሳ፡ ንስለ ናይ እግዚኣብሄር ፍጥርቲ ኢልካ ደግፋ።

## ፍትወይ!!

መልክዑ ጽቡቅ ግብሩ ጠዋይ ኣይትኹን ። ጽቡቕ ምኧን መጻወድያ ጥራይ ዘይኮነስ መጻወዲኻ ምኧኑ ዘክር። ጽቡቓት ጽባቔኦም ንኹሉ ዝትክእ እናመሰሎም ካብ ፍልጠትን ትሕትናን ይርሕቁ። ንኹሉ ሰብ ብመልክዖም ዝማርኹ ስለ ዝመስሎም ኩሩዓት ከምኡ ድማ ተንኮለኛታት ይኾኑ። ንስኻ ግን ጥዑይ ፈታዊ እምበር ጽቡቕ ቁመና ኣይትድለ። ጥዑይ ሓዳር እምበር ጽብቕቲ ሰበይቲ ኣይትመነ። ደጋዊ ኮንትነት ሓላፊ ኢዩ። ሰብ ዘብሎ ናይ ውሽጡ ስለ ዝኾነ። ከምኡ'ውን ብዝፈርስ ኣካል ብናብራ ዝለዋወጥ መልክዕ ኣይትታለል። ዲዮጋን ዝተባህለ ፈላስፋ፡- ኣዘራርብኡ ከፉእ፡ ቁመንኡ ግን ዘደንቕ ሓደ ሰብ ገጠሞ እሞ፡- << ገዝኡ ጽቡቕ ኢዩ፡ ሓዲርዎ ዘሎ ግን ከፉእ ኢዩ>> በለ ይበሃል። ናይ ደገ ሰብነትካ ናይቲ ሓቀኛ መንነትካ ገዝኡ እዩ እምበር ሓቀኛ መንነትካ ከምዘይኮነ ዘክር።

**ፍትወይ!!**

ንምውሳን ምስ ትሽገር ንናይ እግዚኣብሄር ሰባት ኣማኽር። ተዘይ ኮይኑ ዕጫ ኣውጺእካ ንነገራትካ ቁረጽ። ዘይተቐርጸ ነገር ተጠራጣሪ ስለ ዝገብረካ። ከምኡ ከኣ ንምኻድን ንምቋምን ዕረፍቲ ይኸልኣካ።

• • • • •

# ምዕራፍ ዓሰርተ ክልተ

## ፍትወይ!!

ንገዛእ ጥቕሙ ለሙንኒ ዝብል ናይ ዓያሹ ዓሻ ምኺኑ ኣይትረስዕ። እዚ ሰብ ከይተጎድአ ኣይተርፍን። መኻሪኻን ወላዲኻን እትስእኖም ኣይመስለካን እዩ። ግን ትስእኖም ኢኻ። ኣብ ዝሰኣንካዮም መዓልቲ ግን ነፍስ ወከፍ እምቢታኻ ሕማም ይኾኑኻ። ኩሉ ነገር ህያብ ምኺኑ ዝርድኣካ ምስ ትስእኖም ካብ ኮነ እተሕዝን ፍጡር ምኺንካ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ፍተውኒ ምባል የጽልኣካ። እመኑኒ ምባል ከኣ ንርእስኻ ምምላኽ ይኸውን። ኣይትረስዑኒ ምባል ክትርሳዕ ይገብረካ። ጸሊእካኒ ዲኻ ምባል ጽልኢ የትርፍ። እግዚኣብሄር እንተ ፈቒድዎ ምባል ገዲፍካ ከምዚ ክገብር ኢየ ማለት ትምክሕቲ ይኸውን።

## ፍትወይ!!

ሰብ ከተሐጉስ ክትብል ይኸፍኣካ። ንእግዚኣብሄር ከተሐጉስ ምስ ትነብር ግን ኩሉ ደስ ይብለካ።

## ፍትወይ!!

መኻሪ ምስ ትደሊ ንሓሳብካ ብናይ ኻልእ ሰብ ፍልጠትን ጸጋን እናመርመርካ ክኸውን ኣለዎ እምበር ወሲንካ ምምኻር ኣይርድኣካን። ወሲኑ ኣማኻሪ ዝደሊ ደጋፊ እምበር ምኽሪ ዝደሊ ኣይኮነን። ከምኡ’ውን ንናይ ኣማኻሪኻ ሓሳብ ብምጉት ናብ ናትካ ሓሳብ ክመጽእ ምግባር ንኣማኻሪኻ

ንድሕሪት ምምላስ፡ ንርእስኻ ብገዛእ ኢድካ ምውዳቕ ም኿ኑ ዘክር።

## ፍትወይ!!

ይፈትወካ ኢየ እትብሎ ቃል ከም ውዕለት ኣይትግበሮ፡ ግዴታኻ ስለ ዝኾነ። ምፍታውካ እትነግሮም ንፈትወካ ኢና መታን ክብሉኻ ኣይኹን። ሰላም ዘለዎ ኣፍቃሪ ናይ ነፍሱ ፍቕሪ ብዘይ ምኽንያት ክፍጽም ዝኽእል ጥራይ ከም ዝኾነ ፍለጥ። ምፍታውካ ክትሰምዕ ኣይትጸበ። እግዚኣብሄር ፈቲካ ፈትዩ'ውን ኣድሒንካ።

## ፍትወይ!!

ካብ ተግባርካ ቃልካ ኣይሓይል። ብዙሕ ክትዛረብ ምኽኣል ውሑድ ግን ዘይምስራሕ ትዕድልቲ ስለ ዝኾነ። ተኣማንነትካ ብግብሪ ግለጾ። ምሕሳብን ምግባርን ካብ እግዚኣብሄር ስለ ዝኾነ እግዚኣብሄር እንተ ፈቒድዎ ከምዚ ክገብር ኢየ በል።

## ፍትወይ!!

ምስ ሕልናኻን ምስ መንፈሳዊ ኣማኻሪኻን ከይመኸርካ ዝኾነ ነገር ኣይትወስን። ተመሊሱ ከጣዕሰካ እዩ። ኣጸቢቕካ ከይሰማዕካ ቃል ኣይትእቶ። መከራ ከይወርደካ ሰብኣይ ኣብዘይብሉ ገዛ ምስ ሰበይቱ በይንኻ ኣይትቀመጥ።

## ፍትወይ!!

ንቂም ዘጽንዖ ምልፍላፍ ኢዩ እሞ ልብኻ ቂም ምስ ዝሓስብ ንዓቆ እምበር ኣኽቢርካ ኣይተውርየሉ። ቂም ምውራይ ኣነ ትኽክለኛ ኢየ እቲ ሰብ'ቲ ግን ዝሰሓተ ኢዩ ማለት ስለ ዝኾነ። ቂም ንኣፍ ዘምርር፡ ንልቢ ዘንቅዝ፡ ንተግባር ዘባላሹ

ኢዩ። ንዝበደልካዮ ሰብ ግን ጌጋኻ ግለጸሉ። ቂመኛ ምኳን ብኹፉእ ምስናፍ እምበር ጅግንነት ኣይምሰልካ።

## ፍትወይ!!

ምስ ደሓን ዝኾነ ክትጽጋዕ ኢልካ ናይ ሓማትካ ጥቕሚ ኣይትድለ። እግዚኣብሄር እንተ ዘይረዲእካ እኳ ሓማትካን ሰበይትኻን ሕሱማት ክኾና ይኽእላ እየን። ዳዊት ካብ ናይ ሓማት መከራ ዘገላገሎ ሞት ኢዩ። ናይ ንጉስ ሳኦል ሓማት ብጸላኢኡ ዝኾነ ዳዊት ንብዙሕ ዘመን ከም እተጨነቀ ዘክር እሞ ብሓማትካ ኣይትመካሕ። እንኳን ናይ ሳልሳይ ወገን ፍቅሪ ናይ ካልኣይ ወገን ፍቅሪ'ውን ዝነብር'ሲ እግዚኣብሄር ምስ ዝረድእ እዩ።

## ፍትወይ!!

ኣዝማድ ሰበይትኻ ናእዳ ምስ ዘብዙሑልካ ወለድኻ ኣይትረስዕ። ብሓድሽ ፍቕሪ ሰኺርካ ወለድኻ ኣይትኽሓድ ዝኣኸለት ጓሎም ካብ ሕጂ ስለ ዘይክእልዋ በኣኻ ክትዝሕለሎም እንተ ፈተውኻ ሓቆም ምኳኖም ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ፈታዊ ጸብሒ ኣይትኹን። ካብ ሓዳርካ'ውን ክትኩብልል ኢኻ። ኤሳው በረኣኽት ስኢኑ ዝተረፈ ብጸብሒ ተታሊሉ ምኳኑ ኣይትረስዕ።

## ፍትወይ!!

ከብዳም ወዲ ብኸብዱ ይመውት፡ ገንዘብ ዘፍቅር ወዲ ሰበይቱ የካርያ። ንስኻ ግን ካብዞም ብልሹዋት ርሓቕ።

## ፍትወይ!!

ርህራሄ ምስ ዝበዝሕ ክትረድእ ስለ ዘይትኽእል ከይትደክም፡ ርህራሄኻ ምስ ዝንእስ ጨካን ከይገብረካ ርህራሄኻ ብልክዕ ይኹን።

## ፍትወይ!!

ካብ እግዚኣብሄር ወጻኢ ኣብ ማንም ፍጡር ኣይተምልኽ። ብስጋኻ ፡ ብነፍስኻ ስደተኛ ዝገብረካ ኣምልኾ ምስራቕ ስለ ዝኾነ።

## ፍትወይ!!

ሓጢኣት ንምስናፍ ንስኻ ድሌት ኣለካ እግዚኣብሄር ግን ሓይሊ ኣለዎ እሞ ድሌትካ ንሓይሉ ይማሕጸኖ። ንመቓብር ዘሰነፈ ናይ ትንሳኤ ሓይሊ፡ ኣብ ዘሰነፈካ ሓጢኣትን ወልፍን ልዕል ዝበልካ ክገብረካ ቆይምልካ ኣሎ እሞ ደስ ይበልካ።

## ፍትወይ!!

እትጸልኦ ሓጢኣት ምስ ዝገዝኣካ ብጣዕሚ ኣይትጨነቕ። ብተስፋ ጸልይ። ንጸላኢኻ ኸኣ ንግዚኡ እኳ እንተደኸምኩ፡ ንስኻ ግን ንዘልኣለም ክትስነፍ ኢኻ በሎ።

## ፍትወይ!!

ግዲ ተዘይ ኮይንካ ምስክር ኣይትኹን። ጸዊዒኒ ኢልካ ዝመስከርካሉ፡ ኣሕሊፉ ሂቡኒ ኢሉ ኸኣ ዝመስከርካሉ ይጸልኣካ። ግዲ ምስ ዝኾነካ ግን ንእግዚኣብሄር ኢልካ መስክር። ፈራዲ ምኧን ከቢድ ኢዩ። ካብ ተሾምካ ግን

ንሓቂ ፍረድ። ናይ ምስክርን ዳኛን ሓቂ ደረቕ ከምኡ’ውን ጸላኢ ዝገዝእ ምኺኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ብገንዘበይ ንሰብ ይገዝኦ እየ ከይትብል፡ ስርሓይ ይሰርሕ ኣለኹ ኢልካ’ውን ንፍቕሪ ኣይትደርቢ። ብገንዘብ ዝገዛእካዮ ካብኡ ዝበለጸ ገንዘብ ምስ ዝመጽእ ይኸይድ፡ ብፍቕሪ ዝገዛእካዮ ግን ተኣማኒኑ ይነብር። ንብረት ብገንዘብ፡ ሰብ ግን ብፍቕሪ ጥራይ ስለ ዝግዛእ።

## ፍትወይ!!

ውዕለት ሰብ ኣይተጥፍእ። ንውዕለትኡ ኣመስግን፡ ተዛረብ። ምስጋናኻን ዘረባኻን ግን ንፈታዊኻ ጸላኢ ከለዓዕሉ ኣብ ዝኽእል ቦታ ኣይትዛረበሉ። ንሰብ ብብሩህ ገጽ ተቐበል። ክፍለየካ ከሎ ከኣ ናይ መጨረሻ ግዜ ክኸውን ስለ ዝኽእል ብፍቕሪ ኣፋንዎ። መዓስ ከም ዝመጽእ ሕተቶ።

## ፍትወይ!!

ካብ ሓሳብካ ዘረባኻ እንዳቐደመ ምስ ዝብድለካ ልሳንካ ክሕሉ መራሒ ኣምላኽ ሓደራ ሃቦ። ኣብ ሃገርና ተጨቀኑ ዝነበረ ቃል እንተ ሃልዩ <<ይፈትወካ እየ>> ዝብል ቃል ኢዩ። ንስኻ ግን ንዘመናዊነት ዘይኮነስ ንሓቂ ፍቕርኻ ግለጽ። ዝተደፍነ ፍቕሪ ስለ ዘይማሙቕ። ዝተገልጸ ፍቕሪ ግን መልሲ ኣለዎ። ፍቕሪ ግን ስምዒት ዘይኮነስ ተግባር ምኺኑ ዘክር።

## ፍትወይ!!

ምስ ዘመድካ ጓል ኣንስተይቲ ኮነ ምስ ሓብትኻ ብጣዕሚ ኣይትቀራረብ። መንገዲ ስሒትካ ኣብ ሰማይን ምድርን ከይትውቀስ። ብኸምዚ ሰላሞም ዝዘረጉ ብዙሓት ሰባት ኣብ ዕድመይ ሪአ ኣለኹ።

## ፍትወይ!!

ሰብ ምስ ዝወድቕ ወይ ጉድ ምባል ኣይተብዝሕ። ወይጉድ ምባል ጉድ ስለ ትወልድ። ዘረባኻ ከም ሰበይቲ ለመጭ ኣይኹን። ከም ንጉስ ከኣ ኣይትፈክር፡ ከም ዋጠኛ ከኣ ኣቃባጣሪ ኣይትኹን ከም ኣማኒ ንዘይትፈልጦ ኣይትወድስ ከም ወረኛ ንዘይትፈልጦ ኣይተዋርድ ከም ደላላይ ከይሃብካ ኣይትጎዝጎዝ ከም ዲያቆን ብኣፍ ኣይትበታትን (ኣይትነስንንስ)። እዚ ንስራሕ ዘግድፍን ናይ ዘይፈልጡ እዩ።

## ፍትወይ!!

ንጹህ ኢየ ንምባል ኩሉ ሰብ ይሸትተኒ እዩ ኣይትበል። ኣፍ ንዘምጽኦ መከራ ኣካላት ኩሉ ተዘዋጽኡ ኣይከፍልዎን እዮም እሞ እግዚኣብሄር ንዝሰሓቅዎን ንዝፈረድዎን ከይረኣዮም ኣይተርፍን እዩ።

## ፍትወይ!!

ሎሚ ሓሲኻ ምምላጥካ ዓወት ኢዩ ዝመስለካ። ኣብ ዝተረደኣካ መዓልቲ ግን ብሓሶትካ ዝኣመነ ሰብ ብሓቅኻ ስለ ዘይኣምነካ ኣይትሓሱ። ሓሳውን ኣመንዝራን ተለዊጦም ከማን ብቕልጡፍ ዝኣምኖም ኣይረኽቡን እሞ ካብ ሓሶት ርሓቕ።

## ፍትወይ!!

ንእትፈትዎ ኣብ ፍርዲ ኣድልዎ ምስ ትገብር እቲ ኣድልዎ ዝገበርካሉ ጥራይ ዘይኮነስ እቲ ዝሓገዝካዮ’ውን ሕልና እንተለዎ ይዕዘበካ እዩ። ሓቀኛ ፍቕሪ ካብ ሓቀኛ ፍርዲ ከምዘይፍላለ ዘክር።

## ፍትወይ!!

ወላ ውን እንተሕረቀካ ንሰራሕተኛኻ ደሞዙ ከሊእኻ ክሰሰኒ ኣይትበሎ። ሞይቱ ከመይ ኢሉ ክኸሰካ ? መንግስቲ ንዓመጸኛ እንተኣሰሮ መግቢ ግን ኣይከልኦን ኢዩ እሞ ንሰብ ብብልዒ ኣይትቕጻዕ።

## ፍትወይ!!

ኣኽብሩኒ ዝብል ይነዓቕ ኢዩ እሞ ኣኽብሩኒ ዝብል ኣይትኹን። ንሰብ ዘኽብሮ ቊጥዕኡ ወይ ኣኽብሩኒ ምባሉ ዘይኮነስ ጸሎት ከምዝኾነ ፍለጥ። ንኽትከብር ኢልካ ጠንቋሊ ኣይተናዲ። ከም ሬሳ ከቢድ፡ ከም ኣራዊት ተፈራሒ ኮይንካ ከይትተርፍ። ካብ ውርደተኛ ድያሎስ ክብሪ ምድላይ ከንቱነት ስለ ዝኾነ።

## ፍትወይ!!

ወልድ እግዚኣብሄር ጽቡቕ ሰሪሑ ኢዩ መከራ ተቐቢሉ። ንስኻ ከኣ ጽቡቕ ሰሪሕካ መከራ ምስ ዝበዝሓካ ንዕኡ መሲልካ ኣለኻ ከምኡ ድማ ዋጋኻ ኣብ ሰማይ ኢዩ’ሞ ዝኾነ ብምግባርካ ከይትምካሕ እግዚኣብሄር ደልዩካ ኢዩ’ሞ ደስ ይበልካ።

## ፍትወይ!!

ንፍቓድ ስጋ ምእዛዝ፡ ንስጋዊ ርክብ ምግዛእ ኣካልን ኣእምሮን የድክም። ስጋዊ ርክብ ስንፍናን ሕማም ርእሲ ዘምጽእ ም'ኧኑ ፍለጥ። እንተ ተዋሂብካ ብድንግልና ምንባር ጸጋኡ ብዙሕ ኢዩ።

## ፍትወይ!!

ኣቦታት፡- “ጻዕዳ ልብሲ ኣብ ልቢ ትዕቢት የሐድር” ይብሉ። ምኽንያቱ ክዳኑ ከይረስሕ ክብል ኣብ ላዕሊ እምበር ኣብ ታሕቲ ምቕማጥ ስለ ዘይፈቱ። ንስኻ ግን ሓመድ ዝኾነ ስጋ ተሰኪምካ ከምዘለኻ ሓሲብካ ንክብረትን ኣንነትን ንዓቆ። ሎሚ ብኹርዓት እትረግጾ መሬት ሓደ መዓልቲ ከም እትረግጸካ ዘክር።

## ፍትወይ!!

ካብ መከራ ነጻ ምኧን ኣይትመነዮ። ነጻ ምስ ትኸውን ንስኻ ንስኻ ኣይኮንኳን።

## ፍትወይ!!

እገሌ ከምዚ ስራሕ ሰሪሑ ከመይ ከይተፈርደ ዶንጊዩ ኣይትበል። ፍርዲ ናይ ኣካል ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ሕልና'ውን ኢዩ እሞ ንዘይ ምፍራዱ ኣይትፈልጦን ኢኻ። ካብ ኩሉ ቅጽዓት ዝኸፍአ ናይ ኣእምሮ ምብስባስ ኢዩ።

## ፍትወይ!!

ሕልሚ ርእየ፡ ትንቢት ተዛሪቦምኒ ኢልካ ኣይትሰንብድ። እግዚኣብሄር ሕልሚ ዘርኣየካ ብዕላማ ንኽትጽሊ እምበር ክትፈርሕ ኣይኮነን። ትንቢት ዝዛረቡ ከኣ ምስ እግዚኣብሄር ተዓረቕ እንተ በሉኻ ብደስታ ተቐበል። ኣብ ዝኾነ ግዜ ከይበደልካ ስለ ዘይትተርፍ። ክትመውት ኢኻ እንተ በሉኻ ኣይትገረም። ናይ ሞት ትንቢት ኲላትና ንጽበዮ ዘይተርፍ ቆጸራ እዩ እሞ። ክትሽየም ኢኻ፡ ክትነግስ ኢኻ እንተ በሉኻ ግን ሒዝካዮ ንዘለኻ ናብራኻ ንከምንጥሉኻ ኢዩ እሞ ተጠንቀቕ።

## ፍትወይ!!

ዝበልጸካ ክኾርዓልካ ከይብለካ። ብትሕቴኻ ዘሎ ከርክበካ ኢሉ ከየጥፍኣካ መጠን ሃብትኻ ኣይተውሪ ብገዛእ ኣፍካ ብእኡ ትኽብር ብእኡ ከኣ ስለ ትሓስር።

## ፍትወይ!!

መዓልቲ ምስ ዝጎድል፡ እትመሃሮ ልዕል እንተ በለ ሰበይትኻ ከሓዲት፡ ወድኻ ከኣ ኣንጻርካ ይኾንኻ ኢዮም እሞ ዎ እግዚኣብሄር ኣስተምህረንን ኣሳግረንን ኢልካ ጸልይ እምበር ኣይትሰንብድ።

## ፍትወይ!!

ናይ ሰብ ከብዱ ፈርሲ ስለ ዝኾነ ንሰብ ውሽጡ ክትፈልጦ ኣይትበል። ካብ ሰብ ፈልዩ ዝነገረካ ፈታዊኻ ድማ ምስጢርካ ንማንም ኣይትዛረብ። ናይ ሰብ ፈተንኡ ናባኻ ከይግልበጥ ዝሰርሖ ኩሉ ክፈልጦ ኣይትበል። ንስኻ ተፈቲንካ ሓሊፍካ ዘይትፈልጥ ንሰብ መፈተኒ ኣይተቐምጥ።

## ፍትወይ!!

ኣዚኻ ብምኽባር ከይተምልኾ፡ ኣዚኻ ብምንዓቕ ከይተዋርዶ ሰብ ከማኻ ምኧኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ሹመትን ሓዳርን ጠባይ ስለ ዝልውጥ ናይ ቀደም ፈታዊኻ ኣብ ዝተሾመን ኣብ ዝተመርዓወን ግዜ ከም ናይ ቀደም ክላገጸሉ እየ ኣይትበል። ናይ ሃገርን ወገንን ዝግብኦ ልማድ ኣይትኽልኣዮ። ንበዓል ስልጣንን ቀሽን ኣቱም ኢልካ ጸውዕ። ካብ ዝተለምደ ክብሪ ዝወጸ ሰብ ከም ጽሉል ስለ ዝርአ ቁም ነገርካ ንከይሽፈን ሓጢኣት ዘይኮነ ነገር ግበሮ።

## ፍትወይ!!

ምፍካር ገና ኣይኮነን ከም ምባል ማለት ኢዩ’ሞ ከይተወድአ ኣይትፈክር። እንተተወዲኡ ግን ንምስጋና ቁም። ዓወት ህያብ እምበር ዓወት ቃልሲ ከምዘይምኧኑ ዘክር። ናይ ላዕላይ ጐይታ ዓወት ንክህበካ ለምኖ። ሊቅ ኢየ ኣይትበል፡ እዚ ሊቅ ዘይኮነ ቢሒቑ ናይ ምኧንኳ ምልክት ስለ ዝኾነ።

## ፍትወይ!!

ከይብሉኒ ከይበለ ዝግስጸካ ሰብ ተዘይብልካ ብጣዕሚ መስኪን ኢካ። ከይብሉኒ ከይበለ ዝግስጸካ መምህር ምስ ትስእን ከይብሉኒ ከይበለ ዝግስጸካ ጽሉል እኳ ንኽህበካ ለምን። እትሰርሖ ኩሉ ንስኻ ንበይንኻ ክትመዝኖ ስለ ዘይትኽእል። ኣብ ህይወትካ ብውሕዱ ንዝተለወጥካሉ ነገር ምስ እትሪኦ ብዘይ ከይብሉኒ ዝተገሰጽካዮ ስሕተት ኮይኑ ክትረኽቦ ኢኻ።

●●● ●●●

# ምዕራፍ ዓሰርተ ሰለስተ

## *ፍትወይ!!*

ኣዝዩ ግሉጽነት ጽሉል ይገብር። ኣዝዩ ስቓታ ፈታዊ የስእን ኢዩ እሞ ዘረባኻን ስቓታኻን ኣብ ቦታኡ ምስ ዝኸውን ውህበት ይኸውን። ኣዝዩ ተዘይቢኢስካ ንሱ ከማን ንመንፈሳዊ ኣማኻሪኻ ተዘይኮኑ ናይ ሓዳርካ ምስጢር ኣይተውሪ።

## **ፍትወይ!!**

ናተይ ዘረባ ንመን ክልውጥ ኢልካ ? ንጊጋ ስቅ ኢልካ ኣይትሕለፍ። ናተይ ኣስተዋጽኦ እንታይ ክጠቅም ? ኢልካ ከኣ ህያብካ ኣይትጸየፍ።

## **ፍትወይ!!**

ንስኻ ኣብ ዘይትፈልጠሉ ዘመን ወለድኻ ብፍልጠቶም የዕብዮምኻ። ንዕኦም ፍልጠት ኣብ ዝጠፍኦም ኣብ ናይ እርጋን ዘመን ምስ በጽሑ ድማ ንስኻ ብምስትውዓል ሓዞም። እናከኣልካ ወለድኻ ከይደገፍካ ክርስትያን ኢየ ኢልካ ኣይትዛረብ። ሓቀኛ ህያብ ብመኽሰብ ዘይኮነስ ብክሳራ ምዃኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ንወድኻ ኣብ ሃገሩ ስደተኛ፡ ብቛንቋኡ ከኣ ጸማም ከይትገብሮ ናይ ሃገርካ ባህልን ቋንቋኡን ኣፍልጦ። ንሱ ዝተፈጥረ ነታ ሃገር እዩ ናብ ወጻኢ ከይዱ በዓል ጺጋ ንምኻን ኣይትምከሮ። ብዋሕ ዝተታሕዘ ብዕራይ ምስ መሰየ ናብ ገዝኡ ከም ዝጉትት ሃገር ዘሎዎ ምስ መሰየ ናብ ሃገሩ ይሓስብ። ሽምግልናኡ ግን በይናውነት ይኸውን።

## ፍትወይ!!

ስምዑኒ ኢልካ ምዝራብ ግቡእ ኢዩ። ረኣዩኒ ኢልካ መሃብን ምስራሕን ግን ነውሪ ኢዩ። ስለዚ ህያብካን ስራሕካን ስለ ሕሊና ኢልካ ስራሕ።

## ፍትወይ!!

ንበዓል ጺጋ ምንኣድ ንድኻ ግን ጽላእ ነውሪ እዩ እሞ ካብ ከምዚ ርሓቕ። ናይ ሰብ ሃብቲ ናትካ ኣይከውንን እዩ’ሞ ናይ ካልእ ድሕነት’ውን ከም ሕማም ኣይመሓላለፈካን። ንኹሉ እግዚኣብሄርን ምድርን ተሰኪሞሞ እዮም እዮም እሞ ንዓኻ እዚ ኣይኸበድካ።

## ፍትወይ!!

ጽቡቕ ቃል ካብ ህያብ ይበልጽ እዩ እሞ፡ ጽቡቕ ቃል ተዛረብ። ዝኾነ ህያብ ካብ ናይ ልመና ወንበር ኣየተስእን። ናይ ተስፋ ቃል ግን ከም ዘልዕለካ ፍለጥ ንሰባት ናይ ተስፋ ቃል ሃቦም።

## ፍትወይ!!

ምስናፍ ማለት ምውዳቅ ዘይኮነስ ወዲቅካ ምትራፍ እዩ እሞ ወዲቅካ ኣይትትረፍ። ወዲቁ ዝተርፍ ገረብ ጥራይ እዩ። ብህይወት ዘሎ ሰብ ግን እንደገና ይፍትን እዩ። ዓወት ናይ ፈተና ውጽኢት ምዃኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ፍርሒ ፍርሒ እትብለሉ ዘመን ኣሎ እሞ ፍርሒ ምስ ዝስምዓካ ኩሉ ግዜ ክፉእ ነገር ክመጻኒ እዩ ኢልካ ኣይትጨነቅ። ዘፍርሕ ዘፋራርሕ ነገር ምስ ዝህሉ ጥራይ ዘይኮነስ ንባዕሉ ፍርሓት'ውን ዘፍራሓሉ ግዜ ከም ዘሎ ተረዳእ። ምፍራሕ ዝግበኣካ ከኣ ክፉእ ገጢሙኒ ኢልካ ዘይኮነስ ንባዕሉ ፍርሓት ክትፈርሖን ከተርሕቆን ይግበኣካ። ትሸዓተ ግዜ እንተፈራሕካ እትሞቶ ሓንሳብ ጥራይ እዩ።

## ፍትወይ!!

ምንባብካ ንኽለት ዘረባ ዘይኮነስ ንሙሉእ ሰብነትካ ተጠቀመሉ፡ መጽሓፍ ምጽሓፍካ ከኣ ንዝና ዘይኮነስ ንወገናትካ ንምስትምሃር ኣውዕሎ፡ ኣኼባ መሪሕነትካን ምድላውካን ንመርኣዪ ዘይኮነስ ሓቂ ንምጭባጥ ግበሮ።

## ፍትወይ!!

ንዝጸገበ ሰብ ብምኽሪ ጥራይ ክመልሶ እየ ኢልካ ኣይትሕሰብ። ንስኻ ብዛዕባ ውድቀቱ ክትሓስብ ንሱ ግን ብዛዕባ ክርክሩ እዩ ዝሓስብ። እንተኾነ ግን ምኸሮ። ብዙሕ ግዜ ማይ ዝነጠቦ ከውሒ ምስንጣቑ ኣይተርፍን። ዝኾነ ነገር ንምፍላጥ ዘይትፈልጦ ነገር ከምዘሎ ምእማን የድልየካ። ኩሩዕ ግን ክፈልጥን ክመሃር ኣይክእልን።

## ፍትወይ!!

ትምህርቲ ንፍልጠት የዳሉ እምበር ፍልጠት ኣይውዳእን እዩ፡ ንፍልጠትካ እትሕዘሉ ስነ-ስርዓት ግን የርእየካ። ምስ ኣእምሮካ ምትዕራቅ ትምህርቲ፡ ንሰብነትካ ምግዛእ ትዕግስቲ፡ ምስዝኾነ ንምንባር ስነ-ስርዓት የድልየካ። ንሕልናኻ ዕረፍቲ ግን እምነት የድልየካ። ሰዓቢ ንምጥራይ ከኣ ግልጺ ምኽንን እሙን ምኽንን ግዲ ይብለካ።

## ፍትወይ!!

ናይ ሰብ ቁሞቱ ዝዕቀን ካብ ክሳዱ ክሳብ ርእሱ እዩ እሞ ብቁመናኻ ኣይትመካሕ። ጽቡቅ እናተኸደንካ ሕማቅ ኣይትሕሰብ።

## ፍትወይ!!

ሰብሲ ንልሳኑ ክገዝእ እንድሕር ክኢሉ ካልእ ሓጥያት ኣይከብዶን እዩ እሞ ናይ ልሳንካ ዓወት ለምን። ኣብ ኣፍ ዘለዎ ኣብ ጫፍ ጸድፊ ላዕላዩ ታሕታዩ ናብ ገደል ከም ዝበሃል ብልሳንካ ጥንቁቅ ኩን።

## ፍትወይ!!

ባዕለገ ሓደ ግዜ ይጸርፈካ። ንስኻ ግን ከምዚ ኢሉ ጸሪፉኒ ምስ ትብል ንርእስኻ ብዙሕ ግዜ ትጸርፋ ኣለኻ እሞ ናይ ባዕለገ ዘረባ ኣይትድገሞ። ባዕለገ ነገሩ ከም ዝኸበረሉ እንተፈሊጡ ክውስኸካ እዩ።

## ፍትወይ!!

እገለ ከምዚ ኢሉ ጸሪፉካ ንዝብለካ ሰብ ኣኽቢርካ ኣይትስመዓዮ እቲ ሰብ ስለዝፈርሓካ ብርሑቅ ጸሪፉካ። እዚ ግን ስለ ዝነዓቅካ ቀሪቡ ዝጸርፈካ ዘሎ እዩ።

## ፍትወይ!!

ኣብ ኩሉ ዕድመን ደረጃን በሊጽካ ምርካብ እንተሓጎሰካ ከም ናጻ ሕልና ግን ዝሐጉስ ነገር ከምዘየለ ፍለጥ። ነጻ ሕልና ናይ ንጽሁነት ፍረ እዩ።

## ፍትወይ!!

ጥዕና ምስ ገንዘብ፡ ማይ ከኣ ምስ ቀለብ ዝቆጽሮ የለን ይባሃል። ጥዕና እንተኣለካ ኣብ መዓልቲ ናይ መድሃኒት ዝኣክል ክፍሊት ከም ዘለካ ሕሰብ። ጥዕና ምስ ትስእን ሎሚ ደስ ዝብሉኻ ነገራት ኩሎም ደስ ኣይብሉኻን። ደስ ዘብለካ ጥዕና ጥራይ እዩ።

## ፍትወይ!!

ብኽረምቲ ናሕስኻ ካብ ምሕዳስ ብሓጋይ ምሕዳስ ዝሓሸ እዩ። ሽግር ድሕሪ ምምጽኡ ካብ ምጉያይ ኣቀዲምካ ዝመጻሉ መንገዲ ምዕጻው ግቡእ ምኳኑ ዘክር።

## ፍትወይ!!

በዓልጉዳይ ባዕሉ ተዘይ ነገረካ ዝኾነ ፈታትሸካ ንምስጢሩ ኣይተውጽእ ዘይትኽእሎ ፈተና ከይመጻካ፡ እቲ ሰብ ከኣ

ምጽንናዕ ተሳኢንዎ ከይኀድኣካ፡ ከምኡ’ውን ንኸይጸልኣካ ናይ ሰብ ምስጢር ምፍላጥ ኣይትድለ። ሰብ ዝተሰከሞ ንስኻ ዝተሰከምካዮ ኣካልን ስምዒትን እዩ እሞ ናይ ዝኾነ ምስጢር ንምፍላጥ ኣይትጽዓር። ከምዚ ዓይነት ድሌት እንተሃሊካ መርማሪ ፖሊስ ብምኧን ንገበን ተኸላኸል። “ሕራይ” “ቀጺሉ’ኸ” “ይገርም” “በጃኻ” እንዳበልካ ናይ ወረ ጥጦ ኣይትጡብ እዚ ናይ ሕሱራት ብዘይ ስርዓት ዝዓበዩ ሰባት ጠባይ ስለዝኾነ።

## ፍትወይ!!

እንታይ ከሕግዞ እየ ? ኢልካ ንዝተጨነቀ ሓውኻ ኀሲኻዮ ኣይትሕለፍ ዝተጨነቀ ሰብ ብዙሕ ቀለብ ኣይደልን። ቀለቡ ሰለስተ ፊደላት እየን “ኣጆኻ !”

## ፍትወይ!!

ሓዳርካ ዘይትልውጦ ምርጫ እዩ እሞ ኣቀዲምካ ኣጽናዓዮ ሰብ ተጸኒዑ ዘይውዳእ እኳ ተኾነ ሰብ ግን ፈጺሙ ስውር ኣይኮነን። ሎሚ ዘይለወጥካዮ ኣመል ኣብ ሓዳር ክልውጦ እየ ኢልካ ኣይትሕሰብ። ብክርስቶስ ምስ ዘይትኣምን ቃል ኪዳን ምስ ትምስርት ናይ ሰይጣን ኣማኒ ምኧንካ ፍለጥ። ኣማኒትካ ዋላ እኳ እንተጸላእኻያ ንደቅኻ ሒዝካ ክትፈላለ ግን ኣይከኣለካን። ከምኡ’ኸኣ ምስ ዘይኣምን ሓዳር ብሰይጣን እንዳ ተወጋእካ ምንባር ማለት እዩ። ንሓዳርካ ብዓይንኻ ጥራሕ ዘይኮነስ ብእዝንኻ’ውን ምረጾ ኩሉ ተዘይኮነ ንእትባሃሎ ስማዕ።

## ፍትወይ!!

ንምንባር ስለ ዘድልየካ ብላዕ ንምብላዕ ግን ኣይትንበር ከም ከልቢ ንናይ ከብዲ ደሞዝ ኢልካ ጭራኻ ነስነስ እንዳ በልካ

ኣይትንበር። ንገዛእ ሕልናኻ ንስኻ ተዘይ ኣኽቢርካዮ ማንም ስለ ዘየኽብረልካ።

## ፍትወይ!!

ቅድሚ ምዝራብካ ደጊኻ ይምርመር ምስ ተዛረብካ ድማ ውሽጥኻ ይምርመር። ቅድሚ ምስታይካ ብዛዕባ መስተ ብዙሕ ትዛረብ፡ ድሕሪ ምስታካ ግን መስተ ብዛዕባኻ ብዙሕ ይዛረብ። ስለዚ ሓሲብካ ተዛረብ፡ ፈጺምካ ካብ መስተ ረሓቕ።

## ፍትወይ!!

ተማሂሩ እዩ ኢልካ እትሓስቦ ሰብ ከም ዘይተማህረ ክኸውን ይኽእል እዩ። ፍልጠት ኣይልውጥን ዝልውጥ ክርስቶስ ጥራይ ምኗኑ እመን።

## ፍትወይ!!

ካብ ናይ ድሮ ጾም ጽጋብ ናይ ስቅለት ጾም ምሕዳር ይሓይሽ ይበሃል። ናይ ድሮ ጾም ጽጋብ ብድሕሪኡ ጾም እዩ፡ ናይ ስቅለት ጾም ምሕዳር ግን ቀጺሉ ጽጋብ ስለ ዝኾነ። ሎሚ ጸጊብካ ጽባሕ ካብ ምጥማይ ሎሚ ጠሚኻ ጽባሕ ምጽጋብ ይሕሸካ። ካብ ናይ ንእስነት ምቾት ናይ ሽምግልና ዕረፍቲ ይሕሸካ። ድሕሪ ብርሃን ለይቲ ካብ ምርኣይ ድሕሪ ለይቲ ብርሃን ምርኣይ ይሕሸካ። ድሕሪ ደስታ ሓዘን ካብ ምርኣይ ድሕሪ ሓዘን ደስታ ምርኣይ ይሕሸካ። ኣብ ምድሪ ከቢርካ ኣብ ሰማይ ካብ ምስዳድ ሎሚ ተገፊዕካ ኣብ ናይ ዘልኣለም መንበሪ ምሕጓስ ይሕሸካ።

## ፍትወይ!!

ዓቢ ሰብ ከይንስእን ለምን ዓቢ ሰብ ጽላል እዩ። ጽላል ንዘይፋለጡ ብቀትሪ ዝእክብ፡ ሰብን እንስሳን ኣዕዋፍን ከይተረፈ ዘዕርፍ እዩ። ዓቢ ሰብ ከኣ መራኸቢ፡ መአከቢ እዩ።

## ፍትወይ!!

ንስኻ ንሓቂ ጸሊእካ እዚ ዘመን ሓቂ ጸሊኡ ኣይትበል። ዘመን ኣነን ንስኻን ኢና። ካብ ርእሱ ሰናይ ወይ ክፉእ ዘመን የለን። ክርስትያን ድማ ኣብ ዘመን ተጻዒኑ ዝመጸ ምኳኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ!!

ንእግዚኣብሄር ፍራሕ ! ንእግዚኣብሄር ምፍራሕ ንመንፈስ ጸጥታ፡ ንዝርርብ ፍረ፡ ንስራሕ ምስኻዕ፡ ንጉባኤ ምንቅቃሕ፡ ንኣገልጉሎት ስምረት፡ ንሃገር ክብሪ፡ ንቤተ ክርስትያን ምሕፋር፡ ንህይወት ምሕላው፡ ንተግባር ከጻልነት፡ ንእምነት ሓይሊ፡ ንጸሎት መልሲ፡ ንዕለት ጣዕሚ፡ ንዘመን ፍልጠት፡ ንሓዳር መልከዕ፡ ንውላድ ዕድመ፡ ንታሪኽ ጽቡቅ ፍጻሜ፡ ንራኢ ሾቶ ይህብ እዩ እሞ ንእግዚኣብሄር ፍራህ።

## ፍትወይ!!

ብጸሎት ዝተኸፍተ መዓልቲ ብሩህ እዩ። ብወንጌል ዝተኸፍተ ህይወት ዘሐጉስ እዩ። ብእምነት ዝኾነ ናብራ ዘዐርፍ እዩ። ብፍቅሪ ዝኾነ ኣገልጉሎት ዓወት ዘልዕል እዩ። ብይቅሬታ ዝኾነ ዕርክነት ጽኑዕ እዩ። ብምትእምማን ዝኾነ ርክብ ኣዕጋቢ እዩ። ብተስፋ ዝኾነ ግዑዞ ዘየድክም እዩ።

ኣንታ ፍትወይ ንሰናይ ነገር ግዜን ጉልበት ከይሓጽረካ ንእግዚኣብሄር ለምን !

## ፍትወይ!!

ምስ ሰብ ንምንባር ተረዳዳኢ፡ ትዕግስተኛ፡ ግልጺ ሰብ፡ እሙን፡ ሰብ ዘኽብር፡ ምኧን ግቡእ ምኧኑ ተረዲእካ ነዚ ገንዘብካ ግበሮ። ምኽንያት ዘይብሉ ቂመኛ ዝገብረካ ቅንኣት እዩ እሞ ኣርሕቆ። ንሰብ ምርካብ ዘይኮነስ ንምስኣኑ ዝናፍቅ መንቀኛ ስለ ዝኾነ ገስጾ። ንኽይትመክር ዝገብረካ ሕሜታ ስለ ዝኾነ ደርብዮ። ጸላኢ ዘብዝሓልካ ትዕቢት እዩ እሞ ጽልኣዮ። ሰብ ኴንኳ ምስ ሰብ ምንባር ስኢነ ኣይትበል።

## ፍትወይ!!

ጽቡቅ ምኽሪ ካብ እግዚኣብሄር። ጽቡቅ ምኽሪ ምስ ትሰምዕ ህይወት ቀላል ትኾነልካ። ጽቡቅ ምኽሪ ዘይትሰምዕ እንተኴንካ ግን ሰብ ካብ ምኽሪ ነጻ ስለ ዘይኮነ ክፉእ ምኽሪ ምስማዕካ ዘይተርፍ እዩ። ጽቡቅ ምኽሪ ኣብ ዘለዎ ሓይሊ ኣሎ። ቅኑዕ ውሳኔ ኸኣ ካብ ጽቡቅ ምኽሪ እዩ ዝርከብ። ምኽኣል እኳ ተሳኣንኩ መኺረካ። ንኽትፍጽሞን ንኽፍጽሞን እግዚኣብሄር ይርደኣና ኣሜን !! ከይጀመርካዮ ከቢዱኒ ኣይትበል እግዚኣብሄር ንዘይትኽእሎ ስለ ዘይመኽረካ። ከምኡ ድማ ቅዱስ መንፈሱ ንቤተ ክርስትያን ሂብዋ እዩ እሞ ናይ ምፍጻም ጉልበት ስለ ዘለካ ወገነይ ተላዓል !!

# ምስዚ መጽሓፍ ዝተሓትሙ፡-

1- ትዕግስቲ እግዚኣብሄር
2- ዝልውጥ ፍቕሪ
3- ይቕሬታ
4- ናይ ናብራ መድሕን
5- መቃብር ዘይሓዞ ሓቂ
6- ተንስኡ ለጸሎት
7- ጸሎት
8-ረቡኒ
9-ወታእ ልሳን
10-ራእይ ዘለዎ ወለዶ
11-ናይ ህይወት መከክብ
12- ዘይምዕጋስ ዘምጽኦ ጣጣ
13- እግዚኣብሄር ምስ ዝበጽሓካ
14-ዘይተወድአ ቅንዕና
15- ዝጨከነ ፍቕሪ
16- ናይ ወጋሕታ ዑፍ
17-ተወሊዱልና
18-ናይ ግዜ እዚ ቃል
19-ድምጺ ፈታዊ
20-ቁሩብ የዕሩፉ

## ፍትወይ !

ብጸሎት ዝተኸፍተ መዓልቲ ብሩህ እዩ። ብወንጌል ዝተኸፍተ ህይወት ዘሐጉስ እዩ። ብእምነት ዝኾነ ናብራ ዘዐርፍ እዩ። ብፍቕሪ ዝኾነ ኣገልጉሎት ዓወት ዘለዕል እዩ። ብይቕሬታ ዝኾነ ዕርክነት ጽኑዕ እዩ። ብምትእምማን ዝኾነ ርክብ ኣዕጋቢ እዩ። ብተስፋ ዝኾነ ግዑዞ ዘየድክም እዩ። ኣንታ ፍትወይ ንሰናይ ነገር ግዜን ጉልበት ከይሓጽረካ ንእግዚኣብሄር ለምን !

## ፍትወይ !

ብጣዕሚ ብምኽባር ከይተምልኾ ብጣዕሚ ምንዓቕ ከኣ ከይተዋርዶ ሰብ ከማኻ ምዃኑ ፍለጥ።

## ፍትወይ !

ሰብ ከሐጉሰካ ምስ ትብሎ ይገፍዓካ ንእግዚኣብሄር ንምሕጋስ ምስ ትነብር ግን ኩሉ የሐጉሰካ።

